# ወግዒ ቀዳሞት

ካልኣይ ሕታም



ተኽላይ ዘወልዲ

QQB
892.836
TAK
690,457

# መ ው ጽ ኢ


| ምዕራፍ | ኣ ር እ ስ ቲ | ገጽ |
|---|---|---|
| | መእተዊ ካልኣይ ሕታም | 4 |
| | መቕድም ቀዳማይ ሕታም | 5 |
| 1 | ኣይትጥለም ኣማኒኻ ክይጠልመካ ፈጣሪኻ | 7 |
| 2 | ክፋእ ሓሳዊ ንጸድቕ የስሕት | 13 |
| 3 | ክናናን ምናናን | 21 |
| 4 | ማሕላ ጽኑዕ ፡ ሰማይ ርሑቕ | 24 |
| 5 | ሰብኣያ እተፍቅር ሰበይቲ ካብ ኣንበሳ ኣይትፈርህን | 33 |
| 6 | ወላዲ ንውላዱ ዝሓደገሎም ናይ ዓለም መነባበሪ ውርሻ | 37 |
| 7 | ዘይሓስብ ኣይንገድ | 43 |
| 8 | ሰብኣይን ሰበይትን ካብ ሓደ መሬት ይፍጠሩ | 47 |
| 9 | እምብዛ ታህዋኽ ሓሙኹሽቲ የፍሪ | 60 |
| 10 | ካብ ኵሉ ዝዓበየ ሃብቲ ዓለም | 63 |

# መእተዊ ካልኣይ ሕታም

ናይ'ዚ መጽሓፍ'ዚ ቀዳማይ ሕታም ፡ ብ1956 ዓ.ም.ፈ. ማለት ቅድሚ 36 ዓመታት ፡ ሃገርና መንግስቲ ኤርትራ እትጽወዓሉ አብ ዝነበረት ጊዜ ፌደራስዮን እትሓትመ ኢዩ ። እንተኾነ ፡ ብምኽንያት መግዛእቲ ፡ ከም'ቲ አብ ርእሰን ዝኸኣላ ሰላም ዝሰፈነን ሃገራት ዓለም ስነ - ጽሑፈንን ባህለንን ንምምዕባል ዝረኸብአ ዝነበራ ዕድል ፡ ሃገርና ክትረክብ ስለዘይከአለት እንደገና ክሕተም ከይተኻእለ ጸኒሑ ።

እወ ፡ ዝነበረ መግዛእቲ ቋንቋናን ባህልናን ምሕካኽ ሓደ ካብ ዕላማታቱ ስለዝነበረ ፡ ህዝብና ብቋንቋኡን ባህሉን ተጠቒሙ ክይም ዕብል ዘየካየዶ ረቂቕ ጐስጓሳት አይነበርን ። በዚ ዝተላዕለ ከአ ፡ ንዝነበሩ ደረስቲ ቋንቋ ትግርኛ ምድኻም ፡ ዝሰዕቡ ክአ ክይፍጠሩ ብቐጥታን ብተዘዋዋሪ መንገድን ጐስጓስ ስለዘካየደ ፡ ንቛንቋናን ባህልናን ብዙሕ አድኪሙዎ ነይሩ ኢዩ ። ቋንቋን ባህልን ሓደ ህዝቢ ግን ፡ ናይ'ቲ ህዝቢ ዘይድምሰስ ምልክት መንነት ስለዝኾኑ ፡ ነቲ ብአአን ዝፍለጥ ህዝቢ ደምሲስካ እንተዘይኮይኑ ፡ ክተህስስን እምበር ፈጺምካ ክተጥፍአን ከምዘይክአል አብ ህልዊ ዛንታ ሃገርና ብግልጺ ተራእዩ ኢዩ ።

ስለ'ዚ ፡ ህዝብና ንቛንቋናን ባህልናን ፡ አብ ጐቦታትን በዓትታትን ሳሕል ጀሚሩ ፡ አብ ናጻ መሬት ምስ ብረታዊ ቃልሱ አዛሚዱ ስለእተቓለሰሉ እንደገና ጠጢዑን ዓምቢቡን ተንሲኡ ይርከብ አሎ ። ናይ ዝሓለፉ አቦታትና ባህሊ ፡ መንነትና ካብ ዝገልጹ ውርሻታትና ስለዝኾነ ፡ እዚ መጽሓፍ'ዚ እንደገና ተሓቲሙ ክዝርጋሕ ምኽአሉ ፡ ሓደ ካብ'ቲ ሳላ ብስውአትናን ጀጋኑ ተጋደልትናን' ሓቦኛ ሓፋሽ ህዝብናን እተረኽበ ናጽነት ሃገርና ምኻኑ ፍሉጥ ኢዩ ።

አብ መወዳእታ ክገልጾ ዝደሊ ፡ እዚ ካልኣይ ሕታም ምስ ህልዊ ጊዜ ዝሰማማዕ አገባብ አጸሓሕፋ ንምውህሃድ ዝተገብረ ሓደሓደ ምምሕያሻ እንተዘይኮይኑ ፡ ትሕዝቶኡ ካብ ቀዳማይ ሕታም እተገብረሉ ለውጢ የብሉን ።

ተኸላይ ዘወልዲ

አስመራ ፡ ሓምለ 1992 ዓ.ም.ፈ.

# መቕድም ቀዳማይ ሕታም

መጽሓፍ ዝጽሕፍ ሰብ ፡ ንጽሑፉ ናብ አንበብቲ ከበርክት ከሎ ፡ ንመእተዊ ዝኸውን ቃላት ክምርሕ ልሙድ ኢዩ ።

ስለ'ዚውን ፡ ከም'ቲ ልሙድ ፡ አነ'ውን ብዛዕባ'ቲ አብ ሕቑፊ እዚ መጽሓፍ'ዚ ተጸሒፉ ዘሎ ወግዒ ቀዳሞት ገለ ቃላት ክምርሕ ምተገበአኒ ። ግናኸ ፡ እቲ ተጸሒፉ ዘሎ ዡሉ ብገዛእ ርእሱ ክረድእ ዝኽእል ኮይኑ ስለ ዝስምዓኒ ፡ ነዚ ልምዲ እዚ ግሒሰ ፡ ብዛዕባ እቲ ነዚ መጽሓፍ'ዚ ክጽሕፍ ዝደረኸኒ ምኽንያት ጥራይ ክዛረብ እደሊ ።

ሓደ ጊዜ ፡ ብአጋጣሚ ምስ ገሊኣቶም ብዕድሜኦም ዝመርሑ ሰባት ክራኸብ ከአልኩ'ሞ ፡ እዚኦቶም ከአ ብቀዳሞት አቦታት ዝውጋዕ ዝነበረ ጽውጽዋይን ያታን እናተዛረቡ ከዋግዑ ሰማዕክዎም ። እቲ በዞም ዝበልክዎም ሰባት ዝውጋዕ ዝነበረ ፡ መብዛሕትኡ ቅድሚ እዚ እዋን'ዚ ሰሚዐዮ ዘይፈልጥ ስለ ዝነበርኩ ከአ ፡ እቲ ቅዉም ነገሩን አብ ውሽጡ ዝነበረ ሞራልን ብዙሕ አተሓሳሰበኒ እሞ ፡ እዚ ናይ ቀዳሞት መንፈስን አዘራርባን ዝገልጽ ወግዒ ብመንእሰያት ሃገርና ከይተፈልጠ ከይተርፍ ብምፍራህ ብዛዕባ ዕድሉ ገለ ነገር ኪሓስብ ውሽጢ ልበይ ጐስጐሰኒ ። ስለ'ዚ እውን ፡ እቲ ናይ ሃገርና ወግዕታት ክትእርንቦን ክትዝርግሖን ዚከአል መንገዲ አብ መጽሓፍ ብዝተሕትሞ ጥራይ ከም ዝኾነ ተረድአኒ እሞ ፡ ካብ መንፈሱ ከይወጻእኩ ፡ ነቲ ዘድልን ዘየድልን ኮይኑ እተሰምዓኒ ፈልየ ፡ አመሓይሸን አስፊሐን አጋኒነን ክጽሕፎ ሓሳበይ ወሰንኩ ።

እወ ፡ እዞም አብ ዓለም ዘሎዉ ብትምህርቲ ዝበሰሉ ህዝብታት ፡ ናይ ቀዳሞት አቦታቶም ዛንታን ባህልን እናጸሓፉ ፡ አብ ልዕሊኡ ከአ ናቶም እናወሰኹ ስለ ዝተኻየዱ ፡ ኢብ'ዚ በጺሖምዎ እንርእዮ ዘሎና ክብ ዝበለ ናይ አእምሮ ብስለት በጺሖም ከም ዘሎዉ አይጥርጠርን ። ከመይሲ ፡ ናይ ሓደ ሕዝቢ ህንጻ አእምሮ ሓንሳእ ብዝተሰረተ ፡ በቶም ዚካታተሉ ወለዶ ፡ አብ ልዕሊኡ በብጊዜኡ ናይ ፍልጠት እምኒ እናተወሰኸ ክኸይድ ከሎ እንተዘይኮይኑ ብኻልእ መንገዲ ጸኒዑ ክስራሕ አይክእልን ኢዩ ። ነዚ መጽሓፍ'ዚ ከም ዓቕመይ ዝጸሓፍኩ ከአ ፡ በዚ ስምዒት'ዚ ተደሪኸ ኢየ ። ብዝተረፈስ ፡ ኰላትና ክከም ክእለትና ናብ ጨርሒ ፍልጠት አእምንና እንተዘይደርቢና ከመይ ገይርና ናይ ህዝብና ሕንጻ አእምሮ ክንሰርሕ ንኽእል ?

ዝኾነ ኾይኑ ፡ አብ ቀንዲ ነገረይ ክምለስ፡ ዓበይትን መንእሰያትን ሃገርና ፡ ናይ ቀዳሞት አተሓሳስባን መንፈስን ከመይ ከም ዝነበረ ምኽንቲ ክዝክሩን ክ[illegible]ጡን ጥራይ ዘይኮነስ ውርሻ አእምሮኦም ምእ

ንቲ ከሳግር እውን ኢሉ ዝጸሓፍክዎ ኢየ'ሞ፡ አንበብቲ ኪጥቀሙሉ ተስፋ እገብር።

እቶም ካብ'ቲ አብ'ዚ መጽሓፍ'ዚ ተዘንትዩ ዘሎ ጽውጽዋይ ቅድሚ ሎሚ ዝፈልጡ አንበብቲ፡ ገለ ምምሕያሽ ገይረሉ ከም ዘሎኹ ከይተገልጸሎም አይክተርፍን ኢዩ'ሞ፡ እዚ ገይረዮ ዘሎኹ ምምሕያሽ ከአ፡ ስለ ንገሊኡ ሓሳባት ምስ ዘሎናዮ ዘመን ከወሃህድ ኢለ ኢየ እምበር፡ ከም'ቲ ቅድም ዝበልክዎ፡ ካብ መንፈስ እቲ ተዘንቲዩ ዘሎ ከም ዘይለቐቕኩ ከተሓሳስብ እደሊ።

ባሻይ ወልደጋብር ወልደሚካኤል እተባህሉ በዓል ዓዲ ባሮ፡ ንመብዝሕትኡ ካብ'ዚ አመሓይሽን አስፊሔን አጋኒነን ጽሒፈዮ ዘሎኹ ጽውጽዋያት ስለ ዘዋግዑኒ፡ ከምኡ ከአ አቶ በርሀ አርአያ ነቲ አብኡ ዘሎ ስእልታት ስለ ዝሰአሉለይ ንክልቲአቶም ከመስግኖም ግቡአይ ኮይኑ ይስምዓኒ።

ተኽላይ ዘወልዲ

አስመራ፡ መጋቢት 1949 ዓ·ም ( 1956 ዓ.ም.ፈ.)

# ምዕራፍ 1

## አይትጥለም አማኒኻ፡ ከይጠልመካ ፈጣሪኻ

ሓደ ጊዜ፡ አብ ሓንቲ ዓዲ፡ ሀርኩትን ሃብቱን እተባህሉ ክልተ ፍቑራት ሃብታማት ሰባት ይነብሩ ነበሩ። ሀርኩት ብሃፈ-ጸዕሩ ሃብቲ ዝደለበ ነበረ። ሃብቱ ግን ካብ ወለዱ ሃብቲ ዝወረሰ ነበረ።

ክልቲአቶም ፈተውቲ ስራሕ ስለ ዝነበሩ፡ አዚዩ ድልዱል ዕርክነት ኬጽንዑ ከአሉ። ካብ ብርቱዕ ፍቕሪ እተላዕለ'ኳ፡ ክልቲአቶም ንዕርክነቶም ብመውስቦ ከደልድልዎ ስለ ዝደለዩ፡ ሀርኩት ንወዱ ንጓል ሃብቱ አሕጸዩ።

ብድሕሪ ንዓዲ ብዙሕ ዘዛረበ ሕጸ፡ ክልቲአቶም ሕጹያት ጐረባብቲ ስለ ዝነበሩ ፍቕሮም እናወሰኸ ዓበዩ። አብ'ዚ ጊዜ'ዚ፡ ብሓንሳእ ኮይኖም፡ ሓንሳእ አብ መሮር፡ ሓንሳእ አብ ዓዲ እናተዘዋወሩ ይዓብዩ ስለ ዝነበሩ፡ ደቂ ዓዶም በቲ ናይ ክልተ ፍቑራት አሕዋት ዚመስል ፍቕሮም እናነአዱ ብቕንኢ ይዕዘቡዎም ነበሩ። ወለዶም'ውን እቲ ፍቕሮም አብ ደቆም ተሓላሊፉ ብዓይኖም ብምርአይ ብዙሕ ይሕጐሱ ነበሩ።

« ዚርካ ዚርካ አብ ቤት፡ ኔርካ ኔርካ አብ መሬት » ከም ዚበሃል ግን፡ ሽሕ'ኳ እንተሃብተምካን እንተ ተፋቐርካን ካብ ሞት ክተምልጥ ዘይከአል ኢዩ'ሞ፡ መዓልቲ መርዓን አበባን እናተጸበዩ ከሎዉ፡ አብ መንጎኡ ሀርኩት ከይሓመመ ሞተ። እንዳሕሙን ምሉእ ዓድን ንሕ ያውነትን ትግሃትን መዋቲ እናዘከሩ ብዙሕ አልቀሱን ሓዘኑን። ግናኸ፡ ንዘልአለም አብ ሓዘን ዘይንበር ስለ ዝኾነ፡ ስድራ-ቤት አይተ ሀርኩት ሓዘኖም ብዝወድኡ፡ ንመዋቲ ዓሱሩን ተዝካሩን ገይሮም ብዘብቅዑ፡ በብቕሩብ አብ ናብራ ቀደሞም ተመልሱ።

አይተ ሀርኩት ኪዓርፍ ከሎ፡ ወራሲ እተባህለ ወዲ 12 ዓመት ገደፈ። ስለ'ዚ'ውን፡ እቲ ቈልዓ ጊና ትምህርቱ ይኽጽል ነበረ። አይተ ሀርኩት ከይተናዘዘ ኢዩ ዘሞተ'ሞ፡ ብድሕሪ ሞቱ ብዙሓት ጥረ ገንዘብ ኮነ ካልእ ጥሪት ዝእውዶም ዝነበሩ ሰባት ጠለሙ።

ሓያሎ ቅድሚ'ዚ ጊዜ'ዚ ተዛሪቦም ወይስ አተንቢሆም ዘይፈልጡ ሰባት እውን አብ በዓልቲ ቤቱ እናቐረቡ ንበዓል ቤትኪ ክንድ'ዚ ዚአክል ገንዘብን እዝን ከምዝን ዝአመሰለ ጥሪትን ሂብናዮ ከሎና፡ ከይተናዘዘ ካብ ዚመውት ምሒልና ዝግብአና ክንወስድ እናበሉ ክግዝዙዋን አብ ዳኛ ከቕርብዋን ተላዕሉ።

ንሳ ግን ዓልንስተይቲ ብምዃና፡ ነዚ ኩሉ ጸገም ምውጻእ ሰለኣነቶ። በዚ ዚኣክል እኳቡ ዝነበራ ገንዘብ ንጠበቓታትን ንዳኛታትን እናኸፈለት ኣጥፍኣቶ። ብሰንኩ ዚኣክል ከኣ፡ እቲ ኣሚና ዝንደፈላ ጥሪትን ገንዘብን ወድኣቶ'ሞ፡ ኣብ ሕሱም ጭንቂ ወደቐት።

ስድራ ሀርኩት፡ ኣብ ጭንቂ ወዲቖም ብዝተራእዩ፡ ገለ ሰብ ጸጋ ካብ ደቅ ዓዶም፡ ንጭንቆምን ናብራኦምን ምኽንያት እናገበሩ፡ ንሃብቱ ጓሉ ኣፍቲሑ ክህቦም ከሰሓሕቱዎ ጀመሩ። ግናኸ፡ ሃብቱ ናይ ቀደም ዕርክነቱ እናሓሰበ ንልማኖኦም ይነጽጎ ነበረ። ኣብ መጠረሽታ ግን፡ ደለይቲ ጓልን ኣማጸእትን ስለ ዝበዝሑዎን ዘጨነቑዎን ሓደ ክልተ ካብ ስድራ ቤቱ ከኣ ኣፍቲሑ ንሓደ ከምኡ በዓል እንጌራ ኪህባ ከም ዚሕሾ ኣምሲሎም ስለ ዘረድኡዎ ብዘይ ፍታዉ ንጓሉ ኣፍቲሑ ንወዲ ሓደ ከምኡ ውሩይ ሃብታም ኣሕጸያ።

ኣብ'ዚ ሕጸዚ'ውን፡ ከምቲ ቀዳማይ መስተንክር ዝኾነ ኣገባብ ተገብረ። ኣብኡ ዝወዓለ ሽማይን እተዋህበ መምለስ እግርን ክሳዕ ክንድቲ መስተንክር ነበረ፡ ከምኡ'ውን ኣብታ ዓድን ጐደቦኣን ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ስለ ዝነበረ፡ ደቂ-ዓዲ ኣብ ሕጸ ከምዚ ዝበለ ኣገባብ እተፈጸመ ደኣ ኣብ መርዓ እንታይ ኮን ክርኤ ይኾውን እናበሉ፡ ክሳዕ ዕለተ-መርዓ መዛረቢ ገበርዎ።

እንተኾነ፡ ካብታ ሃብቱ ንጓሉ ካብ ወዲ ዘፍቅሮ ዓርኩ ኣፍቲሑ ንካልእ ዘሕጸየላ መዓልቲ፡ እቶቱን ጥሪቱን እናወሓደ ከደ እሞ፡ ከምዚ ዝበለ ተኣምራት ብምርኣዩ ከኣ፡ ብዝፈጸሞ ስሕተትን ጥልመትን የስቈርቍር ነበረ። ልቡ'ውን ወትሩ፡ «ኣይትጥለም ኣማኒኻ፡ ከይጠልመካ ፈጣሪኻ» ብዚብል ቃላት ይህወኽ ነበረ። ነገር ግን፡ ክልተ ቃል ከይዛረብ ብዝብል ሕልና ተደሪኹ፡ ብልዒት ኣዚዙ መርዓ ተቓአረ'ሞ፡ ከም ቈጸራኡ ከኣ ሽሻይ ኣዳሊዩ ንእንግዳ ሓሙኡ ተቐበለ።

እዚ ኪኸውን ከሎ፡ እሙን ዝሽሙ ዓርኪ ወራሲ፡ እታ ሕጽይቲ ዓርኩ ዝነበረት ከም እትምርዖ በጋጣሚ ሰምዐ'ሞ፡ ኣብቲ ዓርኩ ዝመሃረሉ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ ከይዱ ኩሉ እቲ ዝሰምዖ ነገራት ንዘፍቅሮ ዓርኩ ኣዘንተወሉ። ወራሲ፡ እዚ ኩሉ ብምስማዕ ብዙሕ ሓዘነ፡ እናስቈርቈረ ከኣ፡ «እህ...! እህህ...! እህህህ...!» ኪብል ጀመረ። «ጓሂ ብጫይካ ሲሶ ንዓኻ» ከም ዝበሃል፡ እቲ ዓርኩ'ውን ኣብ ጓሂኡ ምስኡ ተወሰኸ።

ከምዚ ኢሎም ተኹርሚዮም እናስቈርቈሩ ከሎዉ ግን፡ እቲ ዓርኩ፡ እታ ሕጽይቱ ዝነበረትስ፡ ወለዳ ደኣ ገዲዶምዋ'ምበር ኣእም



ሮኣን ቀልባን ሲ፡ ገና ምስኡ ከም ዝኾነ፡ ስለዚ'ውን ብናቱ ርእይቶ ሓዳር ክትገብር ከም ዘይትኽእል ኣምሲሉ ተዛረበ። ንሱ፡ ነዚ ብምስማዕ፡ እቲ ብጊዜ ንእስነቱ ብሕውነትን ብፍቕርን ምስኣ ዘሕለፎ ዝነበረ ጊዜ፡ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቱ ከም ኣሳእል እናተራእዮ ኪሓልፍ ጀመረ። በቲ ጊዜ እቲ፡ ሞት እንተዘይኮይኑ ካልእ ኪፈልየና ኣይክእልን ኢዩ፡ ተባሃሂሎምን ተመሓሒሎምን ስለ ዝነበሩ ከኣ ነዚ ብምሕሳብ ጊዜ ከይሓለፈ፡ ምድሪ ከይጸልመተ፡ ሓደ ነገር ምምሃዝ ከም ዜድሊ ውሽጢ ልቡ ሃወኾ።

«በል...! ፍቁር ዓርከይ ...! ብዝነገርካኒ ኩሉ ኤመስግነካ። ሀድኣት ሓውተይ ተገዲዳ'ምበር ፈትያ ካባይ ክትፍለ ድላይ ከም ዘይነበራን ገና'ውን ከም ዘይብላን እፈልጥ ኢየ...። ስለ'ዚ ነብዑር ደኣ ኣብ ኣርዑት ስሒብካ ትቑርኖም እምበር፡ ንሰብ ከምኡ ኪግበር እዝጊ ዚፈትዎ፡ ሰብ እውን ዚሕጉሰሉ ኣይኮነን። ዝኾነ ኾይኑ፡ ካልእ እንተተረፈ'ኳ ኣብቲ መርዓኣ ክንካፈል ንበገስ...» ቢሉ ኬሰንዮ ለመኖ።

ብድሕሪ'ዚ ኣፍራሰም ጽዒኖም፡ ጸሓይ ወገግ ክትብል ከላ ተበገሱ። ቀትሪ ብጸሓይ፡ ለይቲ ብወርሒ ክኸዱ ብዝወዓሉን ብዝሓደሩን ከኣ፡ ወጋሕታ ዓዲ ኣተዉ። ኣብ ዓዲ ብዝኣተዉ፡ ነቶም ኣፍራስ ኣብ ገዛ እንዳ ኣይተ ሀርኩት ኣእተዮም፡ ብድሕሪ ቁሩብ ዕረፍቲ ኣብቲ ዳስ ከመይ ገይሮም ከም ዚኣትዉን ክዝትዩን ክማኸሩን ከሎዉ፡ ኣብ መንጎ ዘተኦም እትሰምዕ ዝነበረት ኣገልጋሊት፡ ጓል ኣይተ ሃብቱስ ሽሻይ ምስ ተኸስከሰ፡ ዕዱማትን ወራድ መርዓን ምስ ተቐረቡ፡ ኣይምርያን ኢየ ኢላ ትሕሰም ኣላ ያኢ ተባሂሉ ይዕለል ኣሎ ኢላ ኣፍለጠቶም። እቲ ዘረባኣ ከም ሓቂ ኮይኑ ስለ ዝተረድኦም ውራሲ ገጹ ኪበርህ ጀመረ፡ ነንሓድሕዶም እውን፡ እዚ ካብ ኮነ ዚጠፍእ ጊዜ የብልናን እሞ፡ ንህድኣት ከመይ ጌርና ከም እንድሕና ንጣበብ ኢሎም ነንሓድሕዶም ተማኸሩ።

ብድሕሪ ቁሩብ ምሕሳብ፡ እሙን ነዚ ዚስዕብ ሓሳባት ሃበ፡ ማለት፡ ኣብ ዳስ እትዩ እሰላፌ ኪኸውን'ሞ ንወራድ መርዓን ዕዱማትን ኪምገቡ ከሎዉ እናዞሩ ኣብ እእዛኖም ከኣ እናቐረበ፡ ኣብ ዓዲ ድንገት ከም እተረኸበ ኣምሲሉ ሕሽኹሽኹ ኪብሎም'ሞ፡ እቲ ዓርኩ ከኣ ኣብ መንጽር ዳስ ኮይኑ እውያት ኪገብር፡ ኩላቶም ብሰንባደ ጭልጥ ኢሎም ብዝወጹ ድማ፡ ንታ መርዓት ወሲዱ ሽርብ ክብል ከም ዝኾነ ገለጸሉ። ወራሲ፡ ነቲ ሓሳብ ዓይኑ ከይሓሰየ ሓንጐፋይ ኢሉ ተቐበሎ።

እሙን ከም ስምምዑ ኣብ ዳስ ኣትዩ ከሰልፍ ክሕግዞም ከም ዝመጸ ንእንዳ ጓል ኣፍለጠ'ሞ፡ ንሓገዙ ብታሕጓስ ስለ ዝተቐበሉዎ ከኣ፡ ሜስ ኪዕድል ጀመረ።

ምስላፍ ብዝጀመረ፡ ከም ስምምዑ ኣብ ጥቓ እዝኒ ዕዱማት እናቐረበ፡ «ቀልጢፍኩም ደኣ ስተዩን ብልዑን። ኣሓ ዓዲ ብበረኻን ብዓድን ተዘሚተን ይበሃል ኣሎ...!» እናበለ ኣሰናበዶም። ብፍርሃት እናተመገቡን እናሰተዩን ከሎዉ ከኣ፡ ጓል ብዕልልታ ተሰንያ ኣብ ዳስ ኣተወት።

ኣብ'ዚ ጊዜ'ዚ፡ እታ መርዓት ብዓርኪ ርእሲ ተሰንያ ጥቓ ሰብኣያ ኮፍ በለት። ብድሕሪኡ መኣዲ ብዝተላዕለ ኪጋዘሙ ጀመሩ'ሞ ብዝወድኡ ብዙሕ ከይደንጐዩ መቓልሕ ዚመልስ ኣውያት ሰምዑ። ንመጀመርያ ጊዜ፡ እቶም ወረድቲ መርዓን ዕዱማትን መንኮን ሞይቱ ይኸውን መንግስተ ሰማያት የዋርሶ እናበሉ ብዘይ ብዙሕ ምግዳስ ዕላሎም ቀጸሉ። እንተኾነ፡ እቲ ኣውያት ብዝበርትዐን ላዕልን ታሕትን ዚጐዩ ሰባት እውን ብዝተወሰኹዎ፡ ገለ ነገር ኣብ ዓዲ ከም እተረኽበ ክጠራጠሩ ጀመሩ'ሞ፡ እንታይ ከም ዝተረኽበ ዚጥይቕ ሓደ ሰብ ንደገ ለኣኹ። ንሱ ብዝተመልሰ ከኣ "ኣሓ ዓዲ ብበረኻን ብዓድን ተዘሚተን ይበሃል ኣሎ...!» ቢሉ ነገሮም። ኵሎም ኣብኡ ዝነበሩ ወረድቲ መርዓን ዕዱማትን መርዓውን ከይተረፈ "ብኽፍካዶ ትዝመት» እናበሉ፡ ጠበንጃን ሴፍን ጕራደን ጭማራን ዂናትን ዋልታን ሒዞም ኪረድኡን ከምልሱን ብቕጽበት ጭልጥ በሉ።

ንሳቶም ብዝኸዱ፡ እሙን ነታ መርዓት ወሲዱ ንወራሲ ኣበር ከታ። ህድኣት ነዚ ተኣምራት ዝኾነ ተግባራ ብምርኣያ ብታሕጓስ ልባ ተፈንጭሔ እሞ ከይመጹና ቀልጢፍና ንኺድ እናተበሃሃሉ ድማ ደቂቕ ከየሕለፉ ኣርሒቖም ከዱ።


እቶም ረዳት ዝኸዱ እንዳ ወድን እንዳ ጓልን፡ ዕዱማት ዂላቶ ምን እምባን ቍልቍለትን ስጊሮም ኣብ ሕዛእቲ ዓዲ ብዝበጽሑ፡ እተን ማል ብህድኣትን ብዘይ ህውከትን ኣስተርሒየን ሳዕሪ ኪበልዓን ማይ ኪሰትያን ብዝጸንሓኦም እናተገረሙ፡ ነንሓድሕዶም ከኣ ጽሉል ዘዕለሎ ኢዩ ዝኸውን እናተበሃሃሉ ኣብ ዳስ ተመልሱ።

ድሕሪ ምምላሶም እንዳ ወዲ፡ ክንከይድሲ ጓልና ሃቡና ኢሎም ሓተቱ። እንዳ ጓል ግን፡ በዚ እናተገረሙ፡ ጓል ደኣ ቅድምዶ ኣይ ሃብናኩምን...!» ኢሎም መለሱሎም።

ንሳቶም ግን፡ "ሓቂዩ! ቅድም ወጺኣ ነይራ፡ ግዳ ዂልና ረዳት ክንከይድ ከሎና ኣብዚ'ዶ ኣይገደፍናያን፧" ኢሎም መለሱ'ሞ፡



እምብኣር መርዓት ጠፊኣ ኢሎም ድማ እንደገና ንኣኣ ኪደልዩ ነቐሉ።



ወራስን ህድኣትን ኣብ ፈረስ ተጐራቢቶም ኪሃድሙ ከሎዉ

ብድሕር'ዚ ዂላቶም ብዝኸዱ፡ እሙን ነቲ ገዝሚ ዝመልኤ ጥፍሒ ተሰኪሙ ንዓርኩ ሰዓቦ። ወራስን ህድኣትን፡ ኣብ ሓደ ፈረስ ተጐራቢቶም፡ እሙን ከኣ ኣብ ፈረሱ ተወጢሑ፡ ክሳዕ ካብ ዓዲ ዚርሕቁ፡ ኣበርቲዖም እናጋለቡ ሃደሙ፡ ዚሰዕቦም ሰብ ከም ዘይነበረ ብዘረጋገጹ ግን፡ እናተጓጀሙ መንገዶም ብህድኣት ቀጸሉ።

ዂላቶም እቶም ጓል ክደልዩ ከይዶም ዝነበሩ፡ ምድሪ ክዓርብ ከሎ ገጾም ጨማዲዶም ብዘይ ገለ ፍረ ኣብ ዓዶም ተመልሱ። ከምቲ «ንበዓል ነጐዳ ብሓዊ ተዂሶ» ዚብሃል ከኣ፡ ኣብ ዳስ ብዝኣተዉ እቲ ገዝሚ ዝሓዘ ጥፍሒ ጠፊኡ ጸንሖም'ሞ፡ እንታይ ዝመሰለ ነገርዉ ረኽበና እናተበሃሃሉ ቀጺሎም ንጓል ክናድዩን ንእተረኽበ ጥፍኣት ንመንግስቲ ኪነግሩን ተሰማሚዖም ተፈላለዩ።

ወራሲ፡ ኣብ ጽኑዕ ቦታ ብዝበጽሐ፡ ንህድኣት ከም ዝዘረፋ ዝነግሩን ኪምርቑሉ ከኣ ዚልምኑን ሽማግሌታት መልእኽቲ ጽሒፉን ኣማሊኡን ናብ ኣይቶ ሃብቱ ለኣኾም። እታ መልእኽቲ ድማ፡ «ጓልኩም ኣፍቲየ ወሲደያ ዘሎኹ ኣነ ኢየ። ንሳ፡ ምሳይ ጽቡቕ

ኣላ ። ምኽንያት መውሰድየይ ድማ፡ ካብ ጊዜ ንእስነትና ጀሚርና ክልተና ብልብና ንፉቐር ኣብ ልዕሊ ምኳና፡ ኣቦይን ንስኹምን ብኪዳን ዝገበርኩሙዎ መውስቦ እውን ነይሩ ኢዩ ። ብድኽነት ዝኣ ክል ክትጠልሙኒ ደሊኹም እንተበነርኩም'ኳ፡ እቲ ካብ ዝኾነ ይኹን ሃብቲ ዝበለጸ ፍቕሪ ብፍቓድ ኣምላኽ ስለ እተዓወተ፡ ከየራኸብኩን ክይቀረብኩን ምሳይ ሒዘያ ኣሎኹ'ሞ፡ ክትምርቑለይ እልምን ኣሎኹ...” ትብል ነበረት ።

ኣይተ ሃብቱ፡ በቲ ዝገበሮ ጥልመት እናተጣዕሰ፡ እቲ እተራእየ ዙሉ ነገር እውን ናይ እግዚኣብሔር ተኣምራት ከም ዝኾነ እናሓሰበ፡ ብዝገበሮ ዓመጽ ምሒሩ መረቓሉ ። ድሕሪ ቍሩብ ጊዜ ከኣ፡ ወራስን ህድኣትን ኪምረቑ ብዓጀብ እንዳ ሓሙኣም ኣተዉ'ሞ፡ ኣብ ቤተ ክርስትያን ቃል ኪዳን ብዝኣሰሩ ከኣ ኣብ ዓዲ ደስታን እልልታን ተገልጸ ይበሃል ።

# ምዕራፍ 2

## ክፉእ ሓሳዊ ንጸድቕ የስሕት

ክልተ ሰባት፡ ሓዲኦም ዘዕደዮ ጓሳ፡ ሓዲኦም ከኣ በቕሊ ዝነበሮም ነበሩ ። እቲ ጓሳ ኣዝዩ ሓሳዊ ነበረ ። እታ በቕሊ ከኣ ጽብቕትን ዕግርግረኛን ነበረት ። ስለ'ዚ፡ እቲ ዋንኣ ብምዕግርጋራ ኣንጸርጺሩ ብዘይመዓልቱ ከይትቐትሎ ፈሪሁ ምሻጣ ይሕሸኒ ኢሉ፡ ንዕዳጋ ከውርዳ ተበገሰ ። እቲ ዋና ጓሳ ከኣ፡ ምእዙዝን ዓያይን ቅልጡፍን ክነሱ'ኳ፡ ሓሲዩ ምስ ሰብ ካብ ዘባእሰንስ፡ ገለ ኣዕሲቡ ገንዘበይ ዝመልሰለይ ሰብ እንተረኺብኩሉ ቢሉ ንከተማ ሒዙዎ ከደ ።

ክልቲኦም፡ እቲ ንጓስኡ ሒዙ፡ እቲ ሓደ ከኣ ንዕግርግረኛ በቕሉ ሒዙ፡ ክካብዓዶም ተበጊሶም ንከተማ ኪወርዱ ከሎዉ፡ በጋጣሚ ኣብ ቀራና መንገዲ ተራኸቡ'ሞ፡ ወግዒ ኣልዓሉ ። ኣብ መንጎ'ዚ ድማ፡ እቲ ዋና ጓሳ፡ ኬስዕብ ንከተማ ይወርድ ከም ዘሎ ኣፍለጠ ። እቲ በዓል በቕሊ ከኣ፡ ንበቕሉ ንዕዳጋ ኪሸጣ የውርዳ ከም ዘሎ ነገሮ ።

ሽው እቲ ዋና በቕሊ፡ “እንታይ ገይሩካ ኢኻ ንኸምዚ ዝበለ ጕበዝን ድልዱልን ጓሳ ንካልእ እተዕስቦ?” ኢሉ ሓተቶ ።

ንሱ ከኣ፡ “ንጕረባብቲ ዘጻልእ፡ ምስ ፈታዊ ዘባእስ፡ ነሕዋት ዚፈላልን ዚዋድእን ስለ ዝኾነስ፡ ንእኡ ኣዕሲበ ብሰላም ምንባር ከም ዝሕሸኒ ተረዲኡኒ ኢየ...” በሎ ።

እቲ ዋና በቕሊ ግን ተቐቢሉ፡ “በል! ሓሶት ዘይትመዝን ደኣ ኲንካ'ምበር፡ ስለምንታይ ትሰምዮ? ወይ ከኣ ሰሚዕካ ከም ዘይሰማዕካ ዘይትገድፎ” ኢሉ መለሸሉ ።

ንሱ ግን፡ “እታ ጭንቀይ ባዕለይ ኢየ ዝፈልጣ፡ ወይ ዘይ ወረዶ! ካብ ሓሳዊ የድሕነና ደኣ ይበሃል'ምበር፡ ሓሶቱ ዘይትመዝኖ ይበሃል? ምኽንያት እንተዘይሀልወንስ፡ ንከምዚ ዝበለ ድልዱል ኣገልጋሊ ንካልእ ኬዕስቦ ኣይምሓሰብኩን ። ነገር ግን፡ ናተይሲ ግደፎ፡ ኤረ ንስኻኸ፡ ብምንታይ ምኽንያት ኢኻ፡ ንኸምዚኣ ዝበለት መልክዐኛን ሰጋርን በቕሊ ክትሸጣ እትደሊ ዘሎኻ...?” ኢሉ ብወገኑ ሓተቶ ።

እቲ ዋና በቕሊ ድማ፡ “ጽቡቕ ክትክይድ ትጸንሕ'ሞ፡ ኣብ መንጎ መንገዲ ዕግርግር ዘብል ክፉእ ጠባይ ስለ ዘለዋስ፡ ብዝንጉዐይ

ተወጢሖያ ከሎኹ፡ ኣውዲቓ ኣካላተይ ከይተጕድለኒ፡ ደሓን ኣሎኹ እናበልኩ ከኣ ናብ ገደል ከይትድርብየኒ ፈሪሐን ተጠራጢረን ኢየ ክሸጣ ንዕዲጋ ዘውርዳ ዘሎኹ ...” ኢሉ መልሲ ሃበ።

እቲ ጐይታ ጓሳ ግን፡ “እዝስ ኣይዘረባን’ዩ ... ፈራሕ ደኣ ኰንካ’ምበር ቀጥ ኣቢልካ ልጓም ሒዝካ ዘይትውጣሓ። ወይ ጉድ ... ከማኻ ዝመስል ጒበዝሲ፡ ካብ በቕሊ ፈሪሑ ኪሸጣ... እዝስ ሓሳብ ኣይኮነን፡ ለውጠ ደኣ!” ኢሉ መለሰሉ።

“ወዮ በዓል በቕሊ፡ “ወይ ዘይወረደ! እሞ ክሳዕ ክንድዚ ንጭንቅና ነፋኹሶ ካብ ኮንና ዘይንለዋወጥ ደኣ ...!” በሎ።

ነዚ ወፈያ ለውጢ ብዝሰምዐ፡ እቲ ዋና ሓሳዊ ጓሳ፡ ዓይኑ ከይሓሰየ ብታሕጓስ ሕራይ በሎ’ሞ፡ እቲ ሓደ ዕግርግረኛ በቕሉ፡ እቲ ድማ ሓሳዊ ጓሳኡ ሒዞም ክልቲኦቶም ብዝገበሩዎ ለውጢ እና ተሓጒሶ፡ ብልቦም’ውን ተበሊጸሉ እናተበሃሃሉ ተመሳጊኖምን ተሰናቢቶምን በብጽሒቶም ሒዞም ነንዓዶም ክምለሱ ኣቕንዑ። እቲ በቕሊ ዝበጽሖቶ ንዓዱ እናኸደ ከሎ፡ ኪፍትና ቢሉ ተወጥሐ’ሞ፡ ኣብ ጽብብ ዝበለ ስፍራ ብዝበጽሐት፡ እቲ ኣመላ ብቕጽበት ስለ ዝተዘከራ ዕግርግር ኢላ ነፊጻ ኣብ ገደል ኣእትያ ቀተለቶ።

እዚ ክኸውን ከሎ እቲ መላውጡ፡ ጓሳኡ ኣኸቲሉ ብሰላም ንዓዱ አተወ። ኣብ ገዝኡ ኣትዩ ብዘዕረፈ፡ ንበዓልቲ ቤቱ ጸዊዑ፡ “ በሊ፡ ለውጢ እታ ዕግርግረኛ በቕልና፡ ነዚ ኣገልጋሊ እዚ ኣምጺኤ ኣሎኹ’ሞ፡ ከም እትርእይዮ፡ ድልዱልን ጥዑይን ጒበዝ ስለዝኾነ ኣጸቢቑ ከገልግለና ዚኽእል’ዩ እንተኾነ፡ ሓንቲ መንቀብ ብዛዕብኡ ከጠንቅቐኪ ዝደሊ፡ እቲ ቀድም ዝነበረ ጐይታኡ፡ ሰማይን ምድርን ዘጣብቕ ሓሶት ኣሎዎ’ሞ፡ ተጠንቀቐሉ ኢሉኒ ኢዩ። ስለ’ዚ ንጐረ ባብቲ፡ ንቤተ - ሰብ፡ ነዝማድ፡ ንፈተውቲ፡ ኮታ ዅሎም ኣብ ዓድና ንዘለና ንጐደቦናን ንዚርከቡ፡ ዘረባኡ ከይሰምዕዎ’ሞ፡ ኣብ ዘይጽልእናን ጽብእናን ከይንኣቱ፡ ነጠንቅቖም። ብሕልፊ ክላበወኪ ዝደሊ ድማ ንስኺ ከይትሰምዕዮ ኢየ...” እናበለ ኣምሪሩ ተላበዋ።

ድሕር’ዚ ዅሉ ምምዕዳድ፡ እቲ ጓሳ ንቀሩብ ጊዜ ብደሓን ብዝተኻየደ፡ ከምቲ “ ኣመል ምስ መግነዝ ” ዚበሃል፡ ሕማቕ ኣመሉ ኪገድፎ ኣይከኣለን’ሞ፡ ብዙሕ ከይደንጐየ፡ ከምታ ኣመሉ፡ ንግሆን ምሸትን ንጐይታኡን እመቤቱን ዝፈላልን ዘባእስን ሓሶት ክኣልም ጀመረ።

ሰብኣይን ሰበይትን ግን፡ ተመዓዒዶም ስለ ዝነበሩ፡ ንጊዜኡ



በቲ ሓደ እዝኖም ሰሚዖም፡ በቲ ካልእ እናፈነዉ፡ ብስራሑ ጥራይ እናተገደሱ፡ ከየቕለበሉ ተኻየዱ።

ከምዚ ኢሎም ኪነብሩ ኪነብሩ፡ ሓደ መዓልቲ እቲ ሓሶቱ ክሰምረሉ ከኣለ። እዚ ከኣ፡ ጐይታኡን እመቤቱን ሓደ ምሸት ቤተ ሰቦምን ፈተውቶምን ንድራር ዓዲሞም ብዘምሰዩ ደንጐዮም ደቀሱ’ሞ፡ እቲ ሓሳዊ ጓሳ ድማ ከውታ ለይቲ ብዝኾነ ተንሲኡ ኣብ እግሪ ዓራቶም ማይ ኣፍሰሰሎም።

እቶም ክልተ ሰብ ሓዳር ቍሩብ መስተ ኣብዚሖም ስለ ዝነበሩ፡ ቅድም እቲ ሰብኣይ ክሽይን ተንስኤ’ሞ፡ እግሩ ኣብ ባይታ ብዘውረደ ከኣ ኣብ ጨፈቃ እግሩ ተተኸለ። ብልቡ ከኣ፡ “ እዛ ሰበይቲ እንታይ ኮይና እያ፡ ሰብነታ ክንድ’ዚ ዝጠልማ ደገ እኳ ኣይትወጽእን..?” እናበለ ደገ ወጺኡ ገዝኡ ተመልሰ፡ እግሩ ደሪዙ ከኣ ድቃሱ ቀጸለ።

ድሕሪኡ ከኣ ንሳ እንደገና ተንስኣት። እቲ ሓሳዊ ጓሳ ከኣ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ እቲ ቅድም ዘፍሰሶ ማይ ነቒጹ ስለ ዝነበረ፡ እንደገና ወሲኹሉ ነበረ’ሞ፡ ተበራቢራ ክትንስእ እግራ ኣብ ባይታ ብዘውረደት ኣብ ታኼላ ኣተወት።

ከምዚ ዝመሰለ ነገር ብምጕናፍ፡ “ እዱም ሰብኣይ እንታይ ወሪድዎም እዮም ክሳዕ ክንድ’ዚ ሃለዋቶም ዝጠፍአ ዝሰኸሩ። ደሓር ከኣ፡ ንሕና እኳ ደቀንስትዮ ዘይፈራሕናስ፡ ዝብኢዶ ነብሪ ከይበልዖም ፈሪሖም ኢዮም ደገ ዘይወጹ... ! ” እናበለት፡ ብልባ እናሓመ የት ንደገ ወጺኣ ተመልሰት እሞ፡ እግራ ደሪዛ ከኣ ድቃሳ ቀጸለት። ዝኾነ ኾይኑ፡ እቶም ክልተ ሰብ ሓዳር እንተ ዘይተዘራረቡ እኳ፡ ኣብ መንጎኦቶም ሕሜት ተላዕለ። እቲ ሓሳዊ ጓሳ ግን፡ ጐይታኡን እመቤቱን ንጕሆ ተንሲኦም ቡኖም እናሰተዩ ብፍቕሪ ኬዋግዑ ብዝረኣዮም ብዝሰምዖምን፡ ነቲ ከባእሶም ኢሉ ዝመሃዞ መደብ ብዘይ ፍረ ተሪፉ ብዝረኣዮ ብዙሕ ጕሃየን ኣስተንተነን።

ድሕር’ዚ፡ ኪጸንሑ ኪጸንሑ፡ ክረምቲ ሓሊፉ ቀውዒ ስለ ዝኣተወ፡ እኽሎም ኪእክቡ ወፈራ ገበሩ። ኣብ’ዚ ወፈራ’ዚ ካብ ዓዲ ኣሕሙኣም’ውን እተሳተፉ ነበሩ። ኣብ መንጎ’ዚ ወፈራ’ዚ፡ ወዮ ዋና ግራት፡ ንጓስኡ ንወፋሮ ዚኸውን ስዋን ምግብን ኬምጽእ ናብ በዓልቲ ቤቱ ንገዝኡ ለኣኾ።

ኣብ ዓዲ ብዝበጽሐ፡ ኣብ እመቤቱ ከኣ ብዝቐረበ፡ ገንእታት ስዋን መግብን ከምጽእ ካብ ጐይታኡ ከም እተላእከ ነገራ። ንሳ ንዝሓተታ እናሰናደወት ከላ ከኣ፡ ብዛዕባ ብዝሒ እኽልን እቶም

ወፋሮ ድማ እንታይ ኢሎም ይደርፉ ከም ዘሎዉን ሓተተቶ ።

ወዮ ጓሳ ድማ፡ “ ላሎየ ...! ላሎየ ...! እመበተይ ያኢ ሸይ ነን ይብሉወን ኣሎዉየ ” ኢሎም ይደርፉ ኣሎዉ ቢሉ ነገራ ።

ንሳ ከአ በዚ ደርፊ እዚ ተቘጢዓ፡ “ ጉድ እኮ ኢዩ...! እቲ ባዕሎም ዝሸንዎስ ንዓይ ከላግቡለይ ...! ኣነን ይሓብኣሎም፡ ንሶም ከአ እቲ ዝገበርዎ ኣነ ከም ዝገበርክዎ ኣምሲሎም፡ ንገባሮት ነጊሮም የካፍኡኒ ...! ” እናበለት ኣንጸርጺራ ተዛረበቶ ።

እቲ ጓሳ ነዚ ዘረባ እመቤቱ ኣብ ልቡ ሒዙ፡ ነቲ ዝሃበቶ ገን እታት ስዋን መግብን ምስ ሓገዘቱ ተሰኪሙ ኣብ ወፈራ ተመልሰ ። እቶም ዓጸዶ ነቲ ስዋን እንጌራን ብዝተቐበልዎ፡ “ በል ናይ ዓዲ ወረ እንታይ ትህበና ...! ” ቢሎም ሓተትዎ ። ንሱ ድማ፡ “ ኣብ ዓዲ ዘሎ ደርፊ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ኢዩ፡ እንተ ትሰምዑዎ ምተገረም ኩም...! ” ጥራይ ቢሉ ምስጢሩ ከይነገረ ኣህሪፉ ዘረባ ኣመንገወ ሎም ።


ንሳቶም ግን፡ እንታይ ዚብል ደርፊ ኮን ኮይኑ ኢዩ እናበሉ ተጨነቑ፡ ልባቶም ስለ ዝሃወኾም ከአ ኪነግሮም ለመንዎ ። ንሱ ከአ፡ ጉዕጽይጽይን ምጽይጽይን እናበለ፡ በሉ ! ክትሰምዕዎ ግድን ካብ ደለኹምስ “ላሎየ...! ላሎየ...! ጐይታይ ያኢ ኣብ ውሽጢ ገዛ ሸይ ኖም ይብልዎም ኣሎዉየ...! ” እናተባህለ ስዋ ይጽመቑ፡ እንጌራ ከአ ይስንከት ኣሎ ኢሉ ነገሮም ። ከምዚ ዝበለ ሕሜታ ኣብ መንጎ ሰብአ ይን ሰበይትን ስለ ዝበጽሔ፡ ክልቲኣቶም ሰብ ሓዳር፡ ከም ዳንደ ተነፍሑ ።

ድሕርዚ፡ እቲ ሓሳዊ ጓሳ፡ እቲ ማእለማኡ ብምንፍፋሕ ሰብአ ይን ሰበይትን ጥራይ ስለ ዝተወንዘፈ፡ ሓሶቱ’ውን ብዘይ ፍረ ብምት ራፉ ስለ ዘይተሓጐሰ፡ እንደገና ካልእ ብልሓት መሃዘ ። ስለ’ዚ፡ ኣብ ትርኣስ ዓራት ጐይታኡ ካራ ኣቐመጠ’ሞ፡ ኣብ እዝኒ ጐይታኡ ቀሪቡ፡ “ ጐይታይ ! ቅድሚ ሎሚ ከም እትፈልጥዎ፡ እመቤተይ ኣል ዕል ኣቢለን፡ ኣብ ውሽጢ ገዛ ከም ዝሸንኩም ኣምሲለን ሸም ኩም ኣኽፊኤን ንመኸፋእቲ ሂበናኹም እየን፡ ሕጂ ድማ ንሱ ከይኣኸለን፡ ምስ ደቀስኩም ክቐትላኹም ጉዶ ኣብ ልዕሊ ትርኣስ ኩም ሓቢኣን ከም ዘሎዋ ፈሊጠ ኣለኹ’ሞ ተጠንቀቑ...” ኢሉ ነገሮ።

ንሱ ነዚ ዘረባ’ዚ ብዝሰምዐ፡ በቲ ቅድም ዝሰምዖ ከአ ልቡ ቅሒሩ ስለ ዝነበረ እናስቈርቈረ፡ “ ወይ’ዛ ጓልዛ መኣምን፡ ናይ ቅድም ከይኣኽላስ መሊሳ ድማ ንህይወተይ ክትህቅነኒ...! እናበለ ንእዋን ድቃስ ብምርባጽ ተጸበየ ።



ዝብላዕ በሊዖም፡ ዝስተ ከአ ሰትዮም፡ ኣጋይሾም ብዘፋነዉ፡ ምስ ደቀሱን ከውታ ለይቲ ምስ ኮነን፡ ከምቲ እቲ ጓስኡ ዝበሎ፡ ኣብ ትርኣሱ ገለ ነገር ከንህሉ ሃሰስ በለ’ሞ፡ ልክዕ ከምቲ ንሱ ዝሓበሮ ድማ ሓደ ብልጭልጭ ዚብል በሊሕ ጉዶ ኣብኡ ተሓቢኡ ጸንሖ። ስለ’ዚ፡ ንሱ ብእምነት እቲ ኣገልጋሊኡ እናተገረመ፡ “ከካፍእዎ ደአ ደልዮም እምበር፡ ብሓቂ እሙንን ሓቀኛን ጓሳ ከም ዝኾነ በቲ ንጐ ይታኡ ህይወቱ ዘድሕን ዝሃቦ ሓበራ ኪርዳእ ይከኣል” እናበለ፡ በቲ በብጊዜኡ ዝነግሮ ዝነበረ እሞ ከይሰምዖ ዝተረፈ ነገራት እውን እና ተጣዕሰ ኬስቈርቍር ጀመረ ። ድሕርዚ፡ ንነብሰይ ካብ እትምንየኒ፡ እንታይ ተረፈኒ ኢሉ፡ በዓልቲ ቤቱ ሕሉም ድቃስ ጠሊሙዋ ከላ፡ ነቲ ጉዶ ገዲፉ ኣብ ጥቓኡ ዝነበረ ፋስ ሓልዒሉ ወቒዓ’ሞ፡ ከየተን ፈሰት ሞተት ። ከም ዝሞተት ብዘረጋገጸ፡ በዓል ቤታ ንጓሳኡን ንጐ



ከውታ ለይቲ ሰበይቱ ደቂሳ ከላ ብፋስ ቀተላ

ረባቡቱን ኣተንሲኡ በዓልቲ ቤቱ ነቒጸ ከም ዝሞተት ኣምሲሉ ገለ ጸሎም፡ ብድሕሪኡ፡ ንእንዳ ኣሕሙ መርድእ ምስዳድ ኣድለየሞ፡ ወዮ ጓሳ ኣነ ባዕለይ ኪኸይድ ኢሉ ብታህዋኽ ተላዕለ ።

አብ ዓዲ ብዝአተወ፡ አብ ገዛ ስድራ ቤት እመቤቱ አትዩ፡ ንስ ድራኣ አርድአም። ንሳቶም ድማ፡ "ዋይ...! ዋይ...!" እናበሉ ተረ በጹ። ብድሕሪ ልቕሶ ድማ፡ ቅድሚ ቍሩብ መዓልታት ብህይወታ ሓዲጎሙዋ ስለ ዝነበሩ፡ በቲ ሃንደበታዊ ሞታ እናሰንበዱ፡ እንታይ ከም ዝረኸባ ሓተቱዎ'ሞ፡ አብ አዒንቱ ብመሲል ንብዓት እናቘጸረ፡ "ናይ ሞተን ዲኹም እትጉህዩ...ሎረ ካብኡ ዝገደደ ሬሳኤን እውን ንሰብ ምርአይ ከሊአም አሎዉ'ሞ፡ ንዓኹም እኳ ዘርእዩኹም አይመ ስለንን፡ እመቤተ...ሕያወይተ...እመቤተይ..." እናበለ አምሪሩ ኪበክን ምእባድ ኪአብን ጀመረ።

እንዳ አሕሙ ነዚ ነገር'ዚ ብምስማዕ፡ ንጓሂአም እንደገና ጓሂ ወሰኹሉ። ንጓሎም ገለ ነገር ወሪዱዋ ከይከውን ከአ ተጠራጠሩ'ሞ፡ አይፍለጥን እዩ እናተበሃሃሉ፡ ዘሎዎም መሳርያ ውግእ ሒዞም ንቐብረ ተበገሱ።

እቲ ጓሳ ሓሊፉ ክጸንሕ ኢሉ አቐዲሙ ተበጊሱ እንዳ ጕይትአ በጽሐ፡ ምስአም ብኡብኡ ተራኺቡ ድማ፡ "ጕይታይ...ስድራ እመ ቤተይ ጠርጢሮም ግዲ ኮይኖም መሳርያአም ሒዞም ዘመድን ፈታውን አኸቲቶም ኪቐትሉኹም ይመጹ አሎዉ'ሞ፡ ማይ ከይመጸ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ ኢዩ'ሞ፡ ተዳሊኹም ክትጸንሑ እመኽረኩም አሎኹ' በሎ። ንሱ ከአ ቤተ ሰቡን ፈተውቱን አኪቡ፡ እንዳ አሕሙና ን[illegible] ሎም ከም ዝቐተልናሎም ግዳ ተጠራጢሮምሲ ብረት ሒዞም ክድብ ድቡና ይመጹ ከም ዘሎዉ ሰሚዐ አሎኹ'ሞ፡ ብዝንጉዓትና ሓደ[illegible] ምእንቲ ከይወድቁና ተዳሊኹም ጽንሑ ኢሉ አፅጠቐም።

እንዳ አሕሙ አብ ዓዲ ብዝአተዉ፡ አልቂሶም ከአ ብዘብቅዑ፡ ሬሳ ጓልና አርእዩና በልዎም፡ ንሳቶም ግን ተሓሰሙዎም። በዚ ዚአ ክል አንጸርጺሮም፡ ለካ እቲ ጊላ ጓልና ዝበለናስ ሓቂ እዩ እናበለ ዘረባ ከየዳገሙ እምባጋሮ አልዓሉ'ሞ፡ ድሕሪ ብርቱዕን ጨካንን ውግእ ድማ፡ ካብ እንዳ ጓል ሓምሳን ሓሙሽተን ካብ እንዳ ወዲ ከአ ክንደ አም ዚአኽሉ ሰባት ሞቱ፡ አብ'ዚ አምባጋሮ'ዚ ጕይታ እቲ ጓሳ እውን ሞተ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ወዮ ጓሳ ብዝገበሮ ተጣዒሱ፡ ሃጽ ኢሉ ጠፍኤ፡ ግናኸ፡ ምእንቲ ኪንሳሕ አብ ሓደ ገዳም አተወ፡ አብዚ ቅሩብ ጊዜ ብዝሕለፈ፡ ምስ ፈለስቲ ከአ ብዝተላለየ፡ ሓደ መዓልቲ ምስቲ ሓለ ቓአም ክራኸብ ለመነ። ምስአም ብዝተራኸበ ድማ፡ "አባቴ፡ አነ ብዙሕ ሓጢአተኛ ስለዝኾንኩ በይነይ ኮይነ ዚንስሓሉ ፍሉይን ውሱ ንን ቦታ ክትፈልዩለይ እልምን አሎኹ..." እናበለ ለመኖም፡



ንሶም ከአ፡ "እምበአርከስ ብዝገበርካዮ ሓጥያት አብ ሓደ ፍን ትት ዝበለ ቦታ ኰንካ ክትንሳሕ ካብ እትደሊ፡ ከም ልማናኽ ፈቒ ደልካ አሎኹ፡" ኢሎም አብ ሓንቲ ካብ ምቕማጦም ቅሩብ ፍንትት ኢላ እትርከብ አጕዶ አስፈርዎ። ንሱ ግን፡ ቅሩብ መዓልታት ብዝጸ ለየ፡ አመሉ ተላዕሎ'ሞ፡ አብ ክንዲ ንስሓን ጸሎትን ሰይጣናዊ ሓሳብ ኪሓስብ ጀመረ፡ ነቲ ዝሓሰቦ አብ ግብሪ ከውዕሎ ከአ አንጊሁ ተን ስኤ። ስለ'ዚ ንጕድጓድ መፍለስ ዚመስል ጕድጓድ ውሽጢ ብስያፍ ኰዓተ፡ ነዚ ጕድጓድ'ዚ አፉ ጽብብ ዝበለ፡ መኸደን ከም ዚገጥሞ ገይሩ ኰዓቶ፡

እዚ ኵሉ ብዝገበረ፡ ካብቲ ተዓቢጡሉ ዝነበረ አጕዶ ወጺኡ፡ ናብቲ ሓለቓ ፈለስቲ ዝቕመጡሉ ዝነበሩ ጕረበቱ አጕዶ ከደ'ሞ፡ "እቲ ዝገበርኩዎ ሓጥያት ክሳዕ ክንድቲ ዓቢይ ስለ ዝኾነስ ብንስሓ ጥራይ ዚሕከኸለይ አይመስለንን ኢዩ'ሞ፡ ወይ ኪድሕን ወይ ኪዓር ብስ፡ ነቲ ዘሎኹዎ አጕዶ አብ ውሽጢ ክሎኹ አቃጽሉለይ" እናበለ ለመኖም። ንሶም ግን፡ ካብ ሰይጣን ደሓን ኢሎም ተሓሰሙዎ።

ግናኸ፡ ንሶም'ኳ እንተአበዩዎ፡ ምስ ካልእ ተሰማሚዑ፡ አብቲ አቐዲሙ ኵዒቱዎ ዝነበረ ጕድጓድ አተወ'ሞ፡ እቲ አጕዶ ድማ ብዝ ተቓጸለ፡ ብቕጽበት ነዲዱ ከሰል ኮነ። ንሱ ግን ሓሙኹሽቲ አብ ክንዲ ዚኸውን ቅሩብ ጸኒሑ ጸሎሉ ተኸዲኑ በሎኽ ኢሉ ወጸ'ሞ፡ እቶም አባት ሓሙኹሽትን ጸሎሉን ተኸዲኑ፡ ቅድም ርእሱ፡ ቀጺሉ ድማ አካሉ መሰስ ኢሉ ኪወጽእ ብዝረአዩዎ እናተገረሙ፡ ትእምርቲ ከም እተራእዮም ሓሰቡ፡ እዚ ሰብ'ዚ ጻድቕ ኢዩ ዚኸውን እናበሉ ከአ ተጠራጠሩ።

ብድሕር'ዚ ናብቶም አባት ቀሪቡ፡ "ንስኹም ከምዚ ከማይ እንተ ትፍትኑ፡ ንዕለት ክንፈ አውጺአኩም ምነፈርኩም ኔርኩም። እቲ ኵሉ ዚምስክር ጽድቅኹም እውን ብራእይ ምተገልጸልኩም ነይሩ" እናበለ አብ ስሕተት ምእንቲ ኪወድቁ ብሰይጣናዊ ዝኾነ መንገዲ ኪፍትኖም ጀመረ።

ንሶም ድማ፡ 'ንስኻ ምስ እዚ ኵሉ ሓጥያቱ ዝጸደቕስ፡ አነ ግዳ መዋእለይ አብ ገዳም ብጸሎትን ብምህልላን ዘሕለፍኩዎ እናበሉ፡ እምበአር እዚ ካብ ኮነስ ነቶም ምእምናን አጸቢቖ ትእምርተ - እግዚ አብሔር ክርእን ክረድእንሲ፡ አብ ውሽጢ አጕዶይ ከሎኹ ሓዊ እንተ ዚአትውኒ አይምኸፍአን' እናበሉ ክጠራጠሩ ጀመሩ።

ንሱ ከአ በዚ እናተሓጕሰ ቃል ከይመለሰ ብቕጽበት ነቲ አጕዶ ሓዊ መለሰሉ'ሞ፡ እቲ አጕዶ ከአ ብሓሰር እተሰርሐ ብምንባሩ ብቕ

ጽበት ተቓጸለ። እቶም ገርሂ ፈላሲ ከኣ፡ “ኣንታ እኩይ...! ኣታ ከይሲ...! ኣንታ ርጉም ኣስሓትካኒዶ....?” እናበሉ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ሓሪሮም ሞቱ።

እቲ ሓሳዊ ጓሳ ግን፡ እዚ ኵሉ ክፋእ ብሓሶት ብዝፈጸመ፡ ልቡ ምዕራፍ ኣብዩዎ ኪሕነቕ ሓሰበ። ከምዚ ዝበለ ህይወት ክይቕጽል ወግሐ ጸብሐ ሕልናኡ ስለ ዝሃወኾ ድማ፡ ኣብ ሓንቲ ኣብ ደንደስ ጸድፊ እትርከብ ኦም ምራን ኣንጠልጢሉ ተሓኒቑ ሞተ ይበሃል።

# ምዕራፍ 3

## ክናናን ምናናን

ሓደ ጊዜ፡ ኣብ ሓንቲ ዓዲ ሓያሎ ደቂ ዝነበርዎም ሰብኣይን ሰበይትን ነበሩ። እቶም ደቆም ኣወዳትን ኣዋልድን ብምዝናኽ ይውለዱ ነበሩ። ጥዑያት ኣካላት ክወልዱ ክወልዱ፡ ኣብ መንጎኦም ጨደር ወለዱ’ሞ፡ ነዚኣቶም ከኣ ክናናን ምናናን ኢሎም ሰመዩዎም።

እቶም ሽማግሌታት ወለዶም፡ እዞም ደቒ’ዚኦም ብዝተወልዱ ብዙሕ ጒሃዩ፡ ግዳ፡ እግዚኣብሔር ዝገብሮ ኵሉ ጽቡቕ ኢዩ እናበሉ፡ ተጸናንዑ’ሞ፡ ከም ኵሎም ኣሕዋቶም ከኣ እናተኸናኸኑ ኣዕበዩዎም።

ክናና ዓይኑ ስዉር ክሎ ኣእጋር ነበሮ። ምናና ከኣ ካብ ሕቑኡ ንላዕሊ ጫለደ ነበረ። ምስ ኣዒንቱ ስለ ዝነበረ ግን ንሱ እናመርሐ፡ ምናና ከኣ ተሓዚሉ እናተመርሐ ብምኽያድ ዓበዩ። እቶም ጨደር፡ ኣብ ጊዜ ንእስነቶም ብዙሕ ዓይነት ጸወታ ለሚዶምስ ምስ መሳትኦም ይጸወቱ ነበሩ፡ ከምኡ ኢሎም ከኣ ኣጒባዝ ኮኑ። ምሉኣት ሰብኡት ብዝኾኑ ከኣ፡ ወለዶም በብጊዜኦም ዓረፉ። ብድሕሪ ዕረፍ’ቲ ወለዶም በቲ ካብኣቶም ዝወረሱዎ ጥሪት እናተዓንገሉ ክናበሩ ጀመሩ። ድሕሪ ገለ ዓመታት ግን፡ እቲን ወለዶም ዝሓደጉሎም ጥሪት ጒልሓይ ስለ ዝወድኣን ኣብ ጸልማት ድኽነት ኣተዉ።

ክናናን ምናናን ክልተ ፍቑራት ኣሕዋት ኣብ ልዕሊ ምንባሮም፡ ትንፋሶም ሓንቲ፡ ህይወቶም ልክዕቲ ከም ዝነበራ ይኣምኑ ነበሩ’ሞ፡ ብወሰን ዘይብሉ ፍቕሪ ተኣሲሮም ከኣ ክሳዕ እዚ ጊዜ’ዚ ተኻየዱ። ግናኸ፡ እቲ ዝወረሱዎ ጥሪት ወለዶም ብዝተወድአ፡ ብዙሕ ክፍኦ ም’ሞ፡ ለሚኖም ኪካየዱ ግድነት ኮኖም። ኣብ’ዚ ጊዜ’ዚ ከኣ፡ ናይ ምቅሕሓር መንፈስ ኪሓድሮም ጀመረ።

ምናና፡ ብተፈጥሮኡ ሕያዋይን ፈሪሃ እግዚኣብሔር ነበረ። ክናና ግን ጭንቅን መከራን ዘይጸውርን፡ ብቕሩብ ከኣ ዘንጸርጽርን ጨደር ነበረ። በዚ ምኽንያት’ዚ እኳ ኣብ ከምዚ ዝበለ ጭንቂ ብዝወደቑ፡ ብዙሕ ክይጸንሔ ነቲ ወሪዱዎ ዝነበረ ትዕድልቲ እናጠቐሰ፡ ንፍጥረቶምን ንፈጣሪኦምን ኪወቅስን ክማርርን ክካፍእን ጀመረ።

ምናና፡ ከምዚ ዝበለ ኣብ ልዕሊ ኣምላኽ ብሓዉ ዚወድቕ ዝነበረ ወቐሳ ኪሰምዕ ክሎ፡ ነፍሱ ምግባር እናኣበየ፡ “ክናና ሓወይ፡ ንፈጣሪና ብዙሕ ኣይተማርሮ...! ካባና ዝኸፍኦም ሰባት ከም ዘሎዉ ኣይትረስዕ...! ንሕና ግዳ ጨደር እንተኾንና’ኳ፡ ንስኻ ኣእጋርን

ኣእዳውን ኣሎካ ። ኣነ ከኣ ዓይኒ ኣሎኒ ። ኣሸንኳይ ንሕናስ እቶም ዓይኒ ዘይብሎም ወይ ከኣ እግሪ ዘይብሎም እኳ ፡ ንፈጣሪኦም ዘየማ ርሩ... ! ንሕና ግዳ ስምምዕን ልፍንትን ኮይና ፡ ሓያሎ ስራሕ እንስ ልዋ ዘሎና ንኣምላኽዘማርር እንታይ ምኽንያት ኣሎና... !'' እናበለ ወትሩ ይምዕዶን ይግስጾን ነበረ ።

ግናኸ ፡ ክናና ነዚ ናይ ሓዉ ምዕዶን ተግሳጽን ከየቕለበ ፡ ወትሩ መርገምን ምዕዝምዛምን እናወሰኸ ይኸይድ ነበረ ። ከምዚ ዝበለ ተግ ሳጽ ካብ ሓዉ ክሰምዕ ከሎ ድማ ፡ '' ምናና ሓወይ... ! እግዚኣብሔር ካብዚ ዚኸፍእ እንታይ ኪገብረና ይኽእል...ትርኢዶ ኣየሎኻን ካብ ሰብ ንታሕቲ መስሓቕ ዥርምቲ ኮይንና እንርከብ ዘሎና....! ክላ ደኣ ነዚ ዝገበረካስ ከመይ ገቢርካ ከተመስግኖ ትኽእል....! እንተ ዚከኣል ስባ ፡ ካልእ ነይሩ '' እናበለ ንኣምላኽ ኣምሪሩ ይጸርፍን የካ ፍእን ነበረ ።



ክናናን ምናናን እስትንፋሶም ሓንቲ ፡ ህይወቶም ልክዕቲ ጨደር ነበሩ

ከምዚ ኢሎም ኪነብሩ ከሎዉ ከኣ ፡ ምናና ሓመመ'ሞ ብዙሕ ከይተሰቀየ ድማ ብሰላም ዓረፈ ። ንሱ ብዝሞተ ፡ ክናና በይኑ ተረፈ ፡ ዝመርሖ'ውን ሰኣነ ፡ ተሓዚሎዎ ዝነበረ ሬሳ ሓዉ ድማ ሸተቶ ። ኣብዚ ብዝበጽሐ ፡ ካብቲ ቅድም ዝነበሮ ኣብ ዝኸፍኤ ኩነታት ከም ዝወደቐ ተኣመነ ። እቲ ሓዉ ዚገልጸሉ ዝነበረ ምኽርን ተግሳጽን



ኵሉ ሓቂ ከም ዝኾነ ኪስምዖ ጀመረ'ሞ ፡ ብዝገበሮ ከኣ ተጣዕሰ ።

ነገር ግን ፡ ዓይኒ ብዝሰኣኑ ፡ ጨናዊ ሬሳ ብዝሓዘለ ፡ በዝን'ዚ ኣዕገርጊሩ ኣብ ገደል ኣትዩ ሞተ ። ኣብ ዳሕረዋይ ጊዜ ፡ እቲ ኣንጻር እግዚኣብሔር ዘፍሰሶ ዝነበረ ቃል ወቐሳ ፡ ክሳዕ ክንድ'ቲ ብርቱዕ ስለ ዝነበረ ፡ ግብሩን ሞቱን ምኽንያት መመሰሊ ኮነ'ሞ ፡ ደቂ - ዓዱ'ኳ ንሓደ ክፉእ ሰብ ኪረግሙ ከሎዉ ፡ ሞት ክናና ሙት ፡ እናበሉ መመ ሰሊ እናገበሩዎ ፡ ነቲ ከፊኡኒ ኢሉ ከዕዘምዝም ዝሰምዕዎ ሰብ ከኣ '' ከፊኡኒ ኣይትበል ካብኡ ዝኸፍእ ከይመጸካ...!'' እናበሉ ናይ ክና ናን ምናናን ዛንታ እናጠቐሱ የጸናንዑዎ ነበሩ ይበሃል ።

# ምዕራፍ 4

## ማሕላ ጽኑዕ፡ሰማይ ርሑቕ

ሓደ ሽማግሌ ሰብ ክነብሩ ክነብሩ፡ ኣብ እርግናኦም ሃይለ ዝስሙ ሓደ ወዲ ወለዱ። ንወዶም ከአ ‘ ማሕላ ጽኑዕ ሰማይ ርሑቕ ’ ኢዩ’ሞ ሓደራኻ ወደይ ከይትምሕል፡ ነገር እንተኣለዓሉልካ ወይ እንተ ኣል ዓልካ ካብ ምሒልካ ገንዘብካ እትወስድሲ፡ ምሒሎም ኪወስዱዎ ይሓይሽ እናበሉ ወትሩ ይምዕዱዎ ነበሩ።

እዚ ብጊዜ ህይወቶም ዝላበዉዎ ዝነበሩ ቃል፡ ኪዓርፉ ብዝቐረቡ’ውን ንወዶም ኪላበዉዎ ከሎዉ፡ ደቂ ዓዱ ሰሚዖም ነበሩ’ሞ፡ ሓደ ካባታቶም ብዘይ ሓደ ምኽንያት ነቲ ዅሉ ካብ ኣቦኡ ዝወረሶ ጥሪትን ንብረትን ገንዘበይ ኢዩ ኢሉ ተማሕጺኑ ኣብ ዳኛ ሓዘ። ንሱ ግን፡ ገንዘበይደአ ኢሉ ተቓወሞ’ሞ፡ ስለ’ዚ ተማሕጺኑ ኣብ ዳኛ ኣቕረቦ። ኣብ ዳኛ ብዝቐረቡ፡ እቲ በዓል ነገር፡ ንሃይለ ንማሕላ ዘይደፍር ከም ዝኾነ ተረዲኡ፡ ‘ እዚ ናተይ ዝብሎ ዘሎ’ኹ ዅሉ ጥሪትን ገንዘብን ብዘይ ምስክር ንኣቦኻ ዘለቃሕኩዎ ኢዩ፡ ስለ’ዚ ኢሉ ትብል እንተድአ ኮንካ ምሒልካ ኣትርፎ ወይ ምሒለ ክወስዶ ’ ኢሉ መጒቶ።

ሃይለ ግን፡ “ ንስኻ ደአ ምሒልካ ውሰዶ’ምበር፡ ኣነስ ሎሚ ኣይምሕል ጽባሕ ኣይምሕል “ኢሉ ተሓሰሞ።

ንሱ ከአ፡ “ እምበኣርከስ፡ ንስኻ ንማሕላ ካብ እትኣቢ፡ ብርግጽ ናይ ኣቦኻ ከም ዘይኮነ ፍሉጥ ኢዩ’ሞ፡ ምሒለ ገንዘበይ ክወስድ “ በሎ።

ንሱ ድማ፡ ከም’ዚ ክምኡ ንማሕላ ዘይደፍር መሲሉዎ፡ እናንቀጥቀጠ፡ ሕራይ በሎ’ሞ እቲ ከአ ድምብርጽ ከይበለ ምሒሉን ጥሒሉን ወሰዶ።

ናይ ሃይለ ሽግር ኣብዚ ኣይዓረፈን። ክመይሲ፡ ድሕር’ዚ ከአ ሓደ ካብቶም ደቂ ዓዱ፡ ነታ ክልተ ዝወለደትሉ በዓልቲ ቤቱ፡ ሰበይተይ ኢያ ኢሉ ሓዘ። ንሱ ከአ ሰበይተይ ደአ ኢሉ ተቓወሞ።

ንሱ ግን፡ “ብርግጽ ሰበይተኻ እንተድአ ኮይና፡ ምሒልካ ኣክባ፡ ካብኡ ዝተረፈ ግን ልቐቐለይ “ ኢሉ ኣብ ቅድሚ ዳኛ መጒቶ።

ሃይለ ግን፡ ንዘረባኡ ሰሚዑ፡ ንስኻ ደአ ምሒልካ ውሰድ’ምበር ኣነስ ሎሚ ኣይምሕል ጽባሕ ኣይምሕል፡ ኢሉ ከም ቀደሙ ኣበየ። ንሱ’ውን ከምቲ ቀዳማይ ዝገበሮ፡ ማሕላ ካብ እትኣቢ ብርግጽ ሰበ



ይትኻ ከም ዘይኮነት ፍሉጥ ኢዩ’ሞ ወይ ምሒልካ ኣትርፋ፡ ወይ ከአ ምሒለ ሰበይተይ ክእክብ ኢሉ መጒቶ።

በዚ ከአ ሃይለ፡ ብክፍኣትን ጭካኔን ወዲ - ሰብ እናንቀጥቀጠን ብልቡ ከአ እዝስ ካብቲ ቀዳማይ ግዲ ፍርሓተ እግዚኣብሔር ዝሓደሮ ሰብ ይኸውን ብምባል ሕራይ ኢሉ ኣፍቀደሉ’ሞ፡ ንሱ ከአ ልክዕ ከምቲ ቀዳማይ ወዲ ዓዱ ድምብርጽ ከይበለ ምሒሉን ጥሒሉን ነታ ሰበይቱ ወሰዶ።

ቅድም ገንዘቡን ጥሪቱን፡ ድሕር ከአ ሰበይቱን ብዘይግቡእ ምሒሎም ብዝወሰዱሉ፡ ንክልተ ደቁ ሒዙ ኣንጸርጺሩ፡ ዓዱ ገዲፉ ንስደት ከደ። ሃይለ ኪስደድ ከሎ፡ ኣብ እግረ መንገዱ ዝናም ስለ ዝመጸ ኣብ ሓደ ርባ ብዝበጽሖ ውሕጅ ተገናኘ’ሞ፡ ነቲ ውሕጅ ዚወስድን ዘይወስድን ምዃኑ ፈተኖ። ነገር ግን፡ እቲ ውሕጅ ውሕድ ዝበለ ኮይኑ ስለ ዝረኸቦ ካብ ማእከል ተመሊሱ ነቲ ሓደ ወዱ ሓንጊሩ ኣሳገሮ። ንእኡ ኣሳጊሩ፡ ነቲ ካልኣይ ኪሳግር ክምለስ ከሎ ግና፡ ኣብ መንጎ’ዚ ዘይተሓሰበ ጋሻ ውሕጅ መጺኡ ወሰዶ’ሞ፡ ደቁ ኣብ ክልተ ደንደስ ኮይኖም፡“ ኣበየ...ኣበየ...መዓር ወለላየ....! “ እናበሉ ብብኽያት ልቦም እናተሓቖኑ፡ ብኣውያት ጉረሮኦም እናላሕተቱ ከሎዉ፡ እቲ ጋሻ ውሕጅ እናሰራሰረ ወሰዶ።

እቲ ውሕጅ ንሃይለ ብዝወሰዶ፡ ድሕሪ ነዊሕ መንገዲ ገፊዑ ኣውጽኦ። ኣብ ገምገም ርባ ተደርብዩ ከሎ ድማ፡ ሓደ ሃዳናይ ብጋሚሚ ረኸቦ። ክዳኑ ተቐንጢጡ፡ ርእሱ ተቖጥቂጡ ስለ ዝጸንሖ፡ ብህይወቱ ኪንተሎ ኣብ ልቡ ተደፊኡ እስትንፋሱ ኪሰምዕ ጀመረ’ሞ፡ ገና ትንፋሱ ከይሓለፈት ብዝረኸባ ድማ፡ ተሰኪሙ ንዓዲ ኣእተዎ። ማእሲ እንጺፉ ኣብ ንእዲ ብዘቐመጦ፡ ክዳውንቲ ከዲኑ’ውን ሓዊ ብዘሙቐ ሃይለ ሰውነቱ ኪፈልጥ ጀመረ። ድሕሪ ሓደ ወርሒ ዚኣክል ኣባታዊ ክንክን ከአ ሓወየ።

ብድሕር’ዚ፡ እቲ ንሃይለ ዝረኸበ ሰብኣይ፡ ንቶም ዓዲ ኣኪቡ ኣብ’ዚ መሬትና ውሕጅ ዝተፍኦ ሰብ ኣምጺኤ ኣሎኹ’ሞ፡ እንታይ ክንገብሮ ከም ዚሓይሽ ንምክረሉ ኢሉ ንደቅ - ዓዱ ተዛረቦም። ንሳቶም ከአ፡ ንሓደ ፍሉይ ሰብ እንተኣገልገለ ክባኣሰናን ክቃያይመናን ይኽእል ኢዩ’ዩ፡ ናይ መሳእ ዓዲ ጥሪት ኪሕሉ ንሳ ንግበሮ ኢሎም ተሰማምዑ። ብዙሓት ደቂ ዓዲ ስሙ ዘይፈልጥዎ ስለ ዝነበሩ ከአ፡ ብሰሪ እቲ ውሕጅ ዘጋፍዖ ርእሱን ኣካላቱን ተመሊጡ ስለ ዝነበረ፡ ሃይለ መልጢ ዝብል ሳጓ ኣውጽኡሉ።

እቶም ደቂ ዓዲ፡ ክነብሩ ክነብሩ፡ ሓደ ጊዜ መራሒኦም ስለ

ዝሞቶም ከም ልምዲ ዓዶም መሪሒ ንኸመርጹ ኣብ ባይቶ ተኣከቡ'ሞ ኵላቶም ኣባጽሕ ደቂ ዓዲ ድማ ኣብ'ዚ ዋዕላ'ዚ ተሳተፉ ።

ኣቦ ወንበር፡ እቲ ህዝቢ ኮፍ ቢሉ ብዝተኣከበ፡ እቲ ካብ ኵሎም ዚሽየም በዓል ቈጽሊ፡ እቲ ኣብ ርእሱ ርግቢት ዝዓሰለቶ ከም ዝኾነ ነገሮምሞ፡ ኵላቶም ድማ ብሓባር ይርሓሰና በሉ ።

ባይቶ ተኣኪቦም ከሎዉ ርግቢት መጸቶም ። ኵላቶም ናባይ ደኾን ትዓልብ ትኸውን እናበሉን ኣንቃዕሪሮም እናረኣዩዋን ከሎዉ ግን፡ ዘይራ ዘይራ ገዲፋቶም ከደት ። ብድሕር'ዚ እውን መላሊሳ ተመሊሰት ኣብዚ ጊዜ'ዚ እውን እቶም ተሳተፍቲ፡ ከም ቀደም ንዓይ ደኾን ትዓልበኒ ትኸውን እናበሉ ኣንቃዕሪሮም እናረኣዩዋ ከሎዉ፡ ዘይራ ዘይራ ገዲፋቶም ዕዝር በለት ። ከምዚ ዝበለ ነገር ኣብ ቅድሚ እዚ ጊዜ'ዚ ዝተገብረ ኣኼባታት ምርጫ ተገሊጹ ዘይፈልጥ ስለ ዝነበረ፡ በዚ ትርኢት'ዚ ብዙሕ ተጨነቑን ንሓድሕዶም'ውን ገለ ሓጥያት ግዲ ኣልዩና ኮይኑ እናበሉ ብውሽጦም ክተሓማመዩ ጀመሩ ።

ከምዚ ኢሎም ኪጭነቑ ከሎዉ፡ እቲ ንሃይለ መልጢ ዝረኸበ ወዲ ዓዲ ብቕንዕናኡን ሕያውነቱን ዘመስግኖ ስለ ዝነበረ፡ " ኣቱም ሰባት፡ ከምዚ እትርእዩዎ ዘሎኹም፡ እዛ ርግቢት ክልተ ጊዜ ዘም ብያ ንሓደ ካባታትና ከይዓሰለቶ ካብ እትኸይድ ገለ ኣበሳ ኣልዩና ኢዩ'ምበር፡ ቅድሚ ሎሚ በቦታትና ዘይተራእየ ነገር ኣይምረአናን ኔርና ። ስለ'ዚ፡ እዚ ካብ ገበረት ዚበቅዕ ሰብ ኣብ መንጎና ከም ዘየሎ ኣምሲሉ ዘተሓሳስበና ኢዩ'ሞ፡ እዚ ጓሳ ማልና ብዓስቢ ዝነብር እንተኾነ'ኳ ኵላትና ብኣርኣያ ስላሴ እተፈጠርና ኣሕዋት ኢና'ሞ፡ እንተንጽውዖ ኣይምኸፍአን ነይሩ " ኢሉ ንሃይለ መልጢ ኪጽውዕዎ ኣተሓሳሰቦም ።

ገለ ካብቶም ሰባት፡ ንኸንደይ ወራዙትን ለባማትን ዚብሃሉ ሰባት ዘይዓሰለቶምሲ ነዚ ጨርቃም ጓሳ'ዚ ግዳ፡ እንታይ ኢላ ክት ቀርቦ እናበሉ ዕጥይጥይ በሉ ። ነገር ግን ናይ መብዝሕቶም ድምጺ ' ይጸዋዕ ! ይጸዋዕ ! ' ዚብል ስለ ዝነበረ ሃይለ መልጢ ተጸዊዑ መጸ።

ኣብቲ ኣኼባ ብዝመጸ፡ እቶም ብዛዕባ ምጽዋዑ ዘዕዘምዘሙ፡ ነዚ ሓደ ጨርቃም ጓሳ ኣምጺእኩም እንታይ ፍረ ከተፍርዩ ኢኹም፡ እናበሉ ንቶም ንኪመጽእ ዝደገፉ ሰባት ኣባጨወሎም ። ሃይለ ግን፡ ብውሽጢ ልቡ ናይ ወለዱ ዝሓለፈ ንብረት እናስተንተነ፡ ንሰብ ኣእምሮን ዕድልን እምበር ሃብትን ጽቡቕ ንብረትን ከም ዘየሽሞ እውን እናሓሰበ፡ ካባታቶም ፍንትት ኢሉ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ኦም ደኒኑ ኮፍ በለ ።



ንሱ ብዝመጸ፡ ወያ እናዕገርገረት ክልተ ጊዜ ሓዲጋቶም ዝኸደት ርግቢት፡ ከይደንጐየት ተመልሰት ። ከም ቀደማ ከኣ ኣብ ርእሲ ኣቶም ዞረት ። ዘይራ ዘይራ ድማ፡ ኵላቶም ብምግራም እናረኣዩዋ ከሎዉ፡ ኣብ ልዕሊ ሃይለ መልጢ ጠጠው በለት ።


ደቂ ዓዲ፡ በዚ ትእምርቲ'ዚ ተገረሙ፡ ወዮም ዚቃወሙዎ ዝነበሩ ድማ፡ ቅድሚ ኵላቶም ተንሲኦም ኢድ ነስኡሉ ። ኵላቶም ብሓባር ቈጽሊ ኣውደቑሉ ። ሓያሎ ካብቶም ኣብኡ ተሳቲፎም ዝነበሩ ሽማግሌታት፡ በብተራ እናተንስኡ እቲ ሽመት ኢድ እግዚኣብሔር እተሓወሶ ከም ዝኾነ ተዛረቡ ። ድሕር'ዚ፡ ኵሎም ደቂ ዓዲ፡ ሰብ ኡት ብደርፊ፡ ደቀንስትዮ ከኣ ብዕልልታ ንሃይለ ብዓጀብን ብኸብርን ኣማዕሪገም ንዓዲ ኣእተዉዎ ። ንጽባሒቱ ከኣ፡ ባይቶ ዓዲ ኣኪቡ ንህዝቡ ብፍቕርን ብፍትሕን ብሕግን ብማዕርነትን ብዘይኣድላውነትን ብሰላምን ከም ዘናብሮም ተመባጸዓሎም፡ ከም መብጽዓኡ፡ እቲ ግዝኣቱ ድኻን ሃብታምን፡ ጊላን ጐይታን ከይበለ፡ ኣድልዎ ከይገበረን የመሓድር ስለ ዝነበረ ድማ፡ ኣብታ ሃገር ራህዋ ኮነ ፡ ቅድሚኡ ርእያቶ ዘይትፈልጥ ሕርሻ፡ ምርባሕ ከብቲ፡ ብዙሕ ቅሙጥን ዘዋሪን ወርቂ ስለ ዝረኸበት ከኣ ክብ ዝበለ ዘመነ - ራህዋ ክትሕልፍ ጀመረት ። ኣብ መንጎ ደቂ ዓዲ ፍቕርን ስምምዕን ነገሰ፡ ሰረት ነገር ጠፍአ፡ ፍጹም ሰላም ተጠመቐ ። ሃይለ መልጢ ብደቂ ዓዲ እናተመስገነ ክነ ዝእ ብዝጸንሐ ከኣ ካብቲ ዓዲ ሰበይቲ ኣእተወ ።

ሓዳር ገይሩ ብጽቡቕ ኣነባብራ ኪነብር ከሎ፡ ሓደ መዓልቲ፡ ኣብቲ ንሱ ዚገዝኦ ዝነበረ ቦታ፡ ምስ ጭፍራ ወተሃደራቶም፡ ብጉዳዮም ዝመጹ ክልተ መኳንንቲ ኣተዉ'ሞ፡ መሕደሪ ዝኾኖም ድንኳኖም ዝተኸሉሉ ሰፈር ኪደልዩ ከሎዉ ድማ፡ ቢጋጣሚ ሓንቲ ንወተ ሃደር እትበቅዕ ቤት ኣብ ኵርቢት ረአዩ ። ክልቲኣቶም ከኣ ዓይኒ ኣውዲቖም ብኸራይ ክኣትዉዋ ንዓይ ንዓይባ ተባሃሂሎም ተታረኹ።

እታ ዋና ገዛ ሓንቲ ሽማግለ ሰበይቲ ነበረት ። ንሳ፡ ቊሩብ ብዝሰምዓቶም፡ ኣንቱም ደቀይ፡ ንኽልተኹም ዝኣክል ስፍራ ስለ ዘሎ፡ ባእሲ ኣይትግበሩ ኢላ ገጻ ኣብሪሃን ኢዳ ዘርጊሓን ተቐበለቶ ም'ሞ፡ ንሓዲኦም ኣብ ኣደራሽ፡ ንሓዲኦም ድማ ኣብ ሕልፍኚ ኣስ ፈረቶም ። እቶም ወተሃደራቶም ከኣ፡ ኣብ ደንበ ድንኳኖም ተኺሎም ሰፈሩ ።

እቶም መኳንንቲ ድሕሪ ቊሩብ ዕረፍቲ፡ እንጌራኦም በሊዖም ማዮም ሰትዮም ድማ ብዘብቅዑ፡ ቅድሚ ምድቃሶም ወግዒ ጀመሩ። እዞም ክልተ መኰንናት እዚኣቶም፡ እቲ ቀዳማይ ውጹእ መዓት፡ እቲ ዳሕረዋይ ከኣ ገድሊ እተባህሉ ነበሩ ።

ውጻእ መዓት አቐዲሙ ዘረባ ጀመረ። ንሱ፡ ብአዝዩ ዝምስጥ አዘራርባ፡ ብዛዕባ መከረኛ ዝኾነ ናይ ዘኸታም አተዓባብያኡ ከዘንት ወሎም ጀመረ። አብ መንን ዘረባኡ ሃይለ ዝተባህለ ማሕላ ዘይደፍር ወላዲ ከም ዝነበሮ፡ ጣዕሙ ንእተባህለት አዲኡ ከአ ሓደ ወድ - ዓዱ ብከንቱ ምሒሉ ከም ዝወሰዳ ገለጸሎም።



ዘይተሓሰበ ጋሻ ውሕጅ መጺኡ፡ ደቁ እናበኽዩ ከሎው'እናሰራሰረ ወሰዶ

ወላዲኡ፡ ንቲ አቦሓጎኡ እተላበዎ ለበዋ መሰረት ገይሩ፡ ማሕላ ስለ ዝአበየ፡ እቲ ሰብአይ ምሒሉ ንዲኡ ከም ዝወሰዳ፡ እንጸርጺሩ ንዓኡን ንሓደ አበይ ከም ዘሎ ዘይፈለጠን ሓዉ ሓንጊሩ ኪኸይድ ከሎ ድማ፡ አብ ሓደ ርባ ብዝበጽሖ ነቲ ሓደ ብዘሳገረ፡ ንእኡ ከስ ዕብ ክምለስ ከሎ ጋሻ ውሕጅ መጺኡ ከም ዝወሰዶ ነገሮም። ድሕ ር'ዚ በይኑ፡ አብ ጸምጸም በረኻ ብዝተረፈ፡ ሓደ ንሳ ረኺቡ ንዓዲ አብ ጕይታኡ ከም ዘምጽአ ገለጸሎም።

ውጻእ መዓት ከምዚ ኢሉ ዘረባኡ ቀጸለ፡ "እዚ ሃብታም'ዚ ውላድ ስለዘይነበሮ፡ ውላድ ክረክብ እውን ብዙሕ ሃረር ይብል ስለ ዝነበረ፡ አብኡ ብዝተጸጋዕክ ንሱን በዓልቲ ቤቱን፡ ልክዕ ከም ውላድ ክርሰም ገይሮም ተኸናኺኖም አምሂሮምን አዕበዩኒ። ወራሲ ስለ ዘይነበሮም ድማ፡ ሰብአይን ሰበ[illegible]ን አብ ዕለተ ዕረፍቶም፡ አነ ኪወር



ሶም ተሰማምዑ። ለሚ እኳ፡ አብ ቤቶም ዝርከብ ኵሉ ጥሪቶም ወሪሰ፡ ከም ውላዶም ተቐጺረ ኢየ ዝናበር ዘሎኹ። ምናልባሽ አነ ወለደይ ዘይፍለጡ፡ አብ ከምዚ ዝበለ ክብ ዝበለ ደረጃን መዓርግን በጺሐ እንተ አሎኹ ከአ፡ ሳላ'ዞም ብሩኻትን ሕያዎትን ብሓቂ ደቂ እግዚአብሔርን ዝኾኑ ሰብአይን ሰበይትን ኢየ ኪብል ይኽእል..." እናበለ ዜና ህይወቱ አዘንቲዉ ወድኤ።

ገድሊ፡ እዚ ኵሉ ናይ ውጻእ መዓት ዜና ህይወት ኪሰምዕ ከሎ፡ ነቲ ናቱ አተዓባብያ እናሓሰበ፡ አዒንቱ ከአ ንብዓት እናቐደዋ፡ ብወገኑ ናይ ህይወቱ ዜና ከዘንቱ ጀመረ።

ንሱ ድማ፡ "ናተይ ዜና ህይወት'ውን ካብዚ ናትኩም ብዙሕ ዚፈላለ አይመስለንን። ኤረ፡ ሓደ ክይኮን'ኳ ዚተርፍ አይመስለንን። አነ እውን ከማኹም፡ አቦይ ሓደ ማሕላ ዚጸልእ ወዲ'ዝጊሔር ነበረ'ሞ፡ ብሕሉፍ ሕያውነት ዚአክል'ውን፡ ፈታቲኖም ክሳዕ ጥሪቱን ሰበይቱን ክይተረፈ ብዘይ ግቡእ ምሒሎም ወሰዱሉ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከአ፡ ምስ ሓደ ሓወይ ዓዲ ገዲፉ ኪወስደና ከሎ፡ አብ ሓደ ርባ ብዝበጸሕና፡ ንዓይ አሳጊሩ፡ ነቲ ሓደ ሓወይ ኬሳግሮ ኪምለስ ከሎ፡ አብ መንጎኡ ጋሻ ውሕጅ መጺኡ ከም ዝወሰዶ እፈልጥ። በቲ ጊዜ'ቲ፡ አነን እቲ እንታይ ከም ዝረኸቦ ጌና ዘይፈልጥ ሓወይን፡ ነዚ ዘሕዝን ናይ ወላዲና ሞት፡ ማዕዶ ኮይንና ብብኽያት ብአውያትን ተዓዘብናዮ። ሽዑ አነ ወዲ ሸውዓተ ዓመት፡ ሓወይ ከአ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ስለ ዝነበርና ገለ ነገር ክንገብር አይከአልናን'ሞ፡ ከም'ዚ ኢልና እናበኸና ከሎና፡ ጸሓይ ምስ ዓረበት፡ በረኻ ጭው ምስ በለ፡ አእዱግ ዝጸዓኑ ቃፍሎት ረኸቡና። እቲ ውሕጅ ገና እናወሰኸ ብዓም ኻዱ ዘይሕለፍ ነበረ'ሞ፡ አብ ገምገሙ ሓደርና፡ ንጽባሒቱ ስለ ዝጐደለ ከአ ንከተማ ክንከይድ ተበራበርና።

ንግሆ ተንሲእና ክንከይድ ብዝተበገስና ሓወይ አብኡ ከም ዝሓደግኩዎ ነገርኩዎም'ሞ፡ ክንረኽቦ ተሳገርና። እንተኾነ ስለ ዝሰአናዮ መንገድና ቀጺልና፡ ክሳዕ ሎሚ'ውን አራዊት ይብልዕዮ ወይ ሰብ ይውሰዶ፡ ወይ ሞይቱ ይኹን ወይ ድማ ብህይወቱ ኪህሉ ክፈልጥ አይከአልኩን...።

"እቶም ቃፍሎት ውሱን ምቕማጥ ስለ ዘይነበሮም፡ አብ ሓንቲ አብ ምዕራፎም ዚምገቡላን ዚሓድሩላን ዝነበሩ፡ ሓደ ዓቢይን ወረጃን በዓል ቤት ዝነበርዋ ነጊዳ እትነብር፡ ንዓለም ዝሓደገት ውላድ ዘይብላ ማእምን ተማሊአም ብዘእተዉንን ብዘሕደሩንን ብምኽንያት ስራሕ ክማልኡኒ ከም ዘይክእሉ አፍሊጦም ናብአ ሓደራ ገደፉኒ። ንሳ፡ ዝነበሩዋ ውላድ ገሊኦም ብሕማም፡ ገሊኦም ብዙናት ስለ ዝሞ

ቱዋ ፡ ተሓጕሳ ተቐበለትኒ'ሞ ፡ መጸናንዕን ናይ መወዳእታ ህይወታ መተዓልለትን ኮንኩዋ ። ብኽንክን ከም ውላዳ ገይራ እናዓዕበየትኒ ከአ ክሳዕ እትመውት ኣብ ትምህርትን ሽመትን ኣብጺሓ ፡ ቅድሚ ሙማታ ብርሃነይ ክትርኢ ከአለት" እናበለ ዛንታኡ ዓጸወ ።

ገድሊ ዛንታኡ ብዝደምደመ ፡ ውጻእ መዓት ተንሲኡ ፡ " ወይ ጉድ ! ጸድቃናት ክይተቛጸሩ ይራኸቡ ፡ ሓጥኣን ግን ተቛጺሮም ይሳኣኑ" ዚብሃል ምስላስ ለከ ሓቂ ኢዩ ። ኣማን ብኣማን ገድሊ ሓወይ.. እንኳዕ ብዘይ ምፍላጥ ኣይተቓተልና...! " ተበሃሂሎም እናነብዑ ተሓቛቝፎም ተሰዓዓሙ ።

እዚ ክዛረቡ ከለዉ ፡ እተን በዓልቲ ቤት ጽን ኢለን ይሰምዓኦም ነበራ ፡ ንሰን'ውን ኣዒንተን ንብዓት ኪቌጽር ጀመረ ። ንብዓቶም ወዲኦም ብዝተቸመጡ ድማ ፡ ዛንታኤን ብጊዲኤን ክገልጸሎም ጀመራ ።

ወይዘሮ ጣዕሙ ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝሓለፈ ህይወተን ክዛረባ ከሎዋ ፡ ሓደ ማሕላ ዘይደፍር በዓል ቤት ከም ዝነበረን ፡ እሞ እዚ ሕጂ ዘሎ ሰብኣየን ከአ ክልተ ምስ ወለዳ ሰበይተይ ኢሉ ብሓሶት ምሒሉ ከም ዝወሰደን ኣዘንተዋሎም ፡ በዚ ምኽንያት'ዚ እኳ ፡ ኣቦ ደቀን ኣንጸር ጺሩ ፡ ዓዲ ገዲፉ ምስ ክልተ ደቁ ከም ዝኸደ ፡ ንሱ ኮነ ደቁ እንታይ ከም ዝረኸቦም ወይ ከአ ኣበይ ከም ዝኣተዉ ከም ዘይፈልጣ ነገራኦም ።

እዚ ናይ'ዘን ዓባይ ሰበይቲ'ዚኤን ዜና ህይወት ብዝሰምዑ ፡ ውጻእ መዓትን ገድልን ክልቲኦም ኣዲኦም ከም ዝረኸቡ ተኣሙኑ ፡ ንእግዚ ኣብሔር እውን ኣመስገኑ ፡ ተንሲኦም ከአ ፡ ኣዴና...! ኣዴና...!" እናበሉ ንሰን ከአ ፡ "ደቀይ...! ደቀይ...! እናበላ ተሰዓዓሙ ። ከምዚ ኢሎም ድማ እቶም ብተንኰል ደቅ - ሰብ ተፈላልዮም ዝነበሩ ኣደን ክልቲኦም ደቀንን ብፍቓድ ኣምላኽ ተራኸቡ ።

ምሉእ ለይቲ ብዛዕባ ዝሓለፈ ህይወቶም ክዝትዩ ብዝሓደሩ ከአ፡ ኣጋ ወጋሕታ ደቀሱ ። ካብዚ ንንየው ግን ፡ ከምቲ ብዓመጽ ዝኸደ ብፍትሒ ይምለስ ፡ ብጸሓይ ዝኣበየ ብማይ ይሕረስ እተባህለ ፡ ነቲ ብዘይግቡእ ምሒሉ ነዲኦም ሰብኣይኪ ኢየ ኢሉ ዝወሰደ ሰብኣይ ኣዲኦም ፡ ሽው'ኳ ንመገሻ ከይዱ እንተነበረ ፡ ብዝተመልሰ ገዚዞም እንዳ ንጉስ ማለት ኣብ ሃይለ - መልጢ ወሰዱዎ ። ኣብዚ ድማ ንጉስ ቈጸራ ገበሩሎም'ሞ ፡ ድሕሪ ቅሩብ መዓልቲ ድማ ነገር ገጠሙ ።

ውጻእ - መዓት ወዳእ ነገር ኮይኑ ኣብ ንጉስ ቀረበ ። ንሱ ፡ እቲ ዅሉ ኣብ ልዕሊ ስድራ ቤቱ ዝወረዶም ጭንቅን ግፍዕን ኣስፊሑ ዘርዚሩን ተዛረበ ።



ንጉስ ሃይለ - መልጢ ፡ ነቲ ዅሉ ነገራት ክሰምዕ ከሎ ፡ ኣዒንቱ ንብዓት ቈጺረን ይረኣያ ነበራ ። ድሕር'ዚ ግን ፡ ንእዝጊ - ኣይኣምን ቃል ምለስ በሎ ።

ንሱ ግን ፡ እቲ ዅሉ ዝገበሮ ግፍዒ እናተዘከሮ ፡ መልሲ ሰኢኑ'ሞ ፡ "ጃንሆይ...! ባዕልኹም ደኣ እቲ ዝግባእኒ ፍርዲ ሃቡኒ እምበር ፡ ነዚ ፊተውራር ውጻእ - መዓት እተዛረቡዎ ቃል ዅሉ ዚኸሕዶሉ ፡ ነገር የብለይን..." ኢሉ ፍርዱ ተጸበየ ።

ንጉስ ሃይለ - መልጢ ፡ ነዚ ነገር'ዚ ብዝሰምዐ ትእምርቲ ከም እተገልጸሉ ኮይኑ ተሰምዖ ። ፍርዲ ኪህብ ከሎ ድማ ፡ ንመጋባእያ ከም'ዚ ዚስዕብ ተዛረበ ፤

"ፍቑራት ደቂ ዓደይ ! እዚ እትርእዩዎ ዘሎኹም ነገር ናይ እምላኽ ተኣምራት ክበሃል ዝከኣል ኢዩ ። ከመይሲ ፡ ቅድሚ ኣባኹም ምምጻኤይን ኣብዚ ክብ ዝበለ ንጉሳዊ ደረጃ'ዚ ምብጽሐይን ሓደ ወዲ ዓደይ ብዘይ ግቡእ ምሒሉ ጥሪተይ ወሲደለይ ፡ ቀጺሉ ድማ እዚ ኣብዚ እትርእይዎ ዘሎኹም ወዲ ዓደይ ብዘይግቡእ ምሒሉ ሰበይተይ ኣግደፈኒ ። ካብዚ ንንየው ኣንጸርጺረ ፡ ክልተ ደቀይ ሒዘ ክስደድ ከሎኹ ከአ ፡ ኣብ ሓደ ሩባ በጸሕኩ'ሞ ፡ ንኣኡ ከቋርጽ ነቲ ሓደ ወደይ ብዘሳገርኩዎ ፡ ነቲ ሓደ ክስዕብ ኢለ ክምለስ ከሎኹ ፡ ዘይተሓሰበ ጋሻ ውሕጅ መጺኡ ፡ ክልቲኦም ደቀይ እናበኽዩን እናኣእወዩን ውሕጅ ኣጋፊው ወሰደኒ ።

ነገር ግን ፡ መዓልተይ ዘይተወድአ ስለ ዝነበረ ፡ እቲ ውሕጅ ገፊው ከይሞትኩ ኣብ ገምገም ሩባ ደርበየኒ ። ንደቀይ ንሓዲኦም ሓደ ጓላ ፡ ንሓዲኦም ድማ ቃፍሎት ኪድሕኑዎም ከለዉ ፡ ንዓይ ከአ ሓደ ካባኻትኩም ረኸበኒ ። ኣርባዕተና ከምዚ ዝበለ ብጭካነን ስስዐን ደቅ - ሰብ ብዝተገፋዕና ፡ እቲ ብጸይ ግፉዓትን ጭኑቓትን ዝኾነ ሰማያዊ ጐይታ ከምዚ እትርእዩዎ ዘሎኹም ፡ ድሕሪ እዚ ዅሉ ጭንቅን መከራን ነርባዕተና ብምትሕቝቛፍ ተኣምራቱ ኣርኣየና ።

ምርኻብ ጥራይ ከይኣክል ድማ ፡ ኣርባዕተና ንብረትን መዓርግን ሽመትን ስለ ዝሃበና ፡ ንእግዚኣብሔር ፈሪህካ ምኻድ ትርፉ እዚ ከም ዝኾነ የረድኣና " እናበለ ነቶም ኣብ የማነ ጸጋም ፍርዲ ኪሰምዑ ተኣኪቦም ዝነበሩ መኳንንትን ህዝብን ኣስፊሑ ኣጋኒኑ ተዛረቦም።

ንዝጊ ኣይኣምን ግን ፡ ነባሮ ንሞት ደኾን ይፈርዶ ይኸውን እናበሉ ከለዉ ፡ እግዚኣብሔር ካብ ዘራኸበና ፡ ካብ ናይ ሰብ ቅጽዓትስ ናይ እግዚኣብሔር ቅጽዓት ይኣኽለካ ፡ ሰበይተይ ሒማይን ኣስኬማይን ኣደ ደቀይን ኣቦ ሓዎምን ሓውቶምን ስለ ዝኾንካ ድማ ፡ ብዝገ

በርካዮ ተጣዒስካ ፡ ብጽቡቕ ከተናብራ እናኣማሕጸንኩኻ እለቀ ኣሎኹ ” ኢሉ እንደገና ናይ ርሕራሐኡ ምልክት እናርአየ ፡ ሓጊዙ መሪቑን ኣፋንዎ'ሞ ፡ ምሉእ ዓድን ጉደቦን ከኣ በዚ ዘይውዳእ ቅ ዕናኡን ደግነቱን እንደገና ንሃይለ - መልጢ ተዛረቡሉን ኣማስዉሉ ይብሃል ።

# ምዕራፍ 5

## ሰብኣያ እተፍቅር ሰበይትስ ካብ ኣንበሳ ኣይትፈርህን

ሓደ ሰብኣይ ፡ ብበዓልቲ ቤቱ ብዙሕ ሕጉስ ስለ ዘይነበረ ፡ ወትሩ ኣምስዩ ንገዝኡ ይኣቱ ነበረ ። ሓደ መዓልቲ ፡ በዓልቲ ቤቱ ብዛዕባ ከምዚ ዝበለ ልማዳዊ ምድንጓዩ ኣንጸርጺራ ኣብ ኣባት ነፍሶም ቀሪባ ፡ “መምህረይ ! እንጌራይ ነቒጹ ፡ ጸብሒይን ስዋይን ከኣ ዝበልያ ዝሰትዮን ስኢኑ መጺጹ'ሞ ኣፋትሑኒ” ኢላ ለመነቶም ።‘

ንሶም ከኣ ፡ ነገራ ተጠንቂቖም ብዝሰምዑ ፡ ጭንቅኺ እዚ ካብ ኮነስ ክፋታሕ ኣይትበሊ ፡ ብጊዜኡ ገዛ ዘእቱ ፡ ፍቓድኺ'ውን ዘም ልእ ፈውሲ ከም ዘሎ ኣፍልጠኪ ኣሎኹ” በልዋ ።

ንሳ ኸኣ ፡ “እሰይ ! ዘይንሱ ደኣ ኢየ ደልየ ዘሎኹ...ካብኡ ተረፈ ንበዓል ቤተይ ኤፍቅሮ ኢየ ። ዝኾነ ኾይኑ ፡ በጃኹም ብቕል ጡፍ ንገሩኒ...! ” ኢላ ሃወኸቶም ።

ግናኸ ፡ ንሶም እዚ ፈውሲ እዚ ብቕልጡፍን ብቐሊል መንገድን ኪርከብ ከም ዘይከኣል ኣፍለጡዋ ። እንተኾነ ንሳ ፡ “ጥራይ ደኣ ንገ ሩኒ እምበር ፡ ንምርካቡስ ዝኾነ ይኹን ተግባር ፈጺመ ከም ዘምጽኦ ኤፍልጠኩም ኣሎኹ...“በለቶም ።

ድሕር'ዚ ፡ “ይኽእሎ ካብ በልኪ እምበኣር ፡ ኣንበሳ ብሕይወቱ ከሎ ካብ ገጹ ጸጕሪ ቀንጢብኪ እንተኣምጺእኪ ፡ ምስኡ ኣቃሚምካ ዚስተ ፈውሲ ኢዩ'ሞ ፡ ቅድሚ ዡሉ እዚ ዝብለኪ ዘለኹ ጸጕሪ ኣን በሳ ከተምጽእለይ የድሊ....” በሉዋ ።

ንሳ ድማ ፡ “ጥራይ ደኣ ሓዳረይ በዚ ጸጕሪ እዚ ይደልድለለይ እምበር ፡ እዝስ ካባይ ድለዩዎ ፡ ግዲ የብልኩምን...” እናበለት ፡ እቶም ኣባት ነፍሳ በዚ እናተገረሙ ጸጕሪ ናይ ሕያው ኣንበሳ ቀን ጢባ ከተምጽእ ካብኦም ተሰናቢታ ከደት ።

ድሕር'ዚ ፡ ኣቕዲማ ናብ ወለዳ ከደት ፡ ንኣታቶም'ውን ጭንቃ ኣካፈለቶም እሞ ፡ ዝሓሰቦ ነገር ኣሎኒ ኢላ ከኣ ወጠጦ ከለቅሑዋ ለመነቶም ።


ንሳቶም ከኣ እናተገረሙ ፡ ንሓዋ ወጠጦ ሂቦም ፡ ኣብቲ ኣንበሳ ማይ ዚሰትየሉ ንሓውትኻ ኣብጽሓያ ኢሎም ለኣዥዎ ። ንሱ ድማ ከም መልእኽቱ ፡ ኣብታ ኣንበሳ ማይ ዚሰትየላ ርባ ኣብጽሓ ፡ ኣብኡ ከኣ ልክዕ ከም እተቛጸሩ ኣንበሳ መጸ ። ንእኡ ብዝረአየቶ ብርቱዕ

ድንጋጸን ፍርሓትን ወረሳ ። አንበሳ ግን ፡ ወጠጦኡ ስለ ዝረኸበ ንኣኡ ኣልዒሉ ቈርጢሙን ቈራጢሙን ማዩ ሰትዩ ገለ ከይገበራ ከደ።

አንበሳ ምስ ከደ ፡ እቲ ሓዋ እዛ ሓውተይ እንታይ ኮን ወሪዱዋ ትኸውን እናበለን እናሰንበደን ጐይዩ መጸ ። ንሳ ከኣ ብፍርሃትን ራዕድን ኣእምሮኣ ጠፊኡዋ ጸንሓቶ ።

ንሱ ፡ ብህይወታ ብምርካብ እናተሓጐሰ ፡ "በሊ ሕጅስ ንዓድና ንመለስ..." በላ ። ንሳ ግን ፡ እንደገና ወጠጦ ደኣ ኣምጸኣለይ'ምበር እቲ ዝደለኹዎ ከይረኸብኩስ ኣይምለስን ኢየ..." በለቶ ።

"አንቲ ሓውተይ እንታይ ኰንኪ ኢኺ ዓቕሊ ዘይትገብሪ ፡ እቲ ሓሳብኪ ኪፍጸም ዘይከኣል ኮይኑ ስለ እተሰምዓና እኮ ኢና ፡ ነዚ ቀዳማይ ወጠጦ ኣብነት ኪኾንኪ ኢልና ዝሃብናኪ ። ስለ'ዚ ፡ ናቱ ዕድል ኣርኣያ ኮይኑኪ ይኸውን ኢዩ'ሞ ፡ ንዕናይ ደኣ ንዓድና ንመለስ" ኢሉ ኪምለሱ ኣምሪሩ ለመና ።



እታ ሰብኣያ እተፍቅር ሰበይቲ ብዘይ ፍርሃት ካብ ገጽ
አንበሳ ጸጕሪ ቀንጢባ ኣትረፈት

ንሳ ግን ፡ ፈጺማ ስለ እተሓስመቶ ፡ ከም ልማኖኣ ካልኣይ ወጠጦ ኣምጸኣላ ። ነዚ ካልኣይ ወጠጦ'ዚ ከኣ ፡ ከምቲ ቀዳማይ ኣብቲ ሩባ



ኣሰረቶ ፡ አንበሳ ድማ ምስ ኵሉ ግርማኡ መጺ'ሞ ፡ ከም ቀደሙ ነቲ ወጠጦ ኣልዒሉ ሰባቢሩ ቈርጠሞ ። ንሳ ግን ፡ ኣብቲ ቀዳማይ ጊዜ'ኳ ብዙሕ እንተፈርሔት ኣብዚ ካልኣይሲ ብዙሕ ከይሰንበደት ተዓዘበቶ።

አንበሳ ወጠጦኡ ብዝበልዐ ፡ ማይ እውን ብዝሰተየ ፡ መገዱ ከደ። ወዮ ተሓቢኡ ዝነበረ ሓዋ ድማ ፡ "ሎምስ ብዘይ ጥርጥር ኣቃቢጹዋ ይኸውን ኢዩ" እናበለ ፡ ኣብቲ ርባ መጸ ። ርእዩ ብዘበላ ድማ ብህይወታ ምህላዋ ብዙሕ ተገረመ'ሞ ፡ "ሕጂኸ ቀቢጽኪዶ! ድሕርዚኸ እንታይ ክትደግሚ ኢኺ" ኢሉ እናገሰጸ ኣብ ሓዳራ ክትምለስ ለመና።

ንሳ ድማ ፡ "ዘምጸኣኒ ጕዳይ ከየቕናዕኩስ ምንም ኣይከይድን ኢየ'ሞ ፡ ሕጂ'ውን በጃኻ ሳልሳይ ወጠጦ ኣምጽኣለይ..."በለቶ ።

ንሱ ግን ፡ "እዛ ሓውተይ ብሓቂ ዓቢዳ ኢያ" ኢሉ ኣንጸርጸረ ። እንተኾነ ብዙሕ ዘፍቅራ ስለ ዝነበረ ፡ ከይፈተወ ንልማኖኣ ተቐቢሉ ሳልሳይ ወጠጦ ኣምጸኣላ ።

እታ ሓውቱ ከም ልማዳ ፡ ነቲ ወጠጦ ኣብ ርባ ኣሰረቶ ። አንበሳ'ውን ከም ልማዱ ኣብኡ መጺኡ ሰባቢሩ ቈርጢሙ በልዖ ። ገጹ መሊሱ ኪኸይድ ከሎ ድማ ፡ ብዘይ ፍርሓት ካብቲ ተሓቢኣቶ ዝነበረት ሳዕሪ ቦሎኽ ኢላ ወጺኣ ፡ ኪሓልፍ ከሎ ኢዳ ወጢጣ ካብ ገጹ ጸጕሪ ቀንጢባ ኣትረፈትሉ'ሞ ፡ ንሱ ድማ ፡ እቲ ዝመገቦ በየናይ ምኽንያት ከም ዝነበረ ተረዲኡ ገለ ከይገበራ ቍሊሕ ኢሉዋ ጥራይ መንገዱ ቀጸለ ።

ድሕር'ዚ ፡ ነቲ ጸጕሪ አንበሳ ሒዛ ናብ ኣቦይ ቀሺ ተመሊሳ ሃበቶም ። ንሶም ፡ ንመጀመርያ ጊዜ ምእማን ስኢኑዋ ፡ ብዛዕባ ኣመጻጽኣኡ እውን ኣበርቲዖም መርመሩዋ ። ንሳ'ውን ነቲ ዝረኸበቶ ኵሉ ፈተነ ዘርዚራ ኣዘንተወትሎም'ሞ ፡ በቲ ድፍረታ እናተገረሙ ድማ ፡ "በሊ ኣነስ ፈውሲ የብለይን ክታብ የብለይን ፡ ግዳ ፡ ከምቲ ነንበሳ ዝፈራህክዮን ፡ ቀጺልኪ ከኣዘገልገልክዮን ፡ ክንደይ ጭንቅን መከራን ኣሕሊፍኪዮ ዘሎኺ ፡ ልክዕ ከምኡ ገይርኪ ነቲ በዓል ቃል ኪዳንኪ ክትፈርህዮን ከተቀባጥርሉን ይግበኣኪ ። እዚ ምስ ገበርኪ ፡ ኣብ ልቡ እንተ ዘይተመልሰ ግን ፡ ብድሕሪኡ ምጽኒ'ሞ ክፋትሓኪ..." ኢሎም ኣሰናበቱዋ ።

እታ ሰበይቲ ፡ ካብ ሰብኣያ ጥራይ ዘይኮነስ ፡ ካብኣ እውን ጕድለት ከም ዘሎዋ ተሰምዓ'ሞ ፡ ከምቲ ኣባት ነፍሳ ዝበሉዋ ከም እትገብር እናተማባጽዐት ናብ ሰብኣያ ተመልሰት ። ድሕር'ዚ ፡ ንመጀመርያ ጊዜ ሰብኣያ ከም ኣመሉ እናምሰየ ፡ ሰኺሩ ይመጽእ ነበረ ። ነገር ግን ፡ ድሕሪ ሓጺር ጊዜ ፡ በዓልቲ ቤቱ ኣመላ ከም ዝለወጠት

ተረድኤ'ሞ ፡ ነቲ ቀደም ዝገብሮ ዝነበረ ብምሕሳብ ኪጠዓስ ጀመረ። ንዚ.መጽእ ጊዜ ከኣ ፡ ከምዚ ዝበለ ጽቡቕን ምቕሉልን አቀባብላ ካብ ረኸብኩስ ብሰላምን ብጥዕናይን ገዛይ ክአቱ ኢሉ ብምሕሳብ አብ መልኣኹ ተመልሰ ።

ድሕር'ዚ ፡ እታ ሰበይቲ ፡ ወዮ ዝበልኩሙኒ ፈውስስ ብሓቂ ረኺበዮ ኢየ'ሞ ፡ ብዝሃብኩሙኒ ምዕዶ ኤመስግነኩም ፡ ናይ ፍትሕ ሓሳብ እውን ፈጺመ ከም ዝሓደግኩዎ ኤፍልጠኩም ኢሎኹ ኢላ ተሳናቢታቶም ከደት ።

# ምዕራፍ 6

## ወላዲ ንውላዱ ዝሓደገሉ ምዖ ናይ ዓለም መናባበሪ ውርሻ

ሓደ ጊዜ ፡ ሓደ ሃብታም ሽማግለ ሰብኣይ ነበረ ። ክንብር ክንብር ጊዜ ዕረፍቱ ብዝቐረበ ፡ ሰለስተ ደቂ ነበርዎ'ሞ ፡ ብድሕሪ ሞቱ ፅግርግር ምእንቲ ከይአትዎም ፡ "ሽምጊለ ስለ ዘሎኹ ክመጽኒ ዝኽእል ክፈልጥ አይክእልን ኢየ እሞ ፡ መነባብሮኹም ከፍልጠኩም ስምዑኒ" ኢሉ ንደቁ አብ ዙርያ ዓራቱ አከቦም ።

ሰለስቲኦም ብዝኸበቡዎ ድማ ፡ ሰለስተ ሕቍም ገንኢ አቕሪቡ ነናቶም ዓደሎም ። እዚ ኪገብር ከሎ ፡ እቲ ገንእታት ብድሕሪ ሞቱ እንተዘይከይኑ ፡ ብህይወቱ ክሳዕ ዘሎ ከይከፍትዎ አማሕጺኑ ሃቦም ።

እቶም አሕዋት አቦኦም ብዝዓረፈ ፡ ሓዘኖም'ውን ምስ ወድኡ ፡ ገገንኦም ከፈቱ ። እቲ በኹሪ ፡ መሬት ዝመልኤት ገንኢ ጸንሐቶ ። እቲ ምንኣሱ ፡ ዒባ ዝመልኤት ገንኢ ጸንሐቶ ። እቲ ሕሳስ - ልደት ግን፡ ቅርሺ ዝመልኤት ገንኢ ጸንሐቶ ።

እቲ ቅርሺ ዝወረሰ ኬንጸባርቕ ብዝረአዮ ፡ ዓይኑ እናፍጠጠ ፡ ብዘይ መጠን ከኣ እናተሓጐሰ ፡ አብዚ እንሆ ሃብቲ ኢሉ ጨበጠ ፡ እቶም ወረስቲ ገንኢ መሬትን ዒባን ከኣ ንትዕድልቶም ብዝረአዩ ፡ ንበዓል ወርቂ ብዙሕ ቀንኡሉ'ሞ ፡ "ናይ አቦ የዋርስ ፡ ናይ አደ የጽርስ" ኢሎም ካብቲ አቕራሽ ኪመቕሎም ለመኑዎ ።

ንሱ ግን ፡ "አቦና ክሎ ብህይወቱ ፡ ከይአቶ አብ መሬቱ ፡ ገን ዘብና አፍሊጡና ካብ ዚ.መውት ፡ ሕጊ ምንም ምቐል አይብለንን ኢዩ" ኢሉ ተቓወሞም እሞ ፡ በዚ ምኽንያት'ዚ ከኣ ገዚዞም ናብ ዳኛ አቕረቡዎ ።

አብ ዳኛ ቀሪቦም ነገሮም ዘርዚሮም ብዘፍሰሱ ፡ እቲ ዳኛ ነገሩ ስለዝበርትየን ትርጉሙ ንምፍታሕ ስለ ዝሸገሮ ፡ ኪተዓረቑ ለመኖም ። ግናኸ ፡ ስለ እተሓሰሙዎ ፡ ነቲ ነገሮም ንሱ ክበትኮ ከም ዘይኽእል አፍለጦም ።

ነዚ ነገር'ዚ ብዝተነጸረ ፍትሒ ዚውስንዎ ፡ ደቂ - በታኽ ስርዓት ዚበሃሉ ሰለስተ አሕዋት ከም ዘለዉ'ሞ ፡ አብ ሰለስቲኦቶም ኪኸዱ ፡ መኺሩን ሓቢሩን አሰናበቶም ። ንሳቶም ከኣ ፡ ንምኽሩ ተቐቢሎም አብቲ ዝሓበሮም ዓዲ ኪኸዱ ተበገሱ ።

ክኸዱ ክኸዱ ፡ አብ እግረ መንገዶም ፡ ዕጹብ ዝኾነ ነገራት በብጊዜኡ ተጓነፎም ።

እዚ ከአ ቅድም ተመን ብአፋን ብድሕሪኡን ዚበልዕ ረአዩ ። በዚ ምግራሞም ክይወድአ ከለዉ ! ድማ ፡ ካብኡ ሕልፍ ብዝበሉ ፡ ወጠጦ ንጕላ (መሬት) ብቐርኑ ኪወግአ ተጓነፎም ። አብዚ ከአ ካብ ቅድም ብሕልፊ ተገረሙ ።

ካብኡ ሕልፍ ብዝበሉ ድማ ፡ ካብኡ ዝገደደ ነገር ረአዩ ። እዚ ከአ ፡ "ካባ" እተኸድነ ዝብኢ ተጓነፎም ።

"ወይ ጉድ ! እንታይ ዝመስለ መንክራት ረኸብና" እናበሉ ኪግ ረሙ ከሎዉ ከአ ፡ ሕልፍ ኢሎም "አድጊ ናብ ሰውሒ ፡ ፈረስ ናብ ከውሒ" ረአዩ ።

በዚ እውን እናተገረሙ ከሎዉ ፡ ወኻርያ ወርቅን ሉልን ሸልማት ተሸሊማ ተጓነፊቶም ። በዚ ብዙሕ ተገረሙ ፡ ሕልሚ ድዩ ጋሀዲ እና ተበሃሃሉ ከአ ፡ ነንሓድሕዶም ተሓታተቱ ።

እዚ ክይአኸሎም ከአ ፡ ሕልፍ ብዝበሉ ፡ ጥንስቲ ከልቢ ፡ ንሳ ስቕ ኢላ ፡ እቶም ደቃ ከአ አብ ውሽጢ ከብዳ ከሎዉ ውሕ - ውሕ እናበሉ ምሕላፍ ክልኡዎም እሞ ፡ ዓዲ አጋንንቲ ዝረገጹ ኮይኑ ተሰ ምዖም ።

ብኸምዚ ዝበለ ናይ መናፍስቲ ትርኢት እናረአዩ ፡ ብፍርሃትን ስንባድን ኪጕዓዙ ብዝወዓሉ ፡ አጋ ጊዜ ኪኸውን ከሎ ፡ አብ ዓዲ ደቂ "በታኽ ስርዓት" አተዉ ።

አቐዲሞም ብአጋጣሚ አብ ገዛ እቲ ሕሳስ - ልደት (ንእሽቶ ዅሎም) አተዉ ። ንሱ ግን ፡ አረጉ ፡ ብርኩ ድማ ተጨቢጡ ጸንሖም። ተላሊዮም ብዘብቅዑ ከአ ፡ ዘምጽአም ነገራት ዘርዚሮም ነገሩዎ ።

ሽው ንሱ. "እዚ ነገር'ዚ ዓቢይ ሓወይ ኢዩ ክፈትሖ ወይ ክበ ትኮ ዝኽእል'ሞ ናብኡ ደአ ኪዱ እምበር አነስ ክፈትሖ የሸግረኒ ኢዩ" ኢሉ ሓቢሩ አሰናበቶም ።

ንሳቶም ከአ ፡ "ንስኻ ዝሸምገልካን ዓዲ ዝወዓልካን እኳ ክትፈ ትሓልና ዘይከአልካስ ፡ ካባኻ ዚዓቢ ደአ እንታይ ፍትሕን ስርዓትን ኬውጽአልና ይኽእል ኢዩ" ኢሎም ተስፋ እናቖበጹ ካብኡ ተሰናበቱ።

ካብኡ ብዝተፈልዩ ፡ ነንሓድሕዶም ኪጓጀሙ ጀመሩ ። እዚ ከአ፡ 'ንሱ እኳ ብአረጊቱ ኬስልጠልና ዘይከአለስ ፡ ሓደ ካብኡ ዚዓቢ ግዳ ከመይ ገይሩ ክሰምዓና ኢልኩም" እናተበሃሃሉ መንገዶም ኬቋርጹ ድንዕ ድንዕ በሉ ።

እንተኾነ ፡ ገንዘብ ስጋ ሕሱም ስለ ዝኾነ ፡ ከምኡ ከአ ፡ ጕይይ



ውዒልካ ጥቓ ዓዲ አይትድከም" ከም ዝበሃል ፡ አብዚ በጺሕና ዘሎ ጽኣና ከየስለጥና እንተተመለስናስ አይጽቡቕን ኢዩ'ሞ ፡ አብ ዝብጸሕ ደአ ንብጸሕ ተበሃሂሎምን ተሰማሚዖምን አብቲ ዝሓበሮም ገዛ ኪኸዱ መንገዶም አቕንዑ ።

አብቲ ገዛ ብዝኸዱ ፡ ነቲ ማእከላይ ወዲ በታኽ ስርዓት ፡ ካብቲ ምንአሱ ዚንእስ ኮይኑ ረኸቡዎም'ሞ ፡ ንሱ ደኾን ይኸውን ወይስ አይከውንን እናተበሃሃሉ ኪታረኹ ከሎዉ ከአ ፡ ቅልቅል ኢሉ ንሱ ከም ዝኾነ አረጋገጸሎም እሞ ፡ ብድሕር'ዚ ምኽንያት መምጽኢኦም ዘርዚሮም ነገሩዎ ።



ቅድሚ ሙማቱ ንደቁ ሰለስተ ሕቱማት ገንአ. አወረሶም

ንሱ ድማ ፡ ከም ቀዳማይ ሓዉ ፡ "እዚ ፍርዲ እዚ ክብድ ዝበለ ኢዩ'ሞ ፡ አብቲ ዓቢይ ሓወይ ክትከዱ ዝሓይሽ ኮይኑ ይስምዓኒ" ኢሉ መኺሩ አሰናበቶም ። ንሳቶም ከአ ፡ በቲ ዅሉ እተጓነፎም እናጕሃዩ ፡ ከም ምትላል እውን እናሓሰብዎ አብቲ ዝሓበረሎም ቦታ ከዱ ።

እንዳ በኹሪ ወዲ "በታኽ - ስርዓት" ብዝበጽሑ ፡ ንሱ ካብ ክል ቲኦም ንኡሳት አሕዋቱ አዝዩ ዚንእስ ኮይኑ ጸንሖም ። ንሳቶም በዚ ነገራት'ዚ ብዙሕ ተገረሙ ፡ ምእማን እውን ሰአኑ ። ዅሉ እቲ ዝጓነፎም ዝነበረ ጻርጋ ሕልሚ ስለ ዝነበረ ግን ፡ በዝንዚ ጊዜኦም ከየጥፍኡ ተላልዮም ፡ ዘምጽአም ዅሉ ነገራት ዘርዚሮምን አስፊሖምን ነገርዎ ።

ንሱ፡ ነገራቶም ጽን ኢሉ ሰምዖም፡ ቀጺሉ ከአ፡ “አጋይሽ ስለ ዝኾንኩም ቅድም ዕረፉ፡ ማይ ስተዩ፡ እንጌራ ከአ ብልዑ፡ ድሕሪኡ እቲ አባኢሉ አምጺኡኩም ዘሎ ነገራት ክፈትሓልኩም ኢየ” በሎ ም’ሞ፡ ሕራይ ኢሎም አዕረፉ።

ብዘዕረፉ ከአ፡ “እምበአርከስ፡ እንኳዕ ደአ አይተበአስኩም፡ ደም እውን አይተፋሰስኩም’ምበር፡ አቦኹምሲ ንስለስተኹም ዘሐጉስ ውርሻ መቒሎም ኢዮም ሓዲጎሙልኩም ዘሎዉ። ስለዚ ክትምርቑዎምን ክተመስግንዎምን ኢዩ ዚግባአኩም”እናበለ ዘረባኡ ከፈተ።

እዚ ከአ፡ “አንታ በዓል ቅርሺ! ንርእስኻ ንጉስ ኢኻ፡ ክፍልኻ ንግድ ኢዩ” ኢሉ ንበዓል ቅርሺ ትርጉም ውርሻኡ አብርሃሉ።

“አንታ በዓል መሬት! ንርእስኻ ንጉስ ኢኻ፡ መሬት አቦኻ ዝኾነ ሓረስካ እኽልኻ አፍረኻ፡ ንህዝቢ ክትምግብ ዓዲሉካ አሎ፡ ስለዚ ክፍልኻ ሕርሻ ኢዩ” ኢሉ ከአ ንብዓል ገንአ. መሬት ትርጉም ውርሻኡ አብርሃሉ።

“አንታ በዓል ዒባ! ንርእስኻ ንጉስ ኢኻ። ክፍልኻ ከአ አቦኻ ዝገደፈልካ ከብትኻ ጓሲኻን አፍረኻን ምንባርካ ኢዩ” ኢሉ ንብዓል ገንአ. ዒባ ትርጉም ውርሻኡ አብርሃሉ።

ከምዚ ኢሉ ብዝፈትሓሎም፡ ሰለስቲኦም አሕዋት በዚ ናይ አቦኦም በረኸት ብዙሕ ተሐጒሶ። ብፍርዲ ወዲ “በታኸ ስርዓት” እና ተሐጒሶ ከአ፡ ከም ፍታው አቦኦም ወርቅን መሬትን ከብትን ኪካፈሉ ተሰማሚዖም ንዓዶም ኪምለሱ ተበገሱ። ግናኸ፤ ብፍርዲ ወዲ በታኸ - ስርዓት አዚዮም ተሓጒሶም ስለ ዝነበሩ፡ ተመሊስናስ ነቲ አብ እግረ - መንገድና እትንኒፍና መንክራት ፍትሓልና ዘይንብሎ ኢሎም ንሓድሕዶም ተሰማሚዖም እንደገና ተመልሱዎ።

አብኡ ብዝተመልሱ ድማ፡ “ቢቲ ዝቐደመ ዘረባኻን ፍርድ... ስለእ ተሐጒስና፡ አብ እግረ - መንገድና ብዙሕ ተአምራት ዝኾነ ...ራት ተንኒፉና አሎ’ሞ፡ ንእኡ ክትፈትሓልና ንልምንካ አሎና” በልዎ... ፍቕደሎም ከአ ዝሉ ነቲ ዝረአዩዎ ተአምራት በብሓደ አዘንተዉ።

ብዛዕባ’ቲ ተመን ብአፉን ብድሕሪኡን ኪበልዕ ዝረአዩዎ ከምዚ ኢሉ ፈትሐሎም፡ “ካብ ክልተ ሰብ ነገር ወርቂ ዝበልዑ፡ ነገሮም ክይቈረጹ፡ ንስኻ ጽባሕ፡ ንስኻ ጽናሕ፡ እናበሉ ዘታልሉ፡ ገንዘቦም ክሳዕ ዝውዳእ፡ ተናገርቲ ጉልበቶም ክሳዕ ዝደኽሙ ዝጻንዩ ፈረድቲ ኪረአዩ ማለት ኢዩ።

ብዛዕባቲ ወጠጠ ንጉላ ብቀርኑ ኪወግአ ዝረአዩዎ ድማ፡ ከምዚ



ኢሉ ፈትሓሎም፡ “እታ ጓል ብንእሽቶኣ፡ ወዲ እውን ብንእሽቶኡ አቦታትና ይፈልጡ ዘይብሉ፡ ፈቐዶ በረኻ ከም እንስሳ መውስቦ ዝገብሩ ኪፍጠሩ ኢዮም ”ኢሉ ፈትሓሎም።

ብዛዕባ’ቲ፡ ዝብኢ ካባ ተኸዲኑ ተጓኒፉና ዝበሉዎ ድማ፡ ከምዚ ኢሉ ፈትሓሎም፡ “ድሕሪ ነዊሕ ጊዜ፡ ካህናት ኢና፡ ፈለስቲ ኢና እናበሉ፡ ግብረ ክህነትን ግብረ ምንኩስናን ዘይገብሩ ክፍጠሩ ኢዮም” ኢሉ ፈትሓሎም

ብዛዕባ’ቲ፡ አድጊ አብ ሰውሒ፡ ፈረስ አብ ከውሒ ዝረአዩዎ ድማ፡ ከም’ዚ ኢሉ ፈትሓሎም፤ “ጭዋ ዝዋረደሉ በዓለገ ግን ዝኸብረሉ ጊዜ ክመጽእ ኢዩ . . . ” ኢሉ ፈትሓሎም።

ብዛዕባ’ታ ወኻርያ ተሸሊማ ዝረኸቡዋ ድማ፡ ከምዚ ኢሉ ፈትሓሎም፡ “ጭዋ ጓለንስተይቲ ክትዋረድ ኢያ፡ መኽደን ሕፍረታ’ውን ጨርቂ ክትስእን ኢያ፡ በዓለገ ጓለንስተይቲ ግን፡ ካብ ጽጕሪ ርእሳ ክሳዕ ጽፍሪ እግራ ሓሪር ክትክደን፡ ወርቅን ብሩርን ክትሽለም ኢያ” ኢሉ ፈትሓሎም።

ብዛዕባ’ታ ጥንስቲ ከልቢ፡ አብ ውሽጢ ከብዳ ከሎዉ ውሕውሕ እናበሉ ምሕላፍ መንገዲ ዝኸልአዎም ኲራኽር ድማ፡ ከምዚ ኢሉ ፈትሓሎም፡ “ውሉድን ወላድን አብ ባይቶ ኪወጹ ኢዮም’ሞ፡ ወላዲ ኪዛረብ እንተደለየ፡ እቲ ውላድ፡ አየናይ ኢልካዮ ኢኻ ዘረባ ሎም ዘመን፡ ንስኻ ስቕ በል ንሕና ክንዛረብ ዚብሉ ኪፍጠሩ ኢዮም” ኢሉ ፈትሓሎም።

ነዚ ቃላት’ዚ ጽን ኢሎም ብምግዳስ ብዝሰምዑ፡ ብዛዕባ’ቲ አቐዲሞም ዝረአዩዎ ብዘይ መዓልቲ ዝአረገ ሕሳስ - ልደት ሓዉ ምኽንያት መእረጊኡ ሕማም ወይ ስእነት ከይከውን ጠየቕዎ’ሞ፡ ከምዚ ኢሉ ገለጸሎም፡ “ንሱ ምስ እንጌራኡ ከሎ ካብ ክልቴና ዓበይቲ አሕዋቱ አሪጉ ዝረአኹምዎ፡ ሰበይቱ ከም ዕኮት ስለ ዝኾነት ኢያ። ከም እትፈልጡዎ፡ ዕኮት መዓር የብሉን፡ ሕንዚ ድማ ብዘይልክዕ መሪር ኢዩ። ሰበይቱ ድማ ብሕማቕ መልሓሳን ብሕማቕ ግብርን እተናብሮ ስለ ዝኾነት ካብ ክላትና አሪጉ ተበላሽዩ ይርከብ አሎ’ም በር ዕድሚኡስ ከም’ቲ ዝበልኩኹም ንእሽቶይ ከም ዝኾነ ባዕለይ ኤረጋግጸልኩም . . . ” ኢሉ አብርሃሎም።

ቀጺሎም ከአ፡ ብዛዕባ’ቲ ካብኡ ዚዓቢ ኮይኑ እትራእዮም ማእከላይ ሓዉ ሓተትዎ። ንሱ ድማ፡ ከምዚ ኢሉ መለሸሎም፡ “ሰበይቲ ከም ንህቢ ኢያ። ንህቢ ከም እትፈልጡዎ፡ ጥዑም መዓር እንተአብልዐኻ፡

ሕንዙስ መሪር ኢዩ፣ ሰበይቱ ክአ ልክዕ ከም ንህቢ፣ ጽቡቕ መግቢ እናመገበት፣ መልሓሳ መሪር ስለ ዝኾነ ብዘይመዓልቱ አረጉስ ካባይ ዚዓቢ መሲሉ ርኢኹምዎ አሎኹም ” ኢሉ ገለጸሎም ።

አብ መወዳእታ ድማ፣ እናተገረሙ፣ “ በል ናይቶም ክልተ ንአሽቱ አሕዋትካስ ተዛሪብካና፣ ንስኻኽ ካብ ኩላቶም እትዓቢ ክንስኻስ በየናይ ምኽንያት ኢኻ ካብ ኩሎም እትንእስ ኮይንካ እትርከብ ዘሎኻ ? ” ኢሎም ሓተቱዎ ።

ንሱ ድማ፣ አነ ካብ ኩሎም ንእሽቶ ኮይነ ዚርአ ዘሎኹ፣ በዓልቲ ቤተይ ጽጌና ኢያ ። ከም እትፈልጡዎ፣ ጽጌና መዓሩ አብ ውሽጢ መሬት አንቢሩ፣ አይናኽስ አይዋቐስ ኢዩ'ሞ፣ መዓሩ ድማ ጥዑም አብ ልዕሊ ምኽኑ፣ ፈውሲ ዚኸውን ኢዩ ። ስለ'ዚ፣ በዓልቲ ቤተይ ዘይትቋየቑ ሰላማዊት ጓል ሕዋን ስለ ዝኾነት ከም ጽጌና ክትምስል ትክእል ኢያ'ሞ፣ በዚ ዚአክል ክአ፣ ብዘይ መዓልተይ ከይአረግኩ፣ ምንአስ ንኡሳት አሕዋተይ ድማ መሲለ እናተኻየድኩ ይነብር አሎኹ ኢሉ ገለጸሎም ።

ንሳቶም ክአ፣ በቲ ኩሉ ዓሚቑ ዝኾነ ዘረባኡ ተገሪሞምን ተሓጒሶምን ሰለስቲኦቶም ካብቲ ካብ ወላዲኦም ዝወረሱዎ ወርቅን መሬትን ከብትን አካፊሎም ብዘብቅዑ፣ አመስጊኖም ብሰላም ንዓዶም ተመልሱ'ሞ፣ አብኡ ብዝበጽሑ ክአ፣ ንደቅ ዓዶም ብዛዕባ ደቂ በታኽ ስርዓት ዝበየኑሎም ብይንን፣ ናይ ዝረአዩዎ ትእምርትን ዝተገልጸሎም ትንቢትን እናዋግዑ መዋእሎም አሕለፉ ።

# ምዕራፍ 7

## ዘይሓስብ አይንገድ

አብ ሓደ ዓዲ፣ አምሩ እተባህለ ነጋዳይ ነበረ ይበሃል ። ንሱ ሰብ ዝገበሮ ክገብር ዚብል ቅንኢ እንተነበሮ'ኳ፣ እቲ ዝገብሮ ዝነበረ ዕዮ ከይሓሰበን ከይመርመረን ዝጅምሮ ብምንባሩ፣ አብ መንጎኡ ፋሕ ይብሎን ይሰናኸሎን ስለ ዝነበረስ አብ መፈጸምታ ከየብጽሐ ተስፋ ብምቝራጽ የመንግዎ ነበረ ።

ካብታ ወለዱ አምሲሎም ሓዳሩ ዘውጽኡዎ መዓልቲ ክሳዕ ዕለተ ሞቱ እቲ ብታህዋኽ ጀሚሩ ከይፈጸሞ ዘቋረጾ በበይኑ ዝዓይነቱ ስራሕን ብሰሩ ዘጥፍአ ርእስ - ማልን ዝደኸሞ ጕልበትን ብዙሕ ነበረ ።

አብ ምውጻእ ሓዳሩ ብወለዱ እተዋህቡዎ መውጽእ ሓዳር ጽምዲ ብዕራይ ነበርዎ ። አብ ልዕሊ እዚ ክአ፣ ከም ኩሎም ዝመሰሉ ደቂ ዓዱ አብ ዋሬዳ እተማቐሎ ግራሁ ተዋሂቡዎ ነበረ ።

አምሩ፣ (ከምቲ አብ ላዕሊ እተባህለ) ሰብ ዝገበሮ ኪገብር በሃሊ ኢዩ ዝነበረ'ሞ፣ አብቲ ግብሪ እተቐበለሉ መጀመርታ ዓመት፣ ከም መዳውብቱ መሬቱ ሓረሰን ዘርኡን ። እዚ ኪገብር ከሎ ግን፣ እቲ ግራቱ ድሕሪ ካልአት ስለ ዝሓረሶን ዝደኾዖን ዝዘርአን ዝጕልጐሎን ካብ ናይ ኩሎም ደቂ ዓዱ አዚዩ ዚውሕድ እቶት ሃቦ'ሞ፣ በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ፣ ብዛዕባ እቶቱ ንዝሓተቱዎ ደቂ ዓዱ፣ ንጕድልነቱን ስንፍንኡን ድንቍርናኡን ሓቢኡ መሬት ከም ዝጸበቦ፣ አምላኽ እውን ከም ዘይሓገዞ አምሲሉ የማኽኒ ነበረ ።

ናይ አምሩ ግራሁ ጸቢብ እንተነበረ'ኳ፣ ስቡሕ ከም ዝነበረ ኩሎም ደቂ ዓዱ ይፈልጡ ነበሩ ። እቲ ክህሎ ዝግባእ ዝነበረ ብርኩትፍረ እንተ - ዘይሃቦ ክአ፣ ብእዋኑ ዝድኮዖን ዝጕልጐሎን ስለ ዘይረኸበ ኢዩ እናበሉ ይሓምዩዎ ነበሩ ። ሓደ መዓልቲ፣ አምሩ ብዛዕባ እቶት ግራቱ ምስ ሓደ ዓርኩ ኪዋግዕ ከሎ፣ ምኽንያት ዋሕዲ እቶቱ ካልእ ዘይኮነስ ናይ መሬት ምጽባብ ጥራይ ከም ዝኾነ አምሲሉ ተዛረቦ ።

እቲ ወዲ ዓዱ፣ ናይ አምሩ መሬት አጸቢቑ ይፈልጦ ስለ ዝነበረ፣ “ በል ዓርከይ ነዚ ምላኽ ዘላ ግራት ጸቢባትኒ ካብ በልካ፣ ምስታ አብ መሮር አህባይን መፋልስን እትርከብ ሰፋሕ ግራተይ ዘይንላወጥ ... ወይ ጕድ ! አነ እኳ ዘሎኹዎ ” ኢሉ ወረያ አቕረበሉ ።

አምሩ ፡ ነታ እቲ ዓርኩ ንለውጢ ዝወፈየሉ ግራት ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብጥቓእ ኪሓልፍ ከሎ ኣጸቢቓ በቝላ ከላ ርእዩዋን ተደኒቑላን ነይሩ ኢዩ'ሞ ፡ ኣብ ክንዲ ካብ ጸዕርስ ካብ መሬት ጥራይ ብርኩት እቶት ዚርከብ ኮይኑ ስለ እተሰምዖ ፡ ዓይኑ ከይሓሰየ ብሀርፋን ተሰማሚዑ ለወጠ ።

ስነ ብዝነጉደ ፡ አምሩ ኣብዑሩ ጸሚዱ ነታ ግራት ለውጢ ኪሓርስ ከደ ። ከምኡ'ውን ፡ እቲ መላውጥቱ ነታ ሓዳስ ግራት ብወገኑ ኪሓርስ ከደ ። ካብ ጊዜ ምልውዋጥ ክሳዕ እዚ ጊዜ'ዚ ፡ እቲ ግራት አምሩ ዝወሰደ ሰብ ፡ ነቲ ኣብ ግራቱ ዝነበረ ኣእማን እናረኣየን ነቲ ሕሩስ እናደነቀዐን አሕለፎ ። አምሩ ግን ፡ ኣብ ፈቐዶ ጸበል እናኸደ ዋንጫ እናጨበጠ ፡ ንእይተ ጻዕሩ ከም እተበለጸሉ ኣምሲሉ እናዋግዐን ፡ ድሕር'ዚ ከኣ ምሸት-ምሸት ፡ ብስኽራን ኣእጋሩ እናማሳቐለ ገዝኡ እናኣተወ ፡ ምስ ደቁን ኣሚኑን እናተሃረመን እናተቛየቘን ጊዜኡ ብከንቱ አሕለፎ ።

ክልቲኣቶም ግራውቶም ብዝሓረሱ ፡ መላውጥቲ አምሩ ግራቱ ክጽሂ ጀመረ ። አምሩ ግን ፡ በዚ ጊዜ'ዚ ፡ ከም ልማዱ ኣብ ፈቐዶ ጸበል ይሰክር ነበረ ። ንሱ ፡ ነቲ ብዝሓለፈ ዓመት እታ ግራቱ ንመላውጥቱ ዝሃበቶ እቶት እናሓሰበ ፡ ብተስፋ ኪጽበ ፡ ክንደ'ዚ ዝኣክል እኽሊ ኣታዊ ኣሎኒ ክኣ እናበለ ፡ ብተስፋ ኪዕደን ኪተዓዳደን ጀመረ ።

ቀውዒ ብዝኾነ ፡ ኣይተ ጻዕሩ ካብ ናይ ቀደሙ ዝብርክት እቶት ክረክብ ከሎ ፡ አምሩ ከኣ ካብ ናይ ቀደሙ ዝውሕድ እቶት ረኸበ ። በዚ ኣንጸርጺሩ ድማ ሕርሻ አይመባልዕተይን ኢዩ እናበለ ፡ ነቶም ዝነበሩዎ ክልተ ኣብዑር ወርሻ ሸይጡን ንዝነበሮ ዕዳ ከፊሉን ንግድ እንተተመሰለሉ ኢሉ ነቲ ካብኡ ዝተረፎ ገንዘብ ሒዙ ኪነግድ ንከተማ ከደ ።

አምሩ ኣቕሑቱ ጠርኒፉ ንከተማ ክወርድ ከሎ ፡ ኣብ እግረ-መንገዱ ንዕዳጋ ዝኸዱ ነጋዶ ተጓኒፉዎም'ሞ ፡ ምሳታቶም ተላልዩ እናተጓጀመ መ'ንገዱ ቀጸለ ። እዚኣቶም ብዛዕባ ዋጋ ዕዳጋን መኽሰብን ይዘትዩ ስለ ዝነበሩ ፡ ንዘረባኦም ብምስማዕ ፡ ብውሽጢ ልቡ ኣብ'ዚ እንሆ ብዙሕ ከይጸዓርካ ሃብቲ ዚህብ ስራሕ ኢሉ ከም ዝሃብተመ ኮይኑ ኪስምዖ ጀመረ ፡ ክምዚ ኢሉ ከኣ ምስኣቶም ንከተማ ኣተወ ። አምሩ ፡ ካባታቶም ተሰናቢቱ ብዝዓረፈን ብዝጠለለን ኣብ ዕዳጋ ወረደ እሞ ፡ ኣብ'ዚ እናዘረ ከኣ ኣብቶም ጉጅለ ጉጅለ ኮይኖም ዚማኸሩ ዝነበሩ ሽቃጦ እናቐረበ ካብ ምኽሮም ኪሰርቕ ጀመረ ።



ኣቐዲሞም ክልተ ዝማኸሩ ወቓዕቲ መለኸት ተጓኒፉዎ ። ምስ እዚኣቶም ብዝተራኸበ ፡ ብዛዕባ ስራሖም እውን ብዝሓተቶም ፡ እቲ ብጊዜ መርዓ ዘእትዉዎ ገንዘብን ካብ ሃብታማት ዝውፈዮዎ ክብትን እኽልን እናጋነኑ ነቲ ብሳላ እዚ እዋን'ዚ ዘሕልፍዎ ክብ ዝበለ ንብረቶም ኣዘንተዉሉ ። አምሩ ንዘረባኦም ኣብ ልቡ ኣሕደሮ ።

ካብኡ ሕልፍ ኢሉ ድማ ፡ ጠስሚ ኣብ ዓዲ ንቑጽ ክቡር ኣሎ ዚብል ወረ ሰምዐ ። ነዚ እውን ኣብ ልቡ ገበሮ ።

ካብኡ ሕልፍ ኢሉ ከኣ ፡ ኣብ ዓዲ ዋሕዲ-ማል ጤል-በጊዕ ክቢረን ከም ዘሎዋ ወረ ዚወሃሃቡ ነጋዶ ሰምዐ ። ነዚ ዘረባ'ዚ እውን ኣብ ልቡ ገበሮ ።

ብድሕር'ዚ አምሩ ፡ “ ኣብዚ እንሆ ናይ ሃብቲ ቀሊል መንገዲ ፡ እግርኻ ከይደኸመ ፡ ርእስኻ ጸሓይ ከይተወቕዐ መኽሰብ ዚህብ ” ኢሉ ሓደ መለኸትን ግንቦ ጠስምን ሓንቲ ጤልን ገዝኤ ። ኣብ ዓዱ እቲ ዝወረሶ ሀና ወለዱ ሰብ ዘኣትዎ ብምስኣን ፡ ኣናጹ ኣትዩናእ ነበረ'ሞ ፡ ንኣታተን ክትበልዓሉ ኢሉ ድማ ሓንቲ ድሙ ገዝኤ ። ነዚ ኹሉ ተማሊኡ ከኣ ናብ ዓዲ ነቐለ ።



አምሩ ፡ ነታ ድሙ ብዝቐትላ ጫፍ ስባር መለኸት ጥራይ ጨቢጡ ተረፈ

ጥሪ ቀሪቡ ስለ ዝነበረ፣ አቐዲሙ ምንፋሕ መለኽት ስለ ኪመ ሃር፣ ኣብ እግረ መንገዱ አዕረፈ። ነቲ መለኽት አልዒሉ ከአ አብ አፉ አቕሪቡ እናነፍሐ . ፋም . . . ፋምም . . .! ክብሉ ጀመረ።

እታ አብ ቅድሚኡ ሳዕሪ ክትጠጥም ዝጸንሐት ጤል ከአ፣ ንመ ቓልሕ መለኽት ብዝሰምዐት ሰንቢዳ ተባረረት።

አምሩ ነዚ ብምርአይ ብወገኑ ሰንቢዱ ልቡ ክሳዕ ዚመልቖ ይድሕረአ ጉየየ። ነገር ግን፣ ክርክባ ብዝቐረበ፣ እታ ጤል አብ ገደል አትያ ሞተት'ሞ፣ በዚ እናስቈርቈረን ነታ መዓልቲ እናረገመን፣ እናሳሀልሀ አብ ቤታኡ ተመልሰ። ግናኸ፣ ብዝተመልሰ እታ ድሙ ነቲ ግንቦ ጠስሚ ልሒሳ ወዲአቶ ጸንሐት'ሞ፣ በዚ አንጸርጺሩ ብዘይ ልቡ ነቲ መለኽት አልዒሉ ብአኡ ገይሩ ክሳዕ ሓሸምሸም ዚብል ርእሳ ጨፍጨፉ ቀተላ።

አምሩ ሜፍ መለኽት ጥራይ አብ ኢዱ ጨቢጡ ብዝተረፈ፣ እንታይ ዝመስለ ትዕድልቲ ወረደኒ እናበለ ክበኪ ጀመረ። አብ ዓዲ ዝነበሮ አዋፊኡ ብዝአተወ ከአ፣ ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ አብ ዓስቢ ወደቐ። በዚ ምኽንያት'ዚ እኳ፣ ደቂ ዓዱ ንክይሓሰበ ክንገድ ዝረአዩዎ ሰብ፣ "እዝስ ንግድ አምሩ" ይመስል እናበሉ መመሰሊ ገበሩዎ ይበሃል።

* * *

# ምዕራፍ 8

## ሰብአይን ሰበይትን ካብ ሓደ መሬት ይፍጠሩ

ግሩም እተባህለ ሓደ በዓል ጸጋ ሰብአይ ነበረ። ንሱ፣ ሓንቲ ጽብቕቲ በቕሊ ነበረቶ'ሞ፣ ምስ ጽቡቕ መሳርን ሰሪሩዋ ኪገይሽ ከሎ ሓደ መዓልቲ ብልሂ እተባህለ መንእሰይ ብአጋጣሚ አብ መንገዲ ተጓነፎ።

ብሓደ መንገዲ ይኸዱ ስለ ዝነበሩ ከአ፣ ብዝተራኸቡን ብዝተላለዩን እቲ ዝኸድዎ መንገድን ዓድን ሓደ ከም ዝኾነ ፈለጡ'ሞ፣ እና ዋግዐ መንገዶም ቀጸሉ።

ብልሂ ብዙሕ ተዛራቢ ነበረ። ስለ'ዚ አይተ ግሩም ብሰጋር በቕሎም ንሱ ከአ ብእግሩ ዞኽዞኽ እናበለ ኪኸዱ ከሎው አፎም ምኽፋት ስለ ዝአበዩዎ ትዕግስቲ ምግባር ልቡ ሃወኾ'ሞ፣ ከይደንገየ ነታ ሰጋር በቕሎም እናረአየ፣ ከምዚ ቢሉ መልዓል ነገር ተዛረቦም፣ "አየ በቕሊ . . .! እዛ ጽብቕትን ሰጋርን በቕልኹም፣ ሜሩ እንተ ዚህልዋስ ከመይ ኮን ምመልክዐት . . .?" ቢሉ አሰንበዶም።

ንሶም ከአ፣ በዚ ሕቶ'ዚ አዝዩም እናሰንበዱ፣ ሜሩ በቕሎም እተቘርጸ መሲሉዎም ንድሕሪት ቀሊሕ ኢሎም ረአዩ'ሞ፣ አልዒሉ ከም እተዛረቦም ብዝፈለጡ፣ "ወይ ግሩም . . .! እንታይ ዘመስለ ዕቡድ ሰብ ተጓነፈኒ" ኢሎም ከይተገደሱሉ መንገዶም ብኽሩያም ቀጸሉ።

ብባሜኡ፣ ብውሽጢ ልቦም እናተገረሙ ኪኸዱ ከሎው ድማ፣ አብ ሓደ ሩባ ብዙሓት ዝዘፍትን ህጡራትን ከብቲ፣ ገሊኦን ረጥ ኢለን ዝዓርፋ ገሊኦን ከአ ማይ ዝሰትያ፣ ተጓነፋአም። ብጽቡቕ ዚሕጉሱ ሰብ ስለ ዝነበሩ ከአ፣ ብዙሕ እናተገረሙ አመስገኑወን።

ብልሂ ግን፣ "ኢረ ከመይ ገይርኩም ኢኹም ነዘን ከብቲ እዚ ኤን እትግረሙለን . . .! አምበርዶ እተስተውዕሉ ሰብ ኢኹም . . .! ካብዚኤን ዝሓምቃን ዝኸፍአን ከብቲ አበይ አለዋ . . .!" ኢሉ ተዓ ናቕጸም።

አይተ ግሩም ግን፣ ነዚ ፍርዲ'ዚ ብምስማዕ ካብ ቅድሞም ብሕ ልፊ እናተገረሙ ከመይ ዝበለ ዕቡድ ሰብ ተጓነፈኒ እውን እናበሉ ከይመለሱ መንገዶም ቀጸሉ።

ሕልፍ ብዝበሉ ድማ አብ ካልአይ ሩባ በጽሑ'ሞ፣ አብዚ ከአ

ውሕድ ዝበላ ኣረውሕን ጠዓዉን ተንንፋኦም ። እዚኣተን ከአ ገሊኡን መላእት ፡ ገሊኡን ሊጋዓት ነበራ ።

ብልሂ ነዚኣተን ብዝረአየ ፡ " አይተ ግሩም ! ከብቲ እንተደሊ ኹምሲ እዚኣተን ኢየን ...! " በሎም ።

ንሶም ግን ፡ " ወዳታና ...! እንታይ ዘመሰለ ግርምቢጥ ዝኾነ ሰብ ተንንፈኒ ! " እናበሉ ካልእ ቃል ከይመለሱ መንገዶም ቀጸሉ ።

ካብ'ዚ ሕልፍ ብዝበሉ ድማ 12 ጸማድ ሓረስቶት ፡ ምስ 12 ጓልጓሎ ተንንፉዎም ።

አይተ ግሩም እናተገረሙ ፡ " አብዚ እንሆዉ ሓረስቶት ... " እናበሉ ነቶም ሓረስቶት እናአመስገኑ ነአዱዎም ።

ብልሂ ግን ፡ " ካብዚኦቶም ዚሓምቁ ሓረስቶትከ አበይ ርኢኹም ትፈልጡ ... ? " እናበለ ንሓሳባቶም እናቃለለ ተቓወሞም'ሞ ፡ ንሶም ከአ ፡ " እንታይ ዝመሰለ መንክር ሰብ ተንንፈኒ ፡ ወይ ዕጸብ ...! " እናበሉ ብትዕግስቲ መንገዶም ቀጸሉ ።

ካብዚ ሕልፍ ብዝበሉ ድማ ፡ ሓደ ጸማድ ፡ የማናይ ኢዱ ዳዊት ፡ ጸጋማይ ኢዱ ዕርፈ ጨቢጡ እናደገመ ፡ ሓንቲ ጕልጓሊት አኸቲሉ ኪሓርስ ኬጕልጕልን ከሎ ተንንፎም ።

ነዚ ነገር'ዚ ብዝረአዩ ፡ ብልሂ ፡ " አይተ ግሩም ! ማሕረስ እንተ ደለኹም አብ'ዚ እንሆልኩም ...! " ኢሉ ኢጋኒኑ ተዛረቦም ።

ንሶም ግን ፡ ብልቦም እንታይ ዘመሰለ ዕቡድ'ሰብ ተንንፈኒ እና በሉ ብዘይ መልሲ መንገዶም ቀጸሉ ።

ሕልፍ ብዝበሉ ከአ ፡ አብ ሓደ ዓቢይ ዓዲ ፡ ገሊኡ ፍሩስ ገሊኡ ንቑዕ ገዛውትን ዓቢይ ጕድፍን ዘሎዎ በጽሑ ።

አይተ ግሩም ከአ ነዚ ብምርኣይ ፡ " አብዚ እንሆ ዓዲ ... ዓዲ በዓል አቶ ታሪክ ... ዓዲ መኳንንቲ ... ዓዲ ወራዙት ... " እናበሉ ብምድናቕን ገጾም አብሪሆምን ብሓበን ተዛረቡ ።

ብልሂ ግን : "ወይ ጕድ ...! ነዚ ዑና'ዚ ድማ ዓዲ ኢልኩም ክትጽውዕዎ ... ካብዚ ዚሓምቕ ዓዲኸ አበይ አሎ ...! እንታይ ዚኸውን ታሪክ ፡ እንታይ ዝኾኑ መኳንንቲ ፡ እንታይ ዝኾኑ ወራዙት ኢዮም ..." እናበለ ተቓወሞም ።

ንሶም ግን ፡ " ጕድ እኮ ኢዩ ...! ከመይ ዝበለ መኻልፍ ሰብ ተንንፈኒ ... ? " እናበሉ ብአተሓሳስባኡ እናተገረሙ ፡ ብልቦም'ውን ዕቡድ ሰብ'ዩ እናበሉ ከይመለሱ መንገዶም ቀጸሉ ።



ብድሕሪዚ ፡ አብ ሓንቲ ንእሽቶይ ዓዲ ፡ ገሊኡ ገዛውቲ ዚስረት ፡ ገሊኡ ዚንደቕ ፡ ገሊኡ ህድሞ ዚድብደብ ዘሎዋ በጺሖም ረአዩ'ሞ ፡ ብልሂ ነዚ ብምርአይ እናተሃወኸ ፡ " እቲ ናይ ቅድም ዘይኮነስ እዚ እዩ ዓዲ ...! " እናበለ ተዛረበ እሞ ፡ አይተ ግሩም ግን ዕቡድ ሰብ ኢዩ ኢሎም ከም ቅድሞም ከይመለሱ መንገዶም ቀጸሉ ።

ከምዚ ኢሎም እናተመላለሱ ኪኸዱ ብዝወዓሉ ፡ አጋ ጊዜ አብ ዓዲ እንዳ አይተ ግሩም አተዉ ።

አይተ ግሩም ፡ " ተመስገን አምላከይ ፡ ካብ ከምዚ ዝበለ ዕቡድ ሰብ ዘናገፍካኒ ...! " እናበሉ ንገዛኦም ከዱ ። ግናኸ ፡ ብልሂ አይ ገድፈኩምን ኢየ ኢሉ ደድሕሪኦም ሰዓበ'ሞ ፡ ንሶም አብ ገዛኦም ብዝአተዉ ፡ ንሱ ከአ አብ አፍደገ ገዛኦም ኮፍ በለ ።

አይተ ግሩም አብ ገዛኦም ብዝአተዉ ፡ ሰበይቶም ብዛዕባ መገሻኦም ጠየቓኦም'ሞ ፡ ንኢኤንን ንደቂዎምን ፡ ነቲ ዅሉ አብ እግረ-መንገዶም ዝተንንፎም ሞንቂ አዘንተዉለን ። ብዛዕባ'ቲ ዅሉ አብ እግረ-መንገዶም እተንንፎም አዘንትዮም ብዝወድኡ ከአ ፡ እታ ንእሽቶይ ጓሎም ፡ እቲ ብዙሕ ዘገረሞም ነገር ፡ ክሳዕ ክንድ'ቲ ከገርም ከም ዘይግባእ ገለጸትሎም ። ንሶም ከአ ንዝተንንፎም እናሓሰቡ ፡ እንታይ ዘየገርም አሎ'ኒ ኢሎም ተቘጢዖ'ሞ ፡ ንሳ ከአ ፡ " ጕይታይ አይተን ጸርጽሩ ፡ ትርጉሙ ክፈትሓልኩም ኢየ " ኢላ ከምዚ ዚስዕብ ገይራ ፈትሓትሎም ።

" ጕይታይ ...! እቲ መጀመርያ ፡ እዛ በቕልኹም ጭራ የብላን ኢሉ ዘላገለጸልኩም ፡ ቀልቀል ክትወጹ ከሎኹም በቕሊ ዝሕዘልኩም ፡ አብ ርባ ክትበጽሑ ከሎኹም ከአ ማይ ዘስትየልኩም ፡ ክትወርዱ ከሎኹም ድማ ልጓም ዝሕዘልኩም መስነይታ ዘይብልኩም ማለቱ ኢዩ " ኢላ ፈትሓትሎም ።

" ብዛዕባተን ዘናሽወን ዓበይቲ ከብቲ ከአ ፡ ዝንክዮ'ምበር ዝውስኽ ከም ዘይኮና ተረዲኡ ኢዩ ። ከመይሲ ፡ እዚኣተን ስለ ዝአረጋ ኢየን " ኢላ ፈትሓትሎም ።

ነተን ንእሽቲ ውሕዳት አረውሕ ፡ ገለ ለማንት ፡ ገለን ሓራሳት ብዝረአየ ዘመስገነን ከአ ፡ እናማዕበላን እናወሰኻን ዝኸዳ ከም ዝኾና ተረዲኡ ኢዩ ... " ኢላ ፈትሓትሎም ።

ከምኡ'ውን ነቶም 12 ጸማድን 12 ጕልጓሎን ዘናሽዎም ፡ ብጸሎትን ብጥበብን እምበር ፡ ብሓይልን ብብዝሒ ሰብን ጥራይ ሃብትን

እንጌራን ከም ዘይርከብ ኮይኑ ስለ ዝተሰምዖ ኢዩ” ኢላ ፈትሓት ሎም ።

ብዛዕባ'ቲ ሕልፍ ኢሎም፣ “ ሓይ ጸማድ፣ ጸጋማይ ኢዱ ዕርፈ የማናይ ኢዱ ከአ ዳዊት ሒዙ እናደገመ ምስ ሓንቲ ጕልጓሊቱ ኪሓርስ ብዝርአዮ ዘመስገኖ ከአ፣ ጸሎት ዘይብሉ ማሕረስን ስራሕን ጥበብን ከንቱ ከም ዝኾነ ተረዲኡ ኢዩ...” ኢላ ፈትሓትሎም ።

“ ብዛዕባ'ቲ ነቲ ዘናሸዎ አረጊትን ፍሩስን ዓዲ ድማ፣ ምንጓምኻ ብዝሓለፈ ዘመናት ምልክት ዕብየት እንተነበር፣ አብኡ ዘሎ ሰብ እናጐደለ እምበር እናወሰኸ ዘይከይድ ስለ ዝኾነ ተረዲኡዎ ኢዩ” ኢላ ፈትሓትሎም ።

“ ነቲ አብታ ንእሽቶ ዓዲ ብዝበጽሑ ነታ ዓዲ ክመስግን እተረኽበ ከአ፣ ህዝባ እናበዝሐን እናወሰኸን ከም ዝኸይድ ተረዲኡ ኢዩ” ኢላ፣ ንዂሉ ነቲ ነቦአ አብ እግረ - መንገዶም ብዙሕ ዘጨነቖምን ዘገረሞምን ነገራት ዘርዚራ ፈትሓትሎም ።

ንሶም ብብልሒ ጓሎም ብዙሕ ተገረሙ ። በዓልቲ ቤቶም ከአ ብኽምዚ ዝበለ ብልሓት ዝመላለስ ሰብ ስለ እተገረማ፣ ንበዓል ቤተን በዓል አበይ ዓዲ ከም ዝኾነን አበይ ከም ዝሓደጉዎን ሓተታኦም ።

አይተ ግሩም እቲ ዝረኸቦም ጭንቂ ባዕሎም ጥራይ ዚፈልጡዎ ስለ ዝነበሩ፣ እንተነገርኩዋ አእትዎ ክትብለኒ ኢያ ኢሎም ከአ ስለ እተጠራጠሩ፣ ዓዱ ጥራይ ነጊሮም ስቕ በሉ ። ነገር ግን፣ ሰበይቶምን ደቆምን ብሓንሳእ ኮይነን ነዚ መንክር ሰብ'ዚ፣ አበይ ከም ዝገደፍዎ አጥቢቐን ስለ ዝሓተታኦም፣ እናሰሓቑ፣ “ ክሳዕ ገዛ ስዒቡንስ፣ ካብ'ዚ አፍደገና'ኳ አይከይድን ብምባል አብኡ ኮፍ ኢሉ አሎ! ከመይ ዝአመሰለ ሰራም ሰብ ይመስለክን ...” በሉወን ።

ነዚ ብምስማዕ ወይዘሮ ህይወት፣ “ እም ጋሻ ገዲፍናዶ ክንም ገብ ...!” እናበላ ክአቱ ንበዓል ቤተን ለመናኦም ። ንሶም ግን ነቲ አቐዲሞም እተጓነፎም እናሓሰቡ፣ እናተጕባጕቡ አፍቀዱ ። ብድሕር'ዚ ወያ ዓባይ ጓሎም ክትጽውዖ ወጸት ። ንሱ ግን ጥራሑ ደቂሱ ጸንሓ'ሞ፣ ሰንቢዳ ናብ ስድራአ እናጕየየት ተመልሰት ። ነቲ እተጓነፋ ከአ ነገረቶም ።

አይተ ግሩም ቃል ጓሎም ብዝሰምዑ፣ “ ዘረባ እዛ ጽልልቲ ሰበይቲ ከየዕብር ኢለ ኢየ'ምበር፣ እዚ ሰብ እዚ ኪቕረብ ከም ዘይግባእ አቐዲመይ አይተዛረብኩን ...!” እናበሉ አንጸርጺሮም ንሰበይቶምን ደቆምን ገንሑ ። ብድሕር'ዚ ዞለን ኮፍ ኪብላ እም፣ አብ



ቀሩን አስሓይታኡን ኪሓድር ከም ዚግባእ ድማ አዘኻኸሩወን ።

እታ ንእሽቶይ ጓሎም ግን፣ “ ጕይታይ ...! እንታይ ኮይንኩም ኢኹም ክንድ'ዚ እተንጸርጽሩ? ድሓር ከአ፣ ከምቲ ዝበልኩኹም እቲ ዛሉ ተዓናቒጹኒ ዝበልክሙዎ ብምስትውዓል ኢዩ እተመላለሰ ኩም ። ስለ'ዚ፣ እዚ ሰብ'ዚ እና ኢያ ዝኸእሎ'ሞ፣ ባዕለይ ክምጽእ ፍቐዱለይ” ኢላ ነቦአ ከፍቅዱላ ለመነቶም ።

ንሶም ከአ፣ ንእሽቶይ ስለ ዝነበረት፣ ቅድም ክየጕህዩዋ ድሓር ከአ በቲ ቅድም ዝፈትሓትሎም ተሓጕሶም ስለ ዝነበሩ፣ ነዚ ጕዳም ዝኾነ ሰብ ክተእትዎ አፍቀዱላ'ሞ፣ ክተምጽአ ወጸት ። ጥራሑ በጥ ኢሉ ስለ ዝረኸበቶ ከአ፣ አብ ክንዱ ከም ሓውታ ሰንቢዳ ንገዝአ እትምለስ፣ ክዳኑ ከዲና አብ ስድራአ ሒዛቶ አተወት ።



እቲ ሓረስታይ ብየማናይ ኢዱ ዳዊት፣ ብጸጋማይ ከአ ዕርፈ ሒዙ እናደገመ ክሓርስ ረአዩዎ

ብልሂ ኮፍ ብዝበለ፣ ቈላሕላሕ እናተበሃሃሉ ከሎዉ፣ መአዲ ይቀ ረብ ኢሎም አይተ ግሩም አዘዙ ። ብልሂ ግን፣ ድራር ምእንቲ ምሳ ኹም ክበልዕሲ፣ ቅድም ቃል ኪዳን እተዉለይ በሎም ።

አይተ ግሩም ግን፣ በዚ አንጸርጺሮም፣ “ አብ ገዛ አእቲና ተደ

ረር እንተበልናስ ኪበልዕ ቃል ኪዳን እተዉለይ ክብለና . . . ! ከመይ ዝበለ ደፋር ሰብ ኢዩ . . . ” እናበሉ ተቑጥዑ ። ግናኸ ፡ ሰበይቶምን ደቆምን ከመይ ዝበለ ቃል ኪዳን ኢዩ ኢልኩም ዘይትሓትዎ ኢለን ጐስጒስኦም’ሞ ፡ ንንሕድሕዶም ብዝተንጀሙ ከአ አይተ ግሩም ከይ ፈተዉ ኪዳን ይኹንና ኢሎም አተዉሉ ።

ብድሕር’ዚ ፡ ቃል ኪዳን ብዝአተዉሉ ብልሂ ፡ “ ሕንጥሕንጢ ሊትኩም ቈሪጽኩም ድራረይ ክትኮኑ ሃቡኒ ” ኢሉ ሓተቶም ።

ንሶም ግን ፡ ብስንባደ ፡ “ ወይ ጉድ . . . ! እዛ ዕብድቲ ቈልዓ ደአ ነዚ መዓት’ዚ አምጺአትልና’ምበር ፡ ብዓንተቦኡስ ሰራም ሰብ’ዩ ኢለ እንዶ አይተቓወምኩን ? ” እናበሉ እንጸርጺሮም ምስ ሰበይቶምን ደቆምን ተጋንሑ ። ግናኸ ፡ ቃል ኪዳን ብርቱዕ ስለ ዝኾነ ክሕ ሰሙዎ ሕልናኦም አይፈቐደሎምን’ሞ ፡ ርእሶም አድኒኖም ክስተንትኑ ጀመሩ ።

እታ ንእሽቶይ ጓሎም ፡ “ ጉዶታይ ብዙሕ አይትተክዙ ፡ እቲ እተዛረቦ ቃል ካልእ ትርጉም ዘሎዎ ከይመስለኩም ፡ ንንእሽቶይ ጓልኩም ሃቡኒ ማለቱ ኢዩ ” እናበለት አጸናንዓቶም ።

አይተ ግሩም ቡቲ ንእሽቶይ ጓሎም ዝሃበቶም ትርጉም እናተገ ረሙ ፡ ንሕንጥሕንጢሊኦም እውን ብልቦም እንኳዕ አውጻእኪ እና በሉ ፡ “ ቡል ወደይ . . . ! እዚ ካብ ኮነ ሓሳባትካስ ተደረር’ሞ አይት ስአን . . . ” ኢሎም አፍቀዱሉ ።

ብድሕርዚ ዕለተ - መርዓ ተቛጸረ ። ብላዕ ብዝነፃሩዎ ፡ አብ መንጎ ትእዛዞም 300 ሰብ ወራድ መርዓ ሒዝካ ውፈር በሉዎ ። ንትእዛዝ ተቐቢሉ ድማ ፡ አብ ክንዲ ከምቲ ዝበሉዎ 300 ወረድቲ መርዓ ዘው ርድስ 3 ሰብአይ ጥራይ ሒዙ መርዓ ወረረ ።

እዞም ሰለስተ ወራድ መርዓ ፡ ነፍስ ፡ ወከፎም ነናይ 100 ሰባት ተግባር ዚፍጽሙ ነበሩ ። አቦ ጓል ግን ፡ ውሒዶም ስለ እተራእዩ ዎም ፡ “ አነን 300 ወራድ መርዓ ይእዘዞ ፡ ንሱ ክአ 3 ሰባት ጥራይ ሒዙ ዚመጽእ እንታይ ኢዩ ጉዱ . . . ! ” እናበሉ ከይአተዉ አምሪ ሮም ተቓወምዎም ።

እንተኾነ ፡ እታ እትምርያ ንእሽቶይ ጓሎም ፡ ሰብ’ኳ ብማዕዶ ብምርአይ ጥራይ ክፍረድ አይከአልን ኢዩ’ሞ ፡ ጸዊዕኩም ግዳ ምኽ ንያቱ ዘይትጥይቕዎ ” ቢላ መዓደቶም ። አይተ ግሩም ከአ ጉብጉብ እናገበሩ ምኽሪ ጓሎም ተቐበሉ ።

ብድሕር’ዚ ጸዊዖም ፡ 300 ሰባት ወረድቲ መርዓ ኬውርድ አዚዞ



ምዎ ከሎዉስ ፡ ብምንታይ ምኽንያት 3 ሰባት ጥራይ ከም ዘምጽኤ ሓተትዎ ።

ብልሂ ክአ ዓይኑ ከይሓሰየ ፡ “ እዞም ወረዶም ዘለዉ 3 ሰባት ፡ ናይ 300 ሰባት ትእዛዝ ከም ድላይ አቦ ጓል ክፍጽሙ ከም ዚኽእሉ አረጋግጸልኩም አሎኹ ። ድሓር ክአ ፡ ትእዛዝኩም ዚፍጽሙ ዲኹም እትደልዩ ወይስ ሓደ ክልተ እናበልኩም ሰብ ክትቈጽሩን ጊዜ ክተ ጥፍኡን ኢዩ ድላይኩም ? ኢረ እንታይ ዝገበርና ሰብ ኢና . . . በጃ ኹም አእትዉና . . . ” ኢሉ አምረሩ ለመኖም ።

ከምዚ ኢሎም ኪታረኹ ከሎዉ ፡ እቶም ሰለስተ ወራድ መርዓ ፡ አብ ማዕዶ ኮይኖም ፡ “ ወይ ዘይፈለጠ . . . ንጓኽሙና ግዱ እዮም . . . ” እናበሉ ፍረ ክርክሮም ኪፈልጡ ብምግዳስ ይጽበዩ ነበሩ ። አብ ትጽቢቶም ከአ ፡ እግዚአብሔር ፍቓዱ ኮይኑ ሰማይ ማይ ሰረበ እሞ ፡ ካብቶም ሰለስተ ከአ እቲ ሓደ አብቲ ጥቕኦም ዝነበረ ዱር ጐዩ ከይዱ ቡቲ ተዓጢቑዎ ዝነበረ ጋሴዶ አእዋምን ጨንፈርን ከራቲ ንመጽንሒ ዚኾኖም መዕቀሊ ብዘደንቕ ፍጥነት ሰርሐ ።

አይተ ግሩም ነዚ ትእምርቲ እዚ ብምርአይ ፡ ክርክሮም አቋ ረጹ ። እምበአርከስ ፡ “ በዓል’ዚ ካብ ኮንካስ አእትዎም ” ቢሎም አዘዙዎ’ሞ ፡ ንሳቶም ከአ ብናይ 300 ሰባት ዚጥዕም ድምጺ “ሆ . . . ሆሆ . . . ! ” እናበሉ አብ ዳስ አትዮም ነቲ ዳስ ክልተ ገበሩዎ ።

እቶም ሰለስተ ወረድቲ መርዓ ፡ ምስ ራብዓዮም መርዓዊ ኰፍ ብዝበሉ ፡ ዕዱማት ውሑዳት ኮይኖም ስለ እተሰምዑውዎም ብዙሕ ተገ ረሙ ። ነገር ግን ዓይኖም ጽልግልግ በሎም’ሞ ፡ ብግርማኦም ኮነ ብድምጾም ናይ 300 ሰባት ግርማን ድምጽን ለቢሶም ተራእዩዎም ፡ በዚ ድማ እንዳ ጓል ብዙሕ ተገረሙን ተጨነቑን ።

ጸሎት ብዝተገብረ ፡ ንሰለስተ ወራድ መርዓ ዚአኽሉ ሰባት ዚኽውን መግቢ ግምጃ እተጐልበበ መሰባትን እተሸለመ መኾምቢያ እተ ኸድነ አጻሕልን አሰለፍቲ ተሰሪዖም አምጽእዎ ። አይተ ግሩምን ቤተ - ሰቦምን ነሎም ዕዱማትን እዚ ሸሻይ’ዚ መን ኮን ክበልዖ ኢዩ እናበሉ እናተጨነቑን ንንሕድሕዶም ከአ እናተቓናጠዉን ከሎዉ ፡ እቶም ሰለስተ ወረድቲ መርዓ ንኹሉ እቲ መግቢ ልሕስ አቢሎም ወድኡዎ ።

መአዲ ብዝተላዕለ ፡ አይተ ግሩም ፡ “ ክንገዛዘም ወዳእ ነገር ሃቡና ” በሉዎም ። ሓደ ካባታቶም ተላዒሉ ከአ ፡ ብናይ 300 ሰባት ዚጥዕም ድምጺ ምላሽ ሃቦም ።

ብድሕር'ዚ ዋሕስ ጓል ተጠየቐ። ብልሂ፡ ካብ ፍቓድ እንዳ ጓል ከም ዘይወጽእ ስለ ዝተረድአ፡ "ዋሕስ ምእንቲ ክትክልስ፡ እታ ጓል ሰንበት አትያ ንሰኑይ ወዲ ከም እትወልድ ብወገንኩም ዋሕስዶ ትተኸሉለይ?" በሎም።

ንሳቶም ግን፡ እዚ ጥያቐ'ዚ፡ መርዓ ንምብታን ተባሂሉ ዝቐረበ ኮይኑ ተሰምዖም'ሞ፡ ጓልና ነፍትሕ ዚብሉ ካብ እንዳ ጓል ሓያሎ ተተንሲኦም ስለ ዝጨደሩ፡ ነታ ዳስ ክልተ ገበሩዋ።

ነገር ግን፡ እታ መርዓት፡ ከምዚ ዝበለ ዋሕስ ክንተኸለልካስ፡ ንስኻኸ፡ ሰኑይ ዘረእካ ሰሉስዶ ንጓልና ጉጎ ከተብልዓ ዋሕስ ትተኸለልናዶ?" በልዎ ኢላ መኸረቶም። ነቲ ምኽራ ተቐቢሎም ብዝጠየቑዎ ከኣ፡ ብልሂ፡ ዕጥይጥይ እናበለ አፍቀደ'ሞ፡ ዋሕስ ተተኸኺሎም ብዘብቅዑ፡ መርዓት ተዋህበት።

ካብቶም ነዚ ዘረባ'ዚ ዝሰምዑ እንዳ ጓል፡ ንአይተ ግሩም፡ "በሉ ሰማይ ዝሃገርኩም ፡ አየናይ ሓረስታይ ሰኑይ ዘረአ ሰሉስ ዝጕጕ ርኢኹም ትፈልጡ...፡" ኢሎም ሓተቲዎም'ሞ፡ እታ መርዓት ከኣ፡ ወላዲኣ መልሲ ብምስኣን ኪጭነቑ ብዝረአየቶም፡ ንሳትኩምከ ሰማይ ዝሃገርኩም፡ አየነይቲ ጓለንስተይቲ ኢያ ሰንበት አትያ፡ ሰኑይ ወዲ ሓቝፋ እትፈልጥ። ወይ ጕድ፡ ንከም መውስቦ ዝበለ ዓቢይ ነገርሲ፡ ብቐንጠመንጢ፡ ስኣን ቃል ለውጢ፡ ከተፍርሱዎ...!" ኢላ ስለ ዝተዛረበቶም፡ በቲ በሊሕ ክእለታ አገረመቶም። በዚ ከኣ ብዘይወዕል ስርዓተ-መርዓ ተፈጸመ።

ብልሂ ንሰበይቱ እናሓረሰ፡ ብጽቡቕ ክናብራ ጀመረ። ከምዚ ዝበለ ጽቡቕ ናብራ እናሕለፉ ከለዉ፡ ሓደ መዓልቲ ብልሂ ጠበንጃኡ ተሓንጊጡ ንሃድን ወፈረ። አብዚ፡ ሃድን ክናዲ ከሎ ከኣ ብሃንደበት ሰለስተ ዓመጸኛታት ሰባት ተጓነፉዎ። ክትተኩሰሎም ብዝሃቀነ ከኣ፡ አቐዲሞም ብረት ገቲሮም፡ "ወይ ክሳድካ ወይ ወርትኻ ሓዲኡ ምረጽ" በልዎ'ሞ፡ ንሱ ከኣ ሰለስተ ምኺኖም ብዝረአየ፡ ወርቀይ ወሲድኩም ክሳደይ ግደፉኒ ኢሉ ተማረኸ።

አብዚ ጊዜ'ዚ፡ ብልሂ፡ ናይ ሰለስቲኦም ዓመጸኛታት ድምጾን መልክዕን ሕብርን ምልክትን አጸቢቑ ተዓዘበ። ንሳቶም ከኣ፡ እቶም ክልተ ከደሮት ዝሕብርም ሽደባት ሰባት ነበሩ። እቲ ሳልሳዮም ግን፡ ቀይሕን ሽራፍ ጸዕዳ ስኑን ነበረ።

ብልሂ፡ አብ ኢዶም ብዝወደቐ፡ እቶም ክልተ ዓመጸኛታት ብእብእ ንቕተሎ በሉ። እቲ ሳልሳይ ግን፡ "እንታይ ገበረና ደም ሰብ ብከንቲ እነፍስስ፡ አጽዋሩ ገፊፍና ጥራይ ንስደዶ" ኢሉ ተቓወሞም።



ግናኸ፡ እቶም ክልተ ዓመጸኛታት ግድን ክንቀትሎ ኢና ኢሎም ሓሳቦም ስለ ዝቐረጹ፡ እቲ ሳልሳይ፤ "እምበአርከስ፡ ሓሳብኩም ምቕታል ካብ ኮነ፡ አነ ከም ጲላጦስ ኢደይ ሕጹብ ኢየ" ኢሉ አብ ግብረ ቅትለት ከም ዘይካፈል አፍለጦም።

ብልሂ፡ ነፍሱ ስለ ዝአበዮ፡ ክምሕርዎ ብዙሕ ለመነ። ስለዚ እውን፡ "አጽዋረይ ገፊፍኩም ጥራይ ምውሳድ ዘይአኽለኩም! እስኪ እግዚአብሔር የርኢኹም! ንአይ ቀቲልኩምሲ እንታይ ክትረኽቡ ኢኹም ...! ስለ እግዚአብሔር ክትገድፉኒ ...! በዓል ሰበይትን ቈልዓን ኢየ..." ኢሉ አምረሩ ለመኖም።

እቶም ክልተ ዓመጸኛታት ግን፤ "አንታ ስቕ ኢልካ ግዳ ጅግ ንነትካ ከነዘንትወልካስ ብሓቦኻ ዘይትመውት...! እግዚአብሔር፡ ሰበይቲ፡ ቈልዓ እንፈልጥ እንተንኸውንዶ ንበረኻ ምወጸእና ይመስለካ ...!" ኢሎም ካዕካዕ እናበሉ ሰሓቑዎ።

ንሱ ግን፡ "ርግጽ'ዩ! ንስኻትኩም ንእግዚአብሔር አይትፈልጡን ትኾኑ። ግናኸ፡ ብጸይ ግዱዓት ስለ ዝኾነ፡ እዚ አብ ልዕለይ እትውድቑዎ ዘሎኹም ግፍዒ አብ ርእስኻትኩም ከም ዝወድቕ አይትሳሓቱ ...!" በሎም።

ሓደ ካብቶም ንቕተሎ ዝብሉ ዓመጸኛታት፤ "ዓርከይ! አየስ ተውዓልኩምን'ሞ፡ እንታይ ማለቱ ኢዩ...?" ኢሉ ንብጻዩ ሓተቶ። ንሱ ከኣ ምልስ ኢሉ፡ "እግዚአብሔር እተባህለ ዘራይ አሎኒ ይብለና አሎ ..." ኢሉ መለሰሉ።

ንሱ ከኣ፡ እዚ ዚብሎ ዘሎ እግዚአብሔር ፈዳይ ሕኔኡስ ምስኡ ኪሃድን ዝመጸ ብጻዩ አብ ዙርያና አሎ ማለቱ ድዩ..." ኢሉ ሃወኸ።

ንሱ ግን፡ እንታይ ኮይንካ ኢኻ እትዕሽ...እቲ እግዚአብሔር ዚብሎ ዘሎስ፡ እቲ ንሱ ዚርእዮ፡ ንሕና ግና ዘይንርእዮ ረቂቕ ነገር ኢዩ..." በሎ'ሞ፡ ንሱ ከኣ ክሳዕ ዅናምቱ እናሰሓቐ፡ ክላ ደአ ነቃ ብጾ እምበር፡ አሽንኳይዶ ካብ ረቐቕትስ ካብ ገዘፍቲ እኳ ነይፈራህና ..." ኢሉ ክትኰሰሉ ጠበንጃኡ አልዓለ።

ብልሂ ካብ ሞት ከም ዘየምልጥ ብዝተረድኦ፡ "በሉ ፍርድኹም ንቕተሎ ካብ ኮነስ፡ ቀተሉኒ። ግዳ፡ አብ ገዛና ንጸበል ክኾና እተጸምቈ ሰለስተ ሳርማ ሰዋ አሎዋ'ሞ፡ ካብ መጸጽን ዝተርፋ እንተሰተ ኹምወን ይሓይሽ። ምልክተን ከኣ፡ እተን ክልተ ብጸዕዳ በለኞ እተ ሓትማ፡ እ፦ ሳልሰይቲ ድማ ብቐይሕ በለኞ እተሓትተመት ሽራፍ

ዘሎዋ ገንኢ ኢየን ። ግዳ ፡ ነታ ብቐይሕ እተሓትመት ገንኢ ገዲፍ ኩም ነተን ክልተ ብጻዕዳ በለቕ እተኸድና ክትሰትዩወን እላበወኩም ኣሎኹ...” ኢሉ ኣማሕጸኖም ።

ድሕሪ'ዚ ፡ እቲ ሳልሳዮም እናለመኖም ከሎ ፡ እቶም ክልተ ተዡ ሶም ቀተሉዎ እሞ ፡ ነቲ ምስኡ ዝነበረ ኣጽዋር ሃድን ገፊፎም ከኣ ተማቒሎምዎ ከዱ ።

ኣብ እግረ - መንገዶም እናዋግዑ ክኸዱ ከለዉ ፡ ሓደ ካብቶም ቀተልቲ ፡ እታ ሳልሰይቲ ገንኢ ኣይትስተዩዋ ዝበልናስ ፡ ብልሓት ኣል ዩዋ ደኣ ኮይኑ'ምበር ፡ መን ይፈልጥ ቅርሺ ወይ ወርቂ ዝመልኤት ክትከውን እውን ትኽእል ኢያ'ሞ ፡ ነገር ሓቂ ኣይኮነን” ኢሉ ንብ ጾቱ ዘረባ ኣልዓለሎም ።

እቲ ካልኣዩ ከኣ ፡ “ሓቅኻ ኢኻ ፡ ኣታ ዓርከይ...! ኣይፍለጥ ንዩ... ዘይንኽይድ ግዳ...!” ኢሉ ኪኸዱ ሃወኾም ።

እቲ ሳልሳይ ግን ፡ ቀቲልናዮ ክንብቅዕሲ ፡ መሊስና ከኣ ንገዝኡ ኪድና ክንበልዕን ክንሰትን ኣይግባእናን ኢዩ ። ግደፉ ደኣ ! “ደም ኢይነጽፍ ፡ ዘእንበለ ደም” ኢዩ'ሞ ፡ መድሪፊያና ከይኽውን ኣይንኺድ ....” ኢሉ ለመኖም ።

ንሳቶም ግን ፡ “ኣንታ ዓሻ! እቲ እተሸለመ ኣጽዋሩ ኪጽብቕ ኣይረኤኻዮን ዲኻ ? ከምዚ ዝበለ ኣጽዋር ተሰኪሙ ዚኸይድ ሰብ ሃብታም ከም ዝኾነ ዘረጋግጽዶ ኣይኮነን ? ወይ ጉድ! እንታይ ክንገ ብር ደኣ ንበረኻ ወጺእና ... ! ንበዓልቲ ቤቱ ሰብኣያ ኣብ ሃድን ተጓኒፉናስ ፡ ሃድን ስለ ዝበርከተሉ ኪድንጉ ኢዩ ኢልና ፡ ዝለኣኸና መሲልና ንእተዋዋ እቲ ኣብ ገዝኡ ዘሎ ኣቕሑ ከነዳግዋ ...! “ኢሎም ሰበኹዎ ። ግናኸ ፡ ንሱ ኣበርቲዑ ተቓወሞም ። እንተኾነ ክልቲኦም ስለ ዝሰመሩ ፡ ካብኦም እንተተረፈ ከኣ ከይሕስወልና ኢሎም ከይቀ ትልዎ ስለ ዝፈርሐ ከይፈተወ ሰዓቦም ።

ብድሕሪ'ዚ ፡ እቶም ሰለስተ ዓመጸኛታት ነቲ ካብ ብልሂ ዝወ ሰዱዎ ኣጽዋር ሃድን ኣብ ሓደ ጉድጓድ ሓቢኦም ብዘብቅዑ ፡ ክይድ ኣምሲዮም ኣጋ ጊዜ ኪኸውን ከሎ ኣብ ዓዲ ኣተዉ'ሞ ፡ ቅኑዓት ጋሻ ታት መሲሎም ከኣ ፡ እንዳ ብልሂ ኣተዉ ። እቶም ክልተ ፡ የማንን ጸጋምን ፡ ሳዕለን ታሕትን ቈላሕላሕ እናበሉ ፡ ነቲ ኣብ እንዳ ብልሂ መሊኡ ዝነበረ ገንዘብ ስጋ ብህርፋን ኪዕዘቡዎን ብዓይኖም ክሰርቁ ዎን ብልቦም ድማ ኪግሓድሩዎን ጀመሩ ። እቲ ሳልሳዮም ግን ፡ እና ተሰከፎ ፡ ቀልጢፎም ካብታ ገዛ ኪወጹ ጥራይ ይሓስብ ነበረ'ሞ ፡ ዘምጽኦም ገይሮም ቀልጢፎም ክኸዱ'ውን ሃወኾም ።



ንሳቶም ግን ፡ “ኣንታ እንታይ ገበርናካ እትህውኸና...ቅድም ክንበልዕን ክንሰትን ግደፈና ፡ ድሕሪ መግቢ እቲ ዘሎ ለኻኺምና ቀል ጢፍና ክንከይድ ኢና ...“እናበሉ ኣህድኡዎ ። ንሱ ግን ልቡ ተግ ተግ እናበሎ ደጋጊሙ ሃወኾም ።

ድሕሪ'ዚ ፡ ንሰበይቲ ብልሂ ፡ ብፍሕሽዊ ገጽ ፡ እቲ ብልሂ እተዛ ረቦም ቃል ኣዘንተዉላ ። ነገር ግን ፡ ንሳ ሓሳባቶም ጽን ኢላ ብዝሰም ዐት እቶም ሰለስተ ሰባት ርእሶም ጕታን ፡ ክዳኖም ረሳሕ ፡ ሳእኖም ኣለዳ - ግንባር ( ናይ ርእሲ ክብቲ ቈርበት ) መሊሶም ጠበንጃ ተሓን ጊጦም ፡ ዝናር ተዓጢቖም ብዝረአየቶም ፡ ሰብ ደሓን ከም ዘይኮኑ ነፍሳ ስኽፍክፍ በላ ።

ስለ'ዚ ምልእቲ ክህወኹ ብዝረአየቶም ፡ ጥርጣሬኣ እናወሰኸ ከደ'ሞ “እምበኣር ክቡራን ኣጋይሽ መግብን መስተን ክሳዕ እንቕርበ ልኩም ዕረፉ” ኢላ ኣዕረፈቶም ። ንግዝእታ ንጊዜኡ ኣእጋሮም ክት ሓጽቦም ኣዚዛ ብዘብቅዐት ከኣ ብሕጊ ተሓቢኣ እንዳ ኣሕሙታ ከደት።

ኣብ ገዝኦም እናጕየየትን እናላህለህትን ሀሩግ ኢላ ኣተወቶም ። በጋጣሚ ዳርጋ ዙላቶም ኣብ ገዛ ጸንሑ'ሞ ፡ ንሳቶም ብስንባደ ፡ ንሳ ከኣ እናሕነቕነቐት ከላ ፡ “ምልእቲ ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዝን ከምዚ ኢልኪ እናተረበጽክን ዘምጽእ ምኽንያት እንታይ ረኺብኪ...” ! ኢሎም ሓተትዋ ።

ምልእቲ ከኣ ሕንቕንቕ እናበለት ፡ ንኣሚና ገለ ድንገት ረኺቡዎ ከይከውን ዘጠራጥሩ ሰለስተ ዓመጸኛታት ዚመስሉ ሰባት ኣብ ገዛ መጺኦምስ ኣብ በረኻ ገዲፍናዮ ዝብሉ እግሮም ኪሕጸቡ ኣብ ቤት ገዲፋቶም ከም ዝመጸት ኣፍለጠቶም ።

ቀጺላ'ውን ፡ “ምድሪ ብጽልሙቱ ክነሱስ ፡ ብልሂ ኣብ ሃድን ረኺብናዮ ፡ ግን ሕጂ ክመጽእ ኣይክእልን ኢዩ'ሞ ፡ ንገዛ ንገሩለይ ኢሉና ዝብሉ ዓመጸኛታት ዝመስሉ ጕታናት ሰባት ኣብ ገዛና ኣዕሪፎም ገዲፈዮም መጺእ ኣሎኹ'ሞ ፡ እዚኣቶም ንሓውኹም ዓሚጾ ምዎም ከይኾኑ ዘየጠራጥር ኣይኮነን ፡ ስለዚ ከይመልቁ ከተመራምር ምዎም ሰዓቡኒ...” ኢላ ሒዛቶም ንገዛ ገጸ ተበገሰት ።

ኣብ እግረ - መንገዳ ፡ ብዛዕባ መልክዕ እቶም ሰባትን ተሓንጊ ጦምዎ ዝነበሩ ኣጽዋርን ኣዘንተወትሎም ። ኣብ መንገ'ዚ ድማ ፡ ንጥ ርጣሬኣ ክትገልጸሎም ከላ ፡ እቲ ቀይሕ ሽራፍ ስኑ ኣብ ድንገት ሓዎም ዝውዕል ከም ዘይመስል ፡ ኣብ ውቃቢኡን መልሓሱን ከም እትረድኦቶ ገለጸትሎም ። እቶም ክልተ ሓደ ዝሕብሮም ሽያባት ግን፡ ኣብ ውቃቢኦምን መልሓሶምን ገበርቲ ዓመጽ መሲሎም ከም እተራ

እዩዋ ገለጸትሎም ። ከምዚ ኢላ ብዛዕባ ሓበራ እቶም ዓመጸኛታት እናዛረበቶም ከላ ከአ ፡ ኣብ ገዛ ሀሩግ ኢሎም ኣተዉ ።

እቶም ሰለስተ ዓመጸኛታት ልክዕ ኣብ ገዝኦም ከም ዘሎዉ ፡ ኣጽዋሮም ኣራጊፎም ፡ ኣእጋሮም ተሓጺቦም ፡ ነታ ግዝእቲ ብምድ ንጓይ እታ በዓልቲ ቤት እናተጋንሑዋ ከሎዉ እዮም ዝኣተዉዎም'ሞ፡ ሰበይቲ ብልሀን ኣሕሙትሙታን ብሃንደበት ብዝኣተዉዎም ብረቶም ሃሰው - ሰው በሉ ።

ነገር ግን ፡ ካብ ቤተ - ሰብ ብልሂ ተቐዳዲሞም ነቲ ብረት ስለ ዘልዓሉዎ ፡ ኢዶም ተጠውዮም ጠጠው ኪብሉ ተገደዱ ።

ካብ ቤተ - ሰብ ብልሂ ፡ ንሓደ ካብቶም ክልተ ሽያባት ዓመጸኛ ታት ፡ ብቕድሚኡ ንሒያሎ ሰባት ኣጋፊዑ ስለ ዝነበረ ፡ ብቐልጡፍ ኣለለዮ'ሞ ፡ “ ኣንታ ! እዚ ድአ ንልዋሙ ቀቲሉ ብመንግስቲ ዚድለ ዝነበረ ወሮ በላዶ ኣይኮነን ፡ . . . ! ኤረ ኣጋፍዑዎን ኣለፋለፉዎን . . . ” እናበለ ከጋፍዑዎን ከላፋልፉዎን ኣተባብዖም ።

ሓደ ሽማግሌ ግን ፡ ንሳቶም እኳ ካብ ሕጊ እንተወጹ ፡ ብሕጊ ኪቕጽዑ ደኣዩ ዚግባእ'ምበር ፡ ብኢድኩም ክትሰሃሉዎም ግቡእ ኣይኮ ነን . . . ” ኢሎም እናተጋንሐ ከልከሉዎም ።

ብድሕር'ዚ ኣሲሮም ኣብ ኢድ መንግስቲ ኣቕረቡዎም'ሞ ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ድሕሪ ብርቱዕ ምርመራ ፡ እቶም ክልተ ሽያባት ከም ዝቐ ተሉዎ ፡ እቲ ሳልሳይ ግን ኢዱ ከም ዘይሓወሰ ተገልጸ ። ስለ'ዚ ፡ እቶም ክልተ ብተግባረ ቅትለት ክሕነቑ ፡ እቲ ሳልሳይ ከአ ብሽፍትነት ንገለ ዓመታት ኪእሰር ተፈርደ ።

እቶም ክልተ ሽያባት ዓመጸኛታት ኪሕነቑ ብዝተፈርዱ ፡ ኣቐ ዲሙ መንግስቲ ነታ ዚሕነቑላ መዓልቲ ወሲኑ ኣዊጁ ነበረ'ሞ ፡ እቲ ክፋኦም ክሳዕ ክንድቲ ንሃገር ኣሸቢሩን ኣጨኒቑን ስለ ዝነበረ ከአ ፡ ካብ ከተማን ካብ ጐደቦን ካብ ርሑቕ ዓድን ዝመጸ ብዙሕ ህዝቢ ነበረ ።

ኣብ መንጎ እቶም ንግሕነቕቲ ናይዞም ዓመገኛታት ኪዕዘቡ መጺኦም ዝነበሩ ሰባት ከአ ስድራ ቤት ብልሂ ብምሉኦም ነበሩ ። ከምኡ'ውን ናይ ካልኦት ግፉዓት ሰባት ቤተ - ሰብ ኪዕዘቡ መጺኦም ነበሩ ።

እቶም ፍሩዳት ብዘብዐኛታት ሰብ ብረት ተኾብኲቦም ኣብቲ ኪሕነቑሉ ተወሲኑ ዝነበረ ዕዳጋ ብዝመጹ ፡ ካብቶም ቤተ - ሰቦም



እተገፍዑዎም ሰባት ፤ “ ሕነቑዎም . . .! ሕነቑዎም! ” ቢሎም ክጭ ድሩ ጀመሩ ።

እቲ ሓደ ካብኦም ኣቐዲሙ ኪሕነቕ ኣብ በረኽ ቦታ ተሰቕለ ። ንሱ ሃይማኖተኛ ስለ ዝነበረ ብዝገበርኩዎ ሓጢያት ክናዘዝ ካህን ጸውዑለይ ኢሉ ተናዘዘ ። ብድሕር'ዚ ከአ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ብዝገ በሮ ጥዑስ ከም ዝኾነ እናተዛረበን ኣሰሩ ከይስዕቡ እናመዓደን ብመ ንፈሳዊ ምጽንናዕ ሞተ ።

እቲ ሓደ ግን ፡ ብዝገበሮ እናተጀሀረን እናፈከረን ከሎ ገመድ ኣብ ክሳዱ ኣእተዉሉ እሞ ፡ ኣዕገርጊሩን ዓፊሩን ሞተ ።

ብድሕር'ዚ እቲ ንግሕነቕቲ ናይቶም ዓመጸኛታት ዝረኣየ ህዝቢ ፈሪሁ እናጸለየ ነንገዝኡ ተመልሰ ።

ኣብ'ዚ ጊዜ'ዚ እቲ ሳልሳዮም ከአ ፡ ንእተወሰነ ዓመታት ተፈ ሪዱ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣተወ ።

እቶም ደቂ ዓዲ ፡ ብዛዕባ'ቲ ብልሂ ቅድሚ ሙማቱ ነቶም ወሮ በላታት ኣዓሸዩ ዝሃቦም ሓበራ ተገረሙ ። ብሕልፊ ከአ ፡ በቲ ርቅነት ዝመልአ ምስትውዓል ምልእቱ እናተገረሙ ፡ ለካ እቶም ቀዳሞት ሰብኣይን “ ሰበይትን ካብ ሓደ መሬት ይፍጠሩ ” ፡ ኢሎም ዝመሰሉዎስ ሓቂ ኢዩ እናበሉ ፡ ብዛዕባ ዛንታ ብልሀን በዓልቲ ቤቱ ምልእቱን ንደቃቶም ክዘንትዉ ጀመሩ ።

# ምዕራፍ 9

# እምብዛ ፡ታህዋኽ ሓሙኹሽቲ የፍሪ

ሓደ ጊዜ ክልተ ሓረስቶት ሰብኣይን ሰበይትን ነበሩ ። እዚኣቶም ከኣ ብጊዜ ጥሜት ጣፍ ኪዓጽዱ ንመሮር ወረዱ ።

እቲ ሰብኣይ ኣይተ ጕኒጨ ይብሃል ነበረ ። ሰበይቱ ከኣ ወይዘሮ ርግኣት ትብሃል ነበረት ።

ንሳቶም ንግሆ ካብ ገዝኦም ገስጊሶም ጸሓይ ወገግ ክትብል ከላ ኣብ ግራቶም ኣተዉ'ሞ ፡ ቅሩብ ብዝዓጸዱ ፡ ኣይተ ጕኒጨ ንሰበይቱ ፡ " ጠሚና ኣሎና'ሞ ፡ ካብዚ ዓጺድናዮ የሎና ጣፍ ሃንዙትና ስለ ክን በልዕስ ሓዊ ኣናኽሲ " ኢሉ ኣዘዛ ።

ንሳ ግን ፡ ካብ ህንዙቶ ጣፍ እንታይ ክም ዝርከብ ትፈልጥ ስለ ዝነበረት ፡ ንብዓል ቤታ ፡ ሻቝጦምን ጥሒኖምን ሰንኪቶምን ኪበልዑ ክም ዝሕሾም መኽረቶ ።

ግናኽ ፡ ኣይተ ጕኒጨ ፡ " ብንንተብኡስ ንስኽን እነን ( ርግኣትን ጕኒጨን ) ክም ዘይንሰማማዕ መኣስ ጠፊኡኒ ። ዝኾነ ኾይኑ ፡ ንስኺ ክም ድላይኪ ተጸበዩ ፡ ኣነ ግን ክጽብ ድላይ የብለይን'ሞ ፡ ሃንዙተ ክበልዕስ እጀመይ ሃብኒ . . . " በላ ።

ንሳ ከኣ ፡ "ካብ ዝወዓልናዮ ኣይከፍኣናን ኢዩ'ሞ ፡ ክሳዕ ከም'ቲ ዝበልኩኹም ሓሲናን ጥሒናን እንስንክቶ ዓቕሊ ግበሩ' ' በለቶ ።

ጕንጨ ግን ዓቕሉ ስለ ዝጸበበ ፡ ናይ በዓልቲ ቤቱ ማዕዳ ኪሰምዕ ኣይደለየን እሞ ፡ በንጻርጻሮት ካብ'ቲ ዝዓጸድዎ ሹምሪ - ጣፍ ዕታሮ ሒዙ ከደ ። ብድሕር'ዚ ፡ ' ጽንሑ ሓዊ ክንክሰልኩም ' እናበለ ከ፡ ዘረባኣ ከይሰምዐ ኣብ'ቲ ኣብ ጥቓኦም ዝርከብ ዝነበረ ኣግራብ ከይዱ ፡ ካብኡ ጨንፈራት ሰባበረ ።

ብድሕር'ዚ ህድኣት'ውን ንሓዊ ዝኾና ዕንጨይቲ ክትኣሪ ከደት እሞ ፡ ምስ ሰብኣያ ሐሕቖፎም ሒዞም ብዝተመልሱ ድማ ፡ ብሓንሳእ ነናትም ኣናኸሱ ።


ርግኣት ፡ እቲ ሓዊ ክሳዕ ዚነድድ ፡ ነቲ እጃማ ፉ ፡ ፆ ጠሓነቶ ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ጕኒጨ ክሳዕ እቲ ሓዊ ዝነክስ ፡ ብዓቕ ጽበት ተጸበየ ።

ዕንጨይቲ ብዘንክሱ ፡ ጕኒጨ ነቲ ጣፍ ሃንኵቶ ። ኪህን



ሎቶ ክሎ ከኣ ርግኣት መቕሎ ኣርሲና ነቲ ዝላዕጠጠቶ ጣፍ ሰንከተቶ ። ብድሕር'ዚ ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ፡ እቲ ቀዳማይ ሀንዙቶኡ ፡ እታ ዳሕረወይቲ ከኣ ቅጫኣ ፡ እቲ ብታህዋኽ እቲኣ ብህድኣት ተጸበዩ ።

ክልቲኦም እናተጸበዩ ከሎዉ ከኣ ርግኣት ነቲ ቅጫ ገምጢላን ኣብሲላን ኣውሪዳ በልዓቶ ። ማይ ሰትያ ከኣ ጕኒጨ ህንዙቶኡ ክሳዕ ዚበልዕ ገዲፋቶ ንዓኢዳ ከደት ።



ጕኒጨ ነቲ ዝሃንኰቶ ጣፍ ሓሙኹሽቲ ኮይኑ ረኺቦ

ጕኒጨ እቲ ሃልሃልታ ክሳዕ ዝጠፍኣሉ ብታህዋኽ ተጸበየ ። እቲ ሓዊ ብዝቀሃመ ከኣ ነቲ ዝሃንኰቶ ጣፍ ክበልዮ ዓሚኹ ኣውጽኦ'ሞ ፡ ኣብ ክንዲ እኽሊ ከኣ ሓሙኹሽቲ ጨብጡ ተረፈ ። ኢዱ ዘርጊሑ ብዝረኣየ ከኣ ፡ " ዋይ ኣነ . . . " እናበለ ክቃዝን ጀመረ ።

ሽዑ ፡ ርግኣት ኣብ ማዕዶ ኮይና ክትዓጽድ ከላ ከዕገርግር ሪኣ የቶ'ሞ ፡ እንታይ ኮን ወሪዱዎ ይኸውን እናበለት ከኣ መጸቶ ።

" ጕኒጨ ፡ እንታይ ኮንካ ኢኻ . . . ? " ኢላ'ውን ሓተተቶ ።
ንሱ ከኣ ፡ " ርግኣት ተላገጽክለይዶ እቲ ምእንቲ ቀዲመኪ ክበልዮ ኢለ ዝሃንኰትኩዎ ጣፍስ እምበር ሓሙኹሽቲ ኮይኑ ተረፉ . . . "

በላ፡ ቀጺሉ ከአ፡ "በሊ! ርግኣት ሓውተይ፡ እቲ እተዛረብክኒ ሓቂ ከም ዝኾነ እንሆ ተረዲኡኒ ኣሎ'ሞ፡ ከምቲ ንኣኺ ዝገበርክዮ ገይርኪ ከተብልዕኒ እልምነኪ ኣሎኹ..." በላ።

ብድሕር'ዚ ርግኣት፡ "ወዮ ደአ ተጋጊኻ ዘይትመሃር ኮንካ'ም በር፡ ካብ ታህዋኽ ዚርከብ ፍረ ከም ዘየሎ ክንደይ ጊዜ ህይወትካ ምሂሩካ ይኸውን። ዝኾነ ኾይኑ፡ ብናይ ሎሚ ተጣዒስካ ድሕሪ ደጊም ሓሲብካን ሃዲእካን ክትከይድ እንደገና እምዕደካ ኣሎኹ" ኢላ፡ እን ደገና ከምቲ ንኣኣ ዝገበረቶ ቅጫ ሰንኪታ ኣብልዓቶ ይበሃል።

# ምዕራፍ 10

## ካብ ኵሉ ዝዓበየ ሃብቲ ዓለም

ሓደ ጊዜ፡ ሓደ ሰብ ንሓደ ሊቅ፡ እቲ ካብ ኵሉ ኣብ ዓለም ዝርከብ ሃብታት ዝዓበየ ሃብትስ ኣየናይ ከም ዝኾነ ኪገልጸሉ ከምዚ ኢሉ ሓተቶ፡

"ሊቅ ሆይ፡ ብዙሕ ዝረኣኹምን ዝፈተንኩምን ስለ ዝኾንኩም፡ እቲ ኣብ ዓለም ኣዝዩ ዝበለጸ ሃብትስ ኣየናይ ምዃኑዶ ክትነግሩኒ ምኽኣልኩም...?" በሎ።

እቲ መስተውዓሊ ሊቅ ከአ፡ በቲ ኽብደትን ዕምቆትን እቲ ዝቐረቦ ሕቶ ቍሩብ ብዝሓሰበ፡ ከምዚ ኢሉ መለሸሉ፡



እቲ ሊቅ ካብ ኵሉ ሃብቲ ዓለም ዝበለጸ፡ ትምህርቲ እዩ ኢሉ መለሰሉ

"ሓታቲ ሆይ፡ እቲ ካብ ኵሉ ኣብ ዓለም ዝርከብ ዝዓበየ ሃብቲ፡ ትምህርቲ ኢዩ። ንሱ፡ ክይከብደካ ሰኸሙ ፈዂስ፡ ክይሰረቐካ ስፍ ራሑ ዘይርከብ፡ ኣብ መንጎ ሰብ ከሎኻ ዘመልክዓካ፡ በይንኻ ክትክ ውን ከሎኻ ዘዛናግዓካ፡ ብወለድኻ ድኻ እንተነበርካ፡ ምስ ዓበይቲ

ዘመዓራርየካ፡ ዝቐንኣልካ ሰብ እንተሎ ከኣ ክወስደልካ ወይ ክሰር ቀካ ዘይክእል ኢዩ። እምበኣር ብዘይ ቃል ዓለም፡ እቲ ካብ ኵሉ ኣብ ዓለም ዝርከብ ዝበለጸ ሃብትስ ትምህርቲ ከም ዝኾነ ክረጋግጸልካ እኽእል...” ኢሉ መለሸሉ።

እቲ ሓታቲ በዚ መልሲ እዚ ስለ ዘይተሓጐሰ ግን፡ ብምግራም እንደገና ከምዚ ዚስዕብ ሓተቶ።

ክቡር ሊቅ፡ “ገንዘብከ ኣበይ ትገድፎ! እቲ ኣነ ኣብ መዋእ ለይ ክርድኦ ዝኸእልኩ፡ እቶም ገንዘብ ዘሎዎም ሰባት ነቶም ምሁ ራት ጸብለል ኢሎም ከካይድዎም ኢዩ...” በሎ።

ወዮ መስተውዓሊ ሊቅ ግን፡ “እዚ ትብሎ ዘሎኻ ብላዕሊ ላዕሊ ክትርእዮ ከሎኻ ሓቂ ይመስል ኢዩ። ግናኸ፡ ኣዕሚቑካ ክትሓስብን ክትምርምርን ከሎኻስ፡ ኣብ ዓለም ካብ በዓል ወርቂ በዓል ትምህርቲ ተሓጒሱ ከም ዚሓድር ኣይትረስዕ። ከመይሲ፡ ሃብቲ ገንዘብ ምስ ሃብቲ ትምህርቲ ኪመዓራረ ኣይክእልን ኢዩ...። ከመይ እንተብልካ፡ ገንዘብ ሸኽሙ ከቢድ፡ ስክፍታኡ ብዙሕ ኣብ ልዕሊ ምኻኑ፡ ኣብ መንጎ ሰብ ክትርከብ ከሎኻ ብዛዕባኡ ክትሓስብ ትሻቐል፡ ብ ይንኻ እንተኾንካ ከኣ፡ ንኣኡ ክትሓስብ (ከተምልኽ) ካልእ ዋኒንካ የረ ስዓካ፡ ንኣብነት ክንደይ ሃብታማት ሰባት ወርቂ ተተርኢሶም እናሓ ደሩ ከሎዉ ታሕንስ ከይረኸቡ ንዓለም ዘሕልፉ ብዙሓት ኣሎዉ። ብቲ ሓደ ወገን ከኣ፡ ድራር ዕለት ዘይብሎም ምሁራት ሰባት፡ ብቲ ካብቶም ፋና ዓለም ዝኾኑ ፍላስፋታት ዝተመሓላለፈሎም ናይ ፍል ጠት ውርሻ እናተኻፈሉ ድኽነቶም ረሲዖም ብፍልጠቶም እናረወዩ ብፍስሃ መዋእሎም ዘሕልፉ ኣሎዉ። ኣነ'ኳ ሓደ ካብዞም ጻሕረዎት ከም ዝኾንኩ ንኽትርድኦ እዚ ትርእዮ ዘሎኻ ቢተይን መደቀስየይን ምዕዛብ ይኣኽለካ።

ከምዚ ዝብለካ ዘሎኹ፡ ብጆካ ትምህርቲ ካልእ ሃብቲ የብለይን እም፡ ነዚ ሃብተይ እዚ ከኣ ካብ ወርቅን ሉልን ኣብሊጸ ከም ዝግምቶ ክናዘዘልካ እደሊ። ከመይ እንተብልካኒ፡ ብጆካ ኣብ በዓቲ ትምህርቲ እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ በዓቲ ወርቅን ሉልን ሰላምን ፍስሃን ከም ዘይር ከብ ኣረጋጊጸ ዝፈልጥ ስለ ዝኾንኩ ኢየ” ቢሉ መለሰሉ።

ንሱ ከኣ ፡ እዚ ዓሚቀ መልሲ ኣብ ውሽጢ ልቡ ኣትዩ ስለ ዘስቈርቈሮ ኣመስጊኑ ተሰናበተ ይብሃል።

SCHOOL OF ORIENTAL & AFRICAN STUDIES ★ LONDON ★